ብሃገራዊ ማሕበር ደቂ- ኣንስትዮ ኤርትራ
ዝዳሎ መጽሄት

ኣብዛ መጽሔትና ዘለኩም ርእይቶ፡ ኣበርክቶ ይኹን ነቐፌታ፡ በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ልኣኹልና፡-

ኣድራሻና
ሃገራዊ ማሕበር ደቀንስትዮ ኤርትራ
ፖ. ሳጹን፡ 239
ተሌ፡ 291-1-111134 - 291-1-118753
ፋክስ፡ 291-1-111140

መርበብ ሓበሬታ ሃማደኤ
E-MAIL - nuew@nuew.org
WEB SITE - www.nuew.org

ኣሰናዳኢት
ፋጥና ዓብዱራሕማን

ምክትል ኣሰናዳኢት
ሜሪ ጸሃየ

ስእሊ
ኣሃዱ ስእሊ ክ/መ/ሓበሬታን ሃማደኤ

ለይኣውት
ኣብረሁት ንጉሰ

ካቨር ዲዛይን
joሲ

ዘርጋሒ መጽሔት
200454/ 07121322
ዞባታት ሃማደኤ

ትሕዝቶ

ልሳን-----.---2

ዜና ማሕበር -----3

ሪፖርታዥ -----4

ቃለ- መሕተት-----6
- “ሰንሰለት ምውርራስ ኣይተበትክን”

ትምህርቲ-----9
- ኣብ ሂወተይ ልዕሊ ኹሉ ዝሰርዖ ትምህርቲ'ዩ!

ጥዕና-----12
- ኣይፋል ንሜክ-ኣፕ!
- ጓል ብሉሕ - ካብ ኣጋር ሓኪም ናብ ሓኪም ስኒ

ቁጠባ-----17
- መኣዛዊ መግቢ፡ ኣብ ህንጸት ኣካላትን ኣእምሮን

ዲያስፖራ-----20
- ወደይ ብኹለንተንኡ ኤርትራዊ ክኸውን'የ ዝደልዮ

ሕግን ሕብረተሰብን-----22
- ዕፎያ ስመርለይ ንመርዓ'ዶ ንምትላል
- መልእኽቲ ካብ ሩት

ማህደር ታሪኽ-----25
- ገድሊ ምእንቲ ምግዳል

ማሕበራዊ ህይወት -----27
- ኒሕ ኣብ ድላይ የብጽሕ!

ስነ-ልቦና-----30
- ቅድመ ምድላዋት ንሓዳር

ስነ-ጥበብ-----32
- ክዳን ኪዳን ሓጺር ልቢ-ወለድ ዛንታ

ሞዛይክ-----35
- ግጥሚ “ኣደ”

ደቂኣንስትዮ ዓለም -----36
- ሌላ ምስ ንግስቲ ስነጥቡብ ህንዲ

ስፖርት-----38
- ጎባልል ብሽክለታ ኣብ 2022

ይብሉ ነበሩ!-----40

- ወይ ድብልቕላቕ ሕብራ፡ ጠፈኡና'ኳ ኣየናይ'ዩ ነውሪ!

ልሳን

ብድሆታት ዝሰሓሎ ሃገራዊ ብቕዓት

ህዝቢ ኤርትራ፡ ኣብ ልዕሊ'ቲ ሃገራዊ ናጽነቱ ንምጉንጻፍ ዘካየዶ ነዊሕ ሓርነታዊ ቃልሲ፡ ኣብ መድረኽ ናጽነት እውን፡ ህላወኡን ሓራ ፖለቲካዊ መስመሩን ኣውሒሱ፡ ራእዩን መብጽዓታቱን ንምዕዋት፡ ሕብረ-ብዙሕ ተጻብኦታት እናሰገረ ከጓዓዝ ተገዲዱ እዩ። ርግጽ'ዩ፡ ጸገም ዘምነዮ የለን፡ ከይደለኻዮ ክመጽእ ከሎ ግን፡ ስጊርካዮ ኣብ ምሕላፍ ዝጥረ ሓይልን ብቕዓትን ኣሎ። ብድሆታት መድረኽ ናጽነት ከኣ፡ ብኣንጻር ትጽቢትን ትምኒትን ተጻባእቲ፡ ንሃገራዊ መንፈስን ጥምረትን፡ ሓይልን ብቕዓትን ህዝቢ ኤርትራ ዝያዳ ኣሰዊድዎ ይርከብ።

በዚ ብድሆታት ዝሰሓሎ ሃገራዊ መንፈስ'ዚ፡ ህዝቢ ኤርትራ፡ ካብ ቅሉዕ ወራር ክሳብ ዝተፈላለየ ውዲታት፡ ምትንኻላትን ዕንቅፋታትን ሰጊሩ፡ ሎሚ ብኹሉ መለከዒታት ኣብ ዝሓሸን ዘተኣማምንን መድረኽ ደይቡ ይርከብ። ብኣንጻሩ፡ ኣሎ ዝበሃል ሓይሊ ተጠቒሞም እልቢ ዘይብሉ ሽርሒን ውዲታትን ኣሊሞም ንህዝቢ ኤርትራ ክንበርከኹ ሓኺኹ ዝበሉ ተጻባእቲ ዝተመነይዎ ውጽኢት ኣይረኸቡን።

ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ታሪኹ፡ ምስናይ ኩሉ መድረኻዊ ተጻብኦታት፡ ጸግዒን ዘራይን ከይደለየ፡ ኣብ ጽኑዕ መስመሩ፡ ብርእሰ ተኣማንነት ምስ መረሸ እዩ። ካብ ነዊሕ ፖለቲካዊ ተሞኩሮኡ፡ ዋሕስ ዓወቱ፡ ብቐንዱ ንቕሓቱን ሃገራዊ ስኒቱ፡ ውዳበኡን ጥምረቱን ምዃኑ ኣረጋጊጹ ይፈልጥ እዩ። ነዚ ጸጋ'ዚ፡ ክስዕር ዝኽእል ምድራዊ ሓይሊ ከምዘየልቦ ድማ ብግብሪን ደጋጊሙን ኣመስኪሩ'ዩ፡ ርሑቕ ከይከድና፡ ኣብዚ ዝሓለፈ ኣስታት ክልተ ዓመት፡ ኣብ ዞባና ዝተኸስተ ኩነታትን ብመንጽሩ ዝተራእየ ሓይልን ብቕዓትን ህዝቢ ኤርትራ ናይ ቀረባ ኣብነት እዩ።

ሓደ ካብ ወሰንቲ ረቛሒታት ዕወት ጉዕዞ ህዝቢ ኤርትራ፡ ሃገራዊ ስኒትን ውህደትን እዩ። ሃገራዊ ስኒትን ውህደትን፡ ዕላማታት ህዝቢን ሃገርን ብኣድማዕነት ንምውቃዕ ዘኽእል ወሳኒ ረቛሒ እዩ። የግዳስ ብቐሊሉ ዝርከብ ጸጋ ኣይኮነን። ምኽንያቱ፡ ሃገር ናይ ምዃን መስርሕ፡ ነዊሕን ዝተሓላለኸን እዩ። ዝበዝሓ ሃገራት ዓለም፡ ብሕልፊ ድማ እተን ብዘገምታዊ መስርሕ ዘይመጻ፡ ብሓይልታት መግዛእቲ ዝቘማ ሃገራት፡ ኣብ ውሽጠን ዝተፈላለዩ ዓሌታውን ቋንቋ መሰረት ዘለዎን፡ ባህላዊን ሃይማኖታዊን ኣቋውማ ዘለወን እየን። እዚ ዓይነት ኣቋውማ'ዚ ንዕማም ህንጸት ሃገርን ሃገራውነትን ክሳብ ክንደይ ከቢድ ከምዝገብሮ ኣብ ዞባናን ኣብ ዝተፈላለየ ከባቢታት ዓለምን ዘሎ ብዙሕ ኣብነታት ዘነጽሮ እዩ።

ናይ ብሓቂ ብቕዕቲ ሃገር ንምህናጽ ዝሕልን ህዝቢን መንግስትን፡ ንዜጋታቱ ብዘይ ኣፈላላይ ወገን፡ ቀቢላ፡ ቋንቋ፡ ሃይማኖት፡ ጾታ፡ ደርቢ ወዘተ. ብስኒትን ሓድሕዳዊ ምክብባርን ከምዝነበባሩ እናገበረ፡ ኣብ ዝለዓለ ደረጃ ውህደት ዝበጽሕሉ፡ መሰረታዊ ዕላማታትን መገዲታትን ምንጻር የድልዮ።

ሃገራዊ ስኒትን ውህደትን ካብ ዝፈጥሩ ረቛሒታት ሓደ ማዕርነት ዜጋታትን ምዕሩይ ሱታፌ ኣብ ሃገራዊ ጉዳያትን እዩ። ኣብዚ መዳይ'ዚ ሕቶ ማዕርነት ናይተን ፍርቂ ሕብረተሰብ ዝኾና ደቀንስትዮ ኣዝዩ ወሳኒ ምዃኑ፡ ጉዕዞን ዓወትን ህዝቢ ኤርትራ ድሙቕ ምስክር እዩ። ናይ ቅድሚ ናጽነት ኮነ ድሕሪ ናጽነት ዘሐብን ቃልሲን ዓወታትን ህዝቢ ኤርትራ፡ ብዘይ ሱታፌን ኣበርክቶን ኤርትራውያን ደቀንስትዮ ክውን ኣይምኾነን። ኤርትራውያን ደቀንስትዮ፡ ኤርትራዊ ሃገራውነት፡ መንነትን ክብርን ንምርግጋጽ ኣብ ዝተኻየደ ብርቱዕ ተጋድሎ፡ ፍናን ተቓላሳይ ህዝቢ ዘዕረገ ተራ ብምጽዋት፡ ታሪኽ ብሓበንን ኩርዓትን እናዘከሮ ዝነብር ድሙቕ ግደ ተጻዊተን፡ ሕጂ'ውን ማዕረ ደቂተባዕትዮ ኣሕዋተን ኣብ ኩሉ መድረኽ ዝጠልቦ ሃገራዊ ጉዳያት፡ ምዕሩይ ተሳትፎአን እናረጋገጻ፡ ንሓይልን ብቕዓትን ህዝቢ ኤርትራ ሓያል ድርዒ ኮይነንኦ ይርከባ።

ጎድኒ ጎድኒ ቃልሲ ንናጽነት፡ ምክልኻል ልኡላውነት፡ ዕማማት ህንጸት ሃገርን ክስጉም ዝጸንሐ ቃልሲ ኤርትራውያን ደቀንስትዮ ንምሉእ ኣግእዞ እምበኣር፡ ኣካል ቃልሲ መላእ ህዝቢ ኮይኑ፡ ድርብ ዕላማታት ማለት ሃገራዊ ጉዳይን ጉዕዞ ምርግጋጽ ጾታዊ ማዕርነትን ብዕዉት መገዲ ኣብ ምስልሳል ብኣርኣያነት ዝጥቀስ ዓወታት ዘመዝገበ እዩ። ከም መቕጸልታ ናይዚ ዘሐብን ታሪኽ፡ ኤርትራውያን ደቀንስትዮ ሎሚ እውን ከም ትማሊ፡ ዕጥቀን ኣትሪረን፡ ኣብ ጎድኒ መላእ ህዝበን ኮይነን፡ መድረኻዊ ብድሆታት መኪተን ብዓወት ንምውጻእ ኣብነታዊ ተራ ይጻወታ ኣለዋ። ክብሪን ምስጋናን፡ ንንቑሕ ሱታፌን ብቕዓትን ኤርትራውያን ደቀንስትዮ!

ዜናታት ማሕበር

ፈጻሚት ቦርድ ሃማደኤ መንፈቓዊ ገምጋም ኣካይዳ

ፈጻሚት ቦርድ ሃማደኤ “መትከላዊ እምነት ኣብ መድረኻዊ ግድነት” ብዝብል ቴማ ብ1ን 2ን ነሓሰ 2022 ኣብ ከተማ ከረን መንፈቓዊ ገምጋም ኣካዪዳ። ኣብቲ ኣኼባ ኣብ ዝሓለፉ ሽዱሽተ ኣዋርሕ ኣብ ምብራኽ ንቕሓት ምምካት ዘይሕጋዊ ተርእዮታት ምሕጋዝ ስድራ ሰማእታት መደባት ክተት ከም መድረኻዊ ግድነት ኣብ ደቀንስትዮ ኣብ ምስራጽን ውዳብ ኣጎሳጉስቲ ሰራሕተኛታት መንግስቲ ኣብ ምሕያልን ዘተኮረ ንጥፈታት ከምእተሰላሰለ ተገሊጹ። ብዘይካ'ዚ ፖለቲካዊ ንቕሓት ደቀንስትዮ ብምብራኽ ኣበርክቶኣን ኣብ ልምዓታዊ መደባትን ቁጠባዊ ዕብየትን ንምዕዛዝ ሞያዊ ስልጠናታት ከምእተወደበ ብሉጽ ክብርታት ንምዕቃብን ንምዅስኳስን ድማ ብውህደት ምስራሕ ኣገዳሲ ከምዝኾነ ተዘትዩ።

ፈጻሚት ቦርድ ሃማደኤ ብልጫታትን ድኻማትን ናይቲ መደባት ብደቂቕ ድሕሪ ምግምጋም ዕድላትን ብድሆታትን ብግቡእ ተለልዩም ናይ ካልኣይ መንፈቕ ንጥፈታት ብኣድማዕነት ንምስልሳል ኣባላት ውዳበታተን ኣደልዲለን ኣበርክቶኣን ከዕዝዛ ጸዊዑ። ፕረዚደንት ሃማደኤ ወይዘሮ ተኽኣ ተ/ሚካኤል ኣብ ዘስምዓቶ መዛዘሚ ቃል ኣብ ውሽጢ ሃገርን ወጻእን ብሃማደኤ ዝሰላሰል ዘሎ መደባት ኣድማዕነቱ እናዛየደ ይመጽእ ከምዘሎ ብምሕባር ማሕበረ ቁጠባዊ ኩነታት ደቀንስትዮ ንምምሕያሽ ዝተወጠነ መደባትን ስልጠናታትን ክቕጽል ምዃኑ ገሊጻ።

ኤርትራ ክፍለ-ዞባዊ ዋዕላ ፈደረሽን ማሕበራት ደቀንስትዮ ኣኣንጊዳ

ኤርትራ፡ ክፍለ-ዞባዊ ዋዕላ ፈደረሽን ማሕበራት ደቀንስትዮ ኣብ ዋኒን “ኮሜሳ” ኣኣንጊዳ። ኣብቲ ብ28 ሓምለ 2022 ንሰለስተ መዓልታት ዝተኻየደ ዋዕላ ዝተሳተፉ ደቀንስትዮ፡ ወከልቲ ሃገራት ኤርትራ፡ ሱዳን፡ ሶማልያን ጅቡቲን ኬንያን፡ ኣብ ዝተፈላለየ ጉዳያት ደቀንስትዮ ዘተኰረ መጽናዕታዊ ወረቓቕት ቀሪቡን ኣብ ቁጠባዊ ርእሰ ምርኮሳ ደቀንስትዮ ሰፊሕ ዘተን ተኻይዱሉን።

ብድሕሪ'ዚ ተሳተፍቲ፡ ዓቕምታት ደቀንስትዮ ክብ ንምባል ኣብ ንኡሳን ዞባታት ድባርዋን ጋላነፍሒን ንዝሰላሰል ዘሎ ልምዓታዊ መደባት ተዓዚበን።

ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ ሕምብርቲ ዲጋ ሽኻ ብተራድኦ ንዝሰላሰል ዘሎ ንረብሓ ደቀንስትዮ ዝዓለመ ዓሳ ናይ ምፍራይ ንጥፈታት፡ ኣብ ሃገራዊ ኢንስቲትዩት ምርምር ሕርሻ ሓልሓለ ንዝካየደ ዘሎ ሕርሻዊ ስራሓትን ከምኡ'ውን ኣብ ትካል መፍረ ጸባ ኣዜብ ዑደት ኣብ ዝገበራሉ፡ ብክኢላታት መብርሂ ተዋሂቡወን።

ንማሕበረ-ሰብ 'ቤት-ትምህርቲ ዋርሳይ ይከኣሎ' ኣስተምህሮ ተወሂቡ

ኣብ ሳዋ ንደቂ ኣንስትዮ ተመሃሮም መምህራንን ቤት-ትምህርቲ ዋርሳይ ይከኣሎ ከምኡ'ውን ንሲቪል ሰራሕተኛታትን ኣለይቲ ተመሃሮን ካብ 7 ክሳብ 9 ጥቅምቲ 2022 ኣስተምህሮ ተዋሂቡ።

እቲ ኣብ ዝተፈላለየ ዓውድታት ብዝነጥፋ ሞያውያን ደቂ-ኣንስትዮ ዝተወሃበ ኣስተምህሮ ኣብ መባእታዊ ኣፍልጦ ሕጊ ሜላታት ምውሓስ ጥዕና ኣገባብ ኣጸናንዓ ብዓቢኡ ድማ ንቕሓትን ተሳትፎን ደቂ-ኣንስትዮ ኣብ ማሕበረ ቁጠባውን ፖለቲካውን ምውዳያት ንምዕዛዝ ዝሕግዝ እዩ።

ኣብ ሃማደኤ ሓላፊት ዞባ ሳዋን ላዕለዎት ትካላት ትምህርትን ወ/ሮ ኣበራሽ ሃብታይ “መንእሰይ ዋሕስ መጻኢት ኤርትራ” ብዝብል ኣርእስቲ ኣብ ዝሃበቶ ሰሚናር ዜጋታት ብሓፈሻ መንእሰያት ከኣ ብፍላይ ንባህጎም እተርዊ ሃገር ናይ ምህናጽ ዕማም ብቕዳምነት ዝስራዕ ምዃኑ ተገንዚቦም ኣብ ውሽጢ ብድሆ ዝርከቡ ዕድላት ብምልላይ ናብ ረብሓኦም ንምቕያር ዓጸፋ ክሰርሑ ተላብያ።

ወ/ሮ ኣበራሽ ተራ ንቑሕ ውዳበ ኣብ ትግባረ ሃገራዊ መደባት ልምዓት ምውሓስ ልኡላውነት ምዕቃብ ሰላምን ምርግጋጽ ጾታዊ ማዕርነትን ድሕሪ ምዝርዛር; መንእሰያት ብሓፈሻ መንእሰያት ደቂ-ኣንስትዮ ድማ ብፍላይ ብስለትን ንቕሓትን ዓጢቕን ራኢኣን ንምስማር ክጽዕራ ኣዘኻኺራ።

ሪፖርታዥ

መርሃዊ ታደሰ

ኣብ ወጻኢ ሃገራት ዝርከባ ኣባላት ሃገራዊ ማሕበር ደቀንስትዮ ኤርትራ፡ ኣብ ውሽጢ ሃገር ዝርከባ ኣሕዋተን ሞያ ዝቐስማሉ ዕድላት ንምፍጣር ኣብ ዝተፈላለየ ከባቢታት ሃገር ማእከላት ስልጠና ክሃንጻ ምጽንሐን ዝፍለጥ እዩ። ብ29 ሓምለ 2022 ዝተመረቐ ማእከል ስልጠና ተሰነይ ሓደ ካብኡ እዩ። ማእከል ሞያዊ ስልጠና ደቀንስትዮ ተሰነይ ኣብ ኣስታት 2500 ትርብዒት ሜትር ተደኲኑ ኣሎ። ንቤት ጽሕፈት ዘገልግል 5 ክፍልታትን ልዕሊ 500 ሰባት ከአንግድ ዝኽእል ዓብዩ ኣዳራሽ ምስ ተሓጋገዝቱ ክፍልታትን ንደቀ ተባዕትዮን ደቀ ኣንስትዮን ዘገልግል 10 ክፍልታት ዘለዎ ዓይኒ ምድርን ዘጠቓለለ እዩ። ነዚ 33 ሚልዮን ናቕፋ ዝወደአ መሰልጠኒ ማእከል ደቀ ኣንስትዮ ተሰነይ ዝሰርሓ ኣባላት ሃማደኤ ጨንፈር ስዊዘርላንድን እየን። ኣብ ዕለተ መረቐታ ተረኺብና ንተሳተፍቲ ኣዘራሪብና ኣለና። ርኢይቶኦን ይስዕብ፡-

ኣብ ዞባ ጋሽ ባርካ ኣብ ድያስፖራ ብዝቕመጣ ኤርትራውያን ደቀንስትዮ ዛጊት ሰለስተ መሰልጠኒ ማእከላት ተሰሪሑ ኣሎ። ኣብ ንኡስ ዞባ ባረንቱ ዝርከብ ማእከል፡ ብኣባላት ጨንፈር ሃማደኤ ኣብ ጀርመን ዝተሰርሐ'ዩ። እዚ ማእከል'ዚ ምሉእ-ብምሉእ ዝተወደአ ኮይኑ ቤት ትምህርቲ ኮምፒዩተር፡ ቤት ትምህርቲ ማእለማ፡ ቤት ትምህርቲ ላኻን ስርሓት ካይላን ዘጠቓለለ'ዩ። እቲ ናይ ማእለማ ክፋል ዛጊት ንሳልሳይ ግዜኡ ደቂ-ኣንስትዮ ኣሰልጢኑ ኣመሪቑ ኣሎ። እቲ ካልኣይ ኣብ ንኡስ ዞባ ሃይኮታ ዝተደኮነ ኮይኑ ብኣባላት ሃማደኤ ጨንፈር ነርወይ ዝተሰርሐ'ዩ። እዚ ህንጻ'ዚ ሽሕ'ኳ ጌና ምሉእ-ብምሉእ ዘይተዛዘመ ዘሎ ህንጻ እንተኾነ ከፊላዊ ስርሑ ግና ዝጀመረ'ዩ። እቲ ሳልሳይ መሰልጠኒ ማእከል ድማ እዚ ሎሚ ዝተመረቐ ማእከል ስልጠና ተሰነይ እዩ። ስለዚ እዘን ኣብ ድያስፖራ ዝርከባ ኣባላትና ኣዝዩ ዝድንቕ ስራሕ'የን ሰሪሐን ንሕና ኸኣ ጸመኣን ብግብሪ ምእንቲ ክርእየኦ ደቀንስትዮና ነሰልጥነሉ ኣለና ንመጸኢ'ውን ብዝሓየለ መዳይ ከነሰልጥነሉ ኢና።

ይሕደጋ ዮሃንስ

ሓላፊት ሃማደኤ ዞባ ጋሽ ባርካ

ኣባላት ሃማደኤ ጨንፈር ስዊዘርላንድ ብዝግባእ ሃኒጸን ኣብ ቀጽሪ ድማ ፈልሲ ተኺለን ኣብ ከተማ ተሰነይ ኣረኪበናና ብዘለዋ ግሩም ዝኾነ መሰልጠኒ ማእከል ደቀንስትዮ ኣዚና ዕጉባት ኢና። ምስጋናና ወሰን የብሉን። በዚ ኣጋጣሚ'ዚ ድማ ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ ብዘይምቁራጽ ብሰንሰለታዊ መንገዲ ደቀ ኣንስትዮ ከነሰልጥነሉ ድልዋት ከም ዘለና ከነረጋግጸለን ንፈቱ። ምኽንያቱ ንሳተን እኳ ሃኒጸን ከርክባና ዘየሸገረን ንዓና ደቀንስትዮና ዝተፋላለየ ሞያ ከነዕጥቕሉ ዘጸግመና ነገር ኣይኮነን።

መኣዛ ማሕራይ

ሓላፊት ሃማደኤ ንኡስ ዞባ ተሰነይ

ካብ ሃገረ ስዊዘርላንድ ነዚ ብኣባላት ሃማደኤ ጨንፈር ስዊዘርላንድ ዝተሃንጸ ኣደናቒ ዝኾነ መሰልጠኒ ማእከል ደቀንስትዮ ተሰነይ ኣብ መረቐታኡ ንምስታፍ'የ መጺአ።

ናይ ብሓቂ ኣነ ከም ውልቀ ሰብ ኣብ ደቀንስትዮ ልዑል እምነት'ዩ ዘለኒ። ደቀንስትዮና ብቐደመን ሰራሕቲ ቅያ'የን። ደቀን ኣዕጢቐን ዓወት ዝተጋናጸፋን ዝጋናጸፋ ዘለዋን'የን። ከምዚ ዓይነት ተኣምር ዝኾነ ህንጻ ሃኒጸን ንኣገልግሎት ድልዉ ብምግባረን ከኣ ናይ ብሓቂ ሞጎስ ይግበአን።

ካብ ኣስመራ ካብ ዝተበገስናሉ እዋን ኣትሒዝና ክሳብ ናብ ኣስመራ ዝተመለስናሉ ብህዝቢ ዞባ ጋሽ ባርካን ዞባ ዓንሰባን ዝተገበረልና ድሙቕ ኣቀባብላ ኣዝዩ ዝነኣድ'ዩ። ኣብ መወዳእታ ክብሎ ዝደሊ ኣብ ስዊዘርላንድ ንርከብ ኣባላት ሃገራውያን ማሕበራት ኤርትራ ኩሉ ግዜ ብሓባር ተዋሃሂድና ኢና ኣብ ኩለን እተን ሃገራውያን ማሕበራትና ንሰርሕ። በዚ ኣጋጣሚ'ዚ፡ ንኣባላት ሃማደኤ ጨንፈር ስዊዘርላንድ እንቋዕ ፍረ ጻማኽን ኣርኣየክን እናበልኩ ከምቲ ልሙድ ኩሉ ግዜ ኣብ ጎንን ምህላውና ከዘኻኽር እደሊ።

ኣቶ ጎይትኦም ወልደገርግስ

ተሳታፊ መረቐታ

ይሕደጋ ዮሃንስ

መኣዛ ማሕራይ



ኣቶ ጎይትኦም ወልደገርግስ

ቅድሚ 13 ዓመት ኣቢለ መሰረት እዚ ህንጻ ንምንባር ምስ ሰለስተ ብጾተይ'የ ካብ ስዊዘርላንድ መጺአ ነይረ። ሕጂ ከምዚ ኢሉ ተዛዚሙ ክንድኡ ዝኣክል ክፍልታትን ኣዳራሻትን ሓቝፉ ንኣገልግሎት ድልው ኮይኑ ብምርኣየይ ኣዝየ ሕብንቲ'የ። ብርግጽ እቲ ህንጻ ተተኺሉ ኣሎ። እቲ ናትና ዕማም ኣብ ውሽጢ እዚ ህንጻ ኮነ ኣብ ካልእ መዳያት ግና ኣብዚ ኣይተዛዘመን። ኩሉና ኣብ ስዊዘርላንድ ንቕመጥ ኤርትራውያን ደቀንስትዮ ንመጻኢ እንታይ ክንምልኣሉ ኣለና ኢልና ኢና ንሓስብ። ንመጻኢ ነሳሲሶ ዘለና ዕማም ናብ ደቅና ብምስግጋር ድማ ዝጎደለ ነገራት እንተሎ ምስ ግዜ ቀስ-

ኤልሳ ኣማኒኤል

ናዝሬት በርሀ

ትርሓስ ተወልደ

ህንጻ መሰልጠኒ ማእከል ደቂ-ኣንስትዮ ንኡስ ዞባ ተሰነይ

ብቐስ እናመላእና ክንከይድ ምዃንና ክገልጽ እፈቱ። ቀንዲ መምጺኢና'ውን ከም ኣባላት ጨንፈር ሃማደኤ ስዊዘርላንድ ኣብ መመረቕታኡ ንፍስታፍ ጥራሕ ዘይኮነስ ዝጎደሎ ነገር ርኢና ሃዳፉቱ ኣለሊና ጎዶሎታቱ ንምሽፍን'ዩ።

ኤልሳ ኣማኒኤል

ኣባል ሃማደኤ ጨንፈር ስዊዘርላንድ

ኣባላት ጨንፈር ሃማደኤ ስዊዘርላንድ ንነዊሕ እዋን ዝጸዓርናሉ መሰልጠኒ ማእከል ደቀንስትዮ ንኡስ ዞባ ተሰነይ ከምዚ'ሉ ብግብሪ ተዛዚሙ ክርእዮ እንከለኹ ፍረ ጻማና ረኺበ'የ ዝብል። እዚ መሰልጠኒ ማእከል ደቀንስትዮ ካብ ትጽቢተይ ወጻኢ ኮይኑ'የ ረኺበዮ። ኣዝዩ ጽቡቕ ህንጻ'ዩ። በዚ ኣጋጣሚ'ዚ ዝብሎ እንተሎ ኸኣ ንሕና ከም ኣባላት ጨንፈር ሃማደኤ ኣብ ስዊዘርላንድ እዚ ጌርና ጥራሕ ኣይኮንናን ስቕ ክንብል ዝተረፈና ብዙሕ ነገር ኣሎ። ተሪፉና ዘሎ መደባት ንኸነማልእ ድማ ብኣጋጣሚ ናይ'ዚ ዕለተ መመረቕታ'ዚ ኩሉና ቃል ኣቲና ኢና።

ናዝሬት በርሀ

ኣባል ሃማደኤ ጨንፈር ስዊዘርላንድ

እዚ ህንጻ'ዚ እምነ መሰረት ዝተነበረሉ እዋን ኣብ ነሓሰ 2009 እዩ ነይሩ። ኣብ'ቲ እዋን'ቲ ሰለስተ ወከልቲ፥ ማለት፡ ኣነ ከም ሓላፊት ጨንፈር ሃማደኤ ኣብ ስዊዘርላንድ ኮይነ ምስ ክልተ ብጾተይ፡ ማለት ምስ ብጻይቲ ኤልሳ ኣማኑኤልን ለተብርሃን ገብረእግዚኣብሄርን ኣብቲ ምንባር እምነ-መሰረት ምስታ ኣብቲ እዋን'ቲ ሓላፊት ምምሕዳርን ፋይናንስን ዝነበረት ኣዜብ ብርሃነን ናይቲ እዋን'ቲ ፕረሲደንት ሃማደኤ ናይ ሕጂ ድማ ሚኒስተር ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ወይዘሮ ልኡል ገብረኣብን ከምኡ'ውን ሓላፊት ሃማደኤ ጨንፈር ተሰነይ ወይዘሮ መኣዛ ማሕራይ ምስ ኩሎም መሳርሕታን ኢና ተሳቲፍና።

እዚ ህንጻ'ዚ፡ ብቐንዱ ኣብ ስዊዘርላንድ ብእንርከብ ኣባላት ሃማደኤ ብዝተፋላለየ መንገዲ ካብ ኣታዊታትና ዝረኸብናዮ ገንዘብ ዝተሰርሐ እዩ። ከም ሃገራውያን መጠን ምስ ሃገራውያን ደቂ ተባዕትዮ ብጾትና እናተሓባበርና ብዝገበርናዮ ጻዕሪ ድማ እዩ ዕዉት ክኸውን ክኢሉ።

ዕላማና ድማ ንኣሽቱ ወለዶ ደቕናን ኣሕዋትናን ናብ ስደት ከየምርሑ፡ ዕቑር ጸጋታት ኣብ ሃገርና ስለ ዘሎ ኣብ ውሽጢ ሃገረን ዝተፋላለየ ሞያ ወኒነን ነብሰን ብቑጠባ ክኢለን ንህዝበንን ሃገረንን ንኸኾና'ዩ።

እዚ ህንጻ'ዚ ኸኣ መውዓሊ ቆልዑት ዘለዎ ህንጻ ብምዃኑ ነተን ብዝተፋላለየ ሞያ ክስልጥና ዝመጻ ኤርትራውያን ደቀንስትዮ ዓብዪ ፍታሕ'ዩ። ንሕና ከም ኣባላት ሃማደኤ ጨንፈር ስዊዘርላንድ ድማ ኣበርክቶና በዚ ሕጂ ሰሪሕናዮ ዘለና ስራሕ ጥራሕ ዝሕጸር ኣይኮነን። ሕጂ'ውን ብዝሓየለ መልክዑ ክንቅጽሎ ምዃንና በዚ ኣጋጣሚ'ዚ ክገልጽ እፈቱ።

ትርሓስ ተወልደ

ሓላፊት ሃማደኤ ጨንፈር ስዊዘርላንድ

ቃለ - መሕተት

"ሰንሰለት ምውርራስ ኣይተበትከን"

ዮሴፍ ሃይለማርያም

ሜጀር ትዕበ ክንድያ

◆ ምስ ኑብሸኺ ኩተላልይና?

ስመይ ትዕበ ክንድያ (ጓል ክንድያ) እየ ዝበሃል። ኣብ ሃገራዊ ማሕበር ደቀንስትዮ ኤርትራ (ሃማደኤ)፡ ሓላፊት ክፍሊ ፖለቲካውን ውድባውን ጉዳያት ኮይነ እሰርሕ ኣለኹ። ኣነ ኣብ ከተማ ምጽዋዕ፡ ኣብ'ዛ ናይ ሎሚ ሆስፒታል ግራር ኣብ 21 ታሕሳስ 1963 እየ ተወሊደ። ክሳብ ሻውዓይ ተማሂረ ናብ ሻሙናይ ምስ ሓለፍኩ፡ ንሻምናይ ክፍሊ ክልተ ወርሒ ጀሚረያ፡ ኣብ ግዜ መጥቃዕቲ ባጽዕ 1977 ምስ ስድራይ ናብ ደጉሊ ወጺአ። ካብኡ ኣብ ደጎሊ ኣይጸናሕኩን፡ ክንጋደል ደለና ኢልና ምስ ሓተትና ሕጂ ናይ ደቂ-ኣንስትዮ ታዕሊም ደው ኢሉ ስለዘሎ'ንግዚኡ ኣብ ሕክምና ውግኣት ኣብ ምእላይ ክትተሓጋገዛ ኢኽን ተባሂልና ናብ ሕክምና ብርጌድ 44 ያንሩስ ከይድና። ምስቶም ኣብኡ ዝጸንሑና ኣባላት፡ ውጉኣት ኣብ ምእላይ ንተሓጋገዝ ነይርና። ምሕራር ከተማታት ጊንዳዕን ደንጎልን ምስ ኰነ ድማ፡ ምስቲ ሕክምና ብርጌድ ናብ ጊንዳዕ ኣቲና። ካብኡ ብዙሕ ኣይደንጎናን፡ ኣብ መጀመርያ 1978፡ ንታዕሊም ናብ ብሌቓት ከይድና፡ ኣብ መበል 11 ዙርያ ፊተውራሪ ተዓሊምና።

◆ ብድሕሪኡ ናበይ ኣቢልኪ?

ታዕሊም ኣብ ዝነበርናሉ ግዜ፡ ዝበዝሓ ከተማታት ሓራ ወጺአን ነይረን። ምስ ብዙሓት ብጾተይ ናብ ግንባር ሰሜን ተመዲብና ከረን ምስ በጻሕና ግን ግንባር መደቡ ቀይሩ ገሌና ኣብኡ ጽንሑ ስለዝተበሃልና፡ ምስ ገለ ብጾተይ ኣብ ከረን ተረፊ። ናብ ግንባር ከይድና ክንዋጋእ ባህጊ ስለዝነበረና ግን፡ ናብ ካልእ ኣሃዱ ምስ ተመደብና ኣዚና ኢና ሓሪቕና። ኣብ ህዝባዊ ግንባር ግን፡ ኣብ ዝደለኽዮ ዘይኮነስ ኣብ ዝተመደብካዮ ስለትሰርሕ፡ ኣረዲእም ኣብ'ቲ ዝተመደብናዮ ከምእንሰርሕ ገይሮም። በዚ ከኣ፡ ኣነ ራብዓይ ርእሰይ ምስ'ቲ ሽዑ ዝቐውም ዝነበረ ክፍሊ ወተሃደራዊ ስለያ ህዝባዊ ግንባር (72) ተመዲበ። ገሊኣም ኤምዳድ፡ ገለ ምልክት፡ ገለ ክፍሊ ህዝቢ ፋሕ ኣቢሎምና። ብድሕሪ'ዚ ኣሃዱ ኣይቀየርኩን ክሳብ መወዳእታ 2014 ድማ ኣብኡ ሰሪሐ። እዚ ማለት፡ ቅድሚ ናጽነት ን13 ዓመት ኣብ ወተሃደራዊ ስለያ ክሰርሕ ከለኹ፡ ድሕሪ ናጽነት ከኣ ን23 ዓመት ኣብ ወኪል ሃገራዊ ድሕነት ሰሪሐ ማለት እዩ። ኣብ መወዳእታ 2014 ኣብ ዝነበረ ሻውዓይ ጉባኤ ሃማደኤ ተቓይረ ከኣ፡ ካብ

መጀመርያ 2015 ኣብ ሃማደኤ፡ ሓላፊት ክፍሊ ፖለቲካውን ውድባውን ጉዳያት ኮይነ እሰርሕ ኣለኹ።

◆ ኣባል ክፍሊ ወተሃደራዊ ስለያ (እንዳ 72) ኮይንካ ምግዳል ከመይ ረኺብክዮ?

ከምቲ ዝበልኩዎ፡ ፈለማ ድሌተይ ክዋጋእ ጥራይ እዩ ነይሩ፡ ሂወት ገድሊ ምስ ውጉኣት ስለዝተላለኽዎ ከምኡ'ውን ክዋጋእ ጥራየ ዝደሊ ኔረ። ዳሕራይ ግን ኑቲ ክሰርሓሉ ዝተመደብክዎ ኣሃዱ ኣዝየ እየ ፈቲየዮ። ስራሕ ዝደሊ፡ ተወፋይነት ዝደሊ፡ ብቕዓት ዝደሊ ኣሃዱ ኰይኑ ድማ ረኺበዮ። ብዙሓት ምሁራት ኣባላት ስለዝነበርዎ ድማ፡ ድሌት ንዘለዎ ሰብ ናይ ብሓቂ ኑብሱ ክዕብየሉን ክጥቀመሉን ዝኽእል ኣሃዱ እዩ ነይሩ። እቶም ዝተሓተ ደረጃ ትምህርቲ ዝነበረና እቶም ሻውዓይን ሻሙናይን ክፍሊ ዝነበርና ኢና። ኣብ ከተማ ከረን ነዊሕ ኣይገበርናን፡ ምዝላቕ ኣርኪቡ ኣፍዓበት፡ ናቕፋ፡ ዓንበርበብ ኢልና ከኣ ኣብ ዓራግ ዓስኪርና። ኣብ'ቲ ወራር ዝግ ዝበለሉ ዝነበረ እዋን ከኣ፡ ከም ኩሉ ኣሃዱታት ህዝባዊ ግንባር ኑብስና ንምምዕባል ቋንቋ ዓረብ፡ ትምህርቲ ቋንቋ እንግሊዝን ቊጽርን ንኪታተል ነይርና። ስለዚ፡ ኑቲ ኣሃዱ ቅድም ድሕሪን ናጽነት፡ ንኽመሃር ዕድል ረኺብሉን ተጠቒመሉን እየ። ምስ'ቲ ዝነበረኒ ክቱር ናይ ትምህርቲ ባህጊ፡ ጽምኣት ትምህርቲ ከርዊ እውን ባይታ ረኺበ እየ።

◆ ካብ ተሞክሮኺ፡ ኣብ ጸጥታ ወይ ስለያ ተመዲቡ ዝሰርሕ ሰብ ክህልዎ ዘለዎ ባህርያት?

ፍሉይ ነገር ኣሎ ኢለ ኣይሓስብንየ። ከምዝመስለኒ፡ ብቐንዱ፡ እቲ ወታሃደር ወይ ተጋዳላይ ምኽኑ ጥራይ ጥንቁቕን ሚስጢራውን ክትከውንዩ ዝጉብረካ። ካብኡ ናብኡ ግን ባህሪ ናይ ስራሕካ ዘማዕብለልካ ኣዚኻ ጥንቁቕ ክትከውንን፡ ዝምልከተካ ጥራይ ክትሰርሕን ኣብ ዘይምልከተካ ጉዳያት ከይትኣቱን ስለዝሕግዘካ፡ ኣብ መስርሕ እናተጸረብካ ተማዕብሎም ባህርያት ኣለዉ ኢለ የ ዝኣምን።

◆ ክንደይ ቈልዑ ኣለውኺ? ስድራቤታዊ ህይወትኪ ከመይ ይመስል?

ኣብ ሜዳ ኣብ 1980 ፡ ምስ ወዲ ኣሃዶይ፡ ማለት ምስ ሓላፊ ወታሃደራዊ ስለያ ግንባር ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል ዝነበረ ተጋዳላይ ኣሕመድ መሓመድ ዓብደል መናን (ወዲ መናን) ዝምድና መስሪተ። ኣብ 1982 ሻድሻይ ወራር ምስ ተዛዘመ ከኣ ኣብ ሓሊበት ብ22 መስከረም 1982 ብወግዒ ህዝባዊ ግንባር ተመርዒና። ኣብ 1984 ድማ፡ ኣቦኣ "ባኑና" ኢሉ ዝሰመያ ጓል ወሊደ። ስማ ባኑና ዝበላ፡ ንባዕሉ ኣብ ግንባር ባኑና ስለዝነበረ እዩ። እንተኾነ፡ ኣብ መወዳእታ 1984፡ ባኑና ጓል 9 ወርሒ ህጻን ከላ ማለትዩ፡ ተሰዊኡ። ባኑና ጓልና፡ ሓደጊ ኣቦኣ ኰይና ብባህልን ስነ-ምግባርን ወሰዲ ኣቦኣ ብጽቡቕ ዓብያ፣ ኣብ 17 ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት ተሳቲፋ 3 ነጥቢ ብምርካብ ኣብ ማይ-ነፍሒ ብ2010 ብቐዳማይ ዲግሪ ብኢንግሊዝ ሊትረቸር ተመሪቓ፡ ከም መምህር ተመዲባ ኣብ ዞባ ዓንሰባ ክትምህር ጸኒሓ፣ ኣብዚ እዋንዚ ተጣይሳ ሂወታ ትመርሕ ኣላ።

ድሕሪ ናጽነት፡ ኣብ ለካቲት 1996 ምስ መሳርሕተይ ሌ/ኮ ወልዳይ ሃይለ ብባህሊ እንዳባ መርዓ ፈጺምና። ወልዳይ ኣብ ዓንበርበብ ከለና ወዲ ኣሃዶይ ዝነበረ ኮይኑ ካብ ክፍሊ ምልክት ናብ ክፍሊ 72 ካብ ዝተቐይሩ ኣባላትና እዩ ነይሩ። ወልዳይ፡ ናይ ኮምፒዩተር በዓል ሞያ ኰይኑ፡ ኣብ ሚኒስትሪ ምክልኻል ሓ/ኢድዮ ቪዥዋል ኮይኑ ክሰርሕ ጸኒሑ። ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ ግና ብምኽንያት ጥዕና ካብ ስራሕ ትኣልዩ እዩ ዘሎ። ስለዚ፡ ካብ ወልዳይ፡ ኣቢል ዝሰመናዮ ሓደ ቈልዓ ወሊደ። ኣቢል ኣብ መበል 27 ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት ተሳቲፉ 3.4 ነጥቢ ብምምጻእ ኣብ ኮሌጅ ማይ ነፍሒ ተጸንቢሩ፣ ኣብ 2019 ብኮምፒዩተር ሳይንስ ብቐዳማይ ዲግሪ ተመሪቑ። ኣብ ስራሕ

ዓለም ተዋፊሩ ኣብ ኮለጅ ማይ-ነፍሒ ግቡኡ ኣብ ምፍጻም ይርከብ ኣሎ። ስለ'ዚ ከም ኣደ፡ ነዞም ዝርካቦም ክልተ ደቀይ ተማሂሮም ክዕውቱን ሃገሮም ከገልግሉን ብምኽኣሎም ዕግበት እስምዓኒ። ሰላምን ቅሳነትን ዘለዋ ምውቕቲ ስድራ-ቤት ስለዘላትኒ ከኣ፡ ምስ ብዓል ቤተይ ብምዃን እቲ ካባና ክወርስዎ ዘለዎም ክብርታት ኣብ ምስግጋር ዝተዓወትና እመስለኒ።


ባኑና ኣሕመድ

ኣቤል ወልዳይ


ሌኮ ወልዳይ ሃይለ

◆ ንተራ ኤርትራዊት ጓለንስተይቲ ኣብ ግዜ ብረታዊ ቃልሲ ብኸመይ ምገለጽክዮ?

ህዝባዊ ግንባር፡ ብዘይ ተሳታፍነት ደቀንስትዮ ሰውራ ኣይምተዓወተን ነይሩ ክብል ገሊጹዎ እዩ። እዚ ሓቀኛ መግለጺን ኣብ ግብሪ ዝተራእየን እዩ። ኣነ ከኣ፡ ንተራ ኤርትራዊት ጓለንስተይቲ፡ ኣብ ብረታዊ ቃልሲ ካብ'ዚ ሓቀኛ መግለጺ እዚ ተበጊሰ እየ ዝገልጾ። ስለዚ፡ ምስ ኩሉ ባህርያዊ ወይ ስነ-ሂወታዊ ጸገማት ጓለንስተይቲ ክርአ ከሎ፡ ኣብ ብረታዊ ቃልሲ ዝተራእየ ተራን ኣበርክቶን ኤርትራዊ ጓለንስተይቲ፡ ንናጽነት ህያው ዝገበረ ትኣምር ጥራይ እየ ክብሎ ዝኽእል። ኤርትራዊት ጓለንስተይቲ እዚ ኩሉ ኒሕን ሓቦን ኣንጸባሪቓ ኣብ ዓለም ውሑድ መወዳድርቲ ጥራይ ዘለዎ ታሪኽን ጅግንነትን ክትሰንድ ዝኽኣለት ግን፡ ሳላ መትከላዊ ኣረኣእያ ህዝባዊ ግንባር ኣብ ማሕበራዊ ፍትሒ፡ ንኽትቃለስ ዝፈጠረላ ጥጡሕ ባይታ ምዃኑ ክዝንጋዕ ዘይብሉ ሓቂ እዩ። ዝተፈጥረላ ባይታን ምትብባዕን ክኣ'ዩ ዓቕማን እጃማን ከተበርክት ኣኽኢሉዋ። እዚ ከኣ፡ ንዓወትን ተሳታፍነትን ደቀንስትዮ ኤርትራ መሰረታዊ ረቛሒ እዩ ነይሩ።

◆ ናጽነት ክብሰር ከሎ ኣበይ ነይርኪ?

ኣብ'ታ ንቓልሲ ዝወጻእኩላን ተወሊደ ዝዓበኹላን ከተማ ባጽዕ እየ ነይረ። ካብ ምሕራር ባጽዕ ክሳብ መፋርቕ 1992 ኣብኡ ጸኒሐ ከኣ ንኣስመራ ተቐይረ። እዝክረኒ፡ ድምጺ ሓፋሽ ኤርትራ፡ "ህዝባዊ ሰራዊት ሓርነት ኤርትራ፡ ንኸተማ ኣስመራ ተቖጻጺሩዋ" ምስ በለት፡ ከም ኩሉ ኤርትራዊ ክቆጻጸሮ ዘይክእል ሓጎስን ንበዓትን ዝተሓዋወሶ ስምዒት እዩ ፈጢሩለይ።

◆ ድሕሪ ናጽነት ትምህርቲ ቀጺልኪዶ?

እወ! ኣብ ባጽዕ ኣብ ዝጸናሕኩለን ዓመትን ፈረቓን፡ ትምህርተይ ቀጺለ። ብምሸታዊ ሻሙናይ ክፍሊ ጀሚረ ድማ፡ ናብ 9ይ ሓሊፈ ኣብ ሓምለ 1992 ኣስመራ ተቐይረ ምስ መጻእኩ፡ ብጾተይ (ደቂ ኣሃዶይ) ናብ 10ይ ክፍሊ ሓሊፎም ጸኒሖሙኒ። ኣነ ከኣ፡ ነተን ዝነበራ ናይ ክረምቲ ዕረፍተይ፡ ጥራዝ ናይ ብጾተይ እናጽናዕኩ ናይ 9ይ ክፍሊ ኣርእስታት ሸፊነየን። ምስ ብጾተይ ከኣ 10ይ ክፍሊ ተመዝጊበ ትምህርተይ ቀጺለ። ኣብ ሂወተይ 9ይ ክፍሊ ኣይፈልጣን እየ። ኣብ 10ይ ክፍሊ ድማ ብልጫ ወሲደ ናብ 11 ክፍሊ ሓሊፈ። ኣብ 1994 ማትሪክ ተሳቲፈ፡ ናብ ዩኒቨርሲቲ ዘሕልፍ ነጥቢ ኣምጺአ። ሽዑ፡ ዘይተጣየሰ ክመሃር ፍቓድ ኣይነበረን። ኣነ ግን ክቱር ድሌት ትምህርቲ ስለዝነበረኒ፡ ንስራሕና ከይሓበርኩን፡ ንዩኒቨርሲቲ'ውን ሰራሕተኛ ምዃነይ ከይሓበርኩን ኣብ ዩኒቨርሲቲ ኣስመራ ትምህርቲ ጀሚረ። ቤት ጽሕፈትና ጥቓ ዩኒቨርሲቲ ስለዝነበረ፡ ጥራዘይ ኣብ ሕቘይ ሓቢአ ናይ ንግሆ ካብ ስራሕ ሞሊቐ ብምኻድ ተማሂረ ንስራሕ እምለስ ነይረ። ናይ ምሸት ከኣ፡ ቀይሕ ባሕሪ እናኸድኩ ናይ 12 ክፍሊ ትምህርተይ ይቕጽል፡ ምኽንያቱ ናይ 2ይ ደረጃ መዛዘሚ ወረቐት ስለዘይብለይ ነታ ናይ ቀይሕ ባሕሪ ምሸታዊ ትምህርቲ ኣየቋረጽክዋን። ስለዚ፡ ንስለስቲኡ እናከናወንኩ ይቕጽል ነይረ። ካልኣት ከምዚ ኸማይ'ውን ነይሮም እዮም። ድሕሪ ክንደይ ግን፡ እናሰራሕና ንመሃር ከምዘለና ዩኒቨርሲቲ ኣስመራ ስለዝፈለጠ፡ ከነቋርጽ ተሓቢሩና፡ ማለት 'ዊዝድሮው' ጌርና ወጺእና። ተማሃሪት 12 ክፍሊ ኰይነ ተሪፈ ማለት እዩ። ንካልኣይ ግዜ ኣብ 1995 ማትሪክ ተሳቲፈ፡ እንደገና ሓሊፈ። የግዳስ፡ ሽዑ'ውን ኣብ ዩኒቨርሲቲ ክንመሃር ስለዘይተፈቕደ፡ ክንጸንሕ ተገዲድና። ብድሕሪ'ዚ ኣብ 1996 ንኣቤል ወድና ሓሪስ ከለኹ፡ ብስራሕ ናይ ሰርቲፊኬት ዕድል ትምህርቲ ምስ መጽኣት፡ ኑቶም ካብ ዩኒቨርስቲ ዘውጽኡና ቀዳምነት ሂቦሙና። ሽዑ ሓላፊየይ ዝነበረ፡ "ብሕጊ ናይ ሰርቲፊኬት ዕድል ትምህርቲ መጺኦ ኣላ፡ ንስኺ ግን ሓራስ ኰይንኪ..." ይብለኒ። ኣነ ድማ፡ "ጸገም ዘበሃል የብለይን፡ ቈልዓይ እናጥበኹ ክመሃር ይኽእል እየ" ኢለዮ። ተፈቒዱለይ ኣብ ዩኒቨርሲቲ ናይ ሰርቲፊኬት ትምህርቲ ጀሚረ። ሽዑ ወደይ ይጠቡ ስለዝነበረ፡ በዓል ቤተይ ብመኪና ገይሩ ኣብታ ናጻ ዘለኹዋ ክፍለ ግዜ ናብ ኣፍ ደገ ዩኒቨርሲቲ ኣስመራ የምጽኣለይ፡ ኣነ ከኣ፡ ኣጥብየ ይህቦ፡ ሒዙዎ ንገዛ ተመሊሱ ንስራሕተኛ ገዲፉላ ንስርሑ ይምለስ። ከምዚ እናበልኩ ናይ ሰርቲፊኬት ትምህርተይ 3.25 ነጥቢ ሒዘ ወዲአየ። ብድሕሪ'ዚ ኣብ 2000 ዓ.ም፡ ናይ ውሽጣዊ ማህደረ ትምህርቲ ዕድል ምስ መጽአ፡ ክንመሃር ተፈቒዱልና፡ ቀዳማይ ዓመት ጀሚረ። ብዓውዲ ሕጊ ከኣ፡ ን5 ዓመት ተማሂረ ኣብ 2005 ብቐዳማይ ዲግሪ ተመሪቐ።

◆ ንምንታይ ሕጊ ከተጽንዒ መሪጽኪ?

ኣቐዲመ ሕጊ ከጽንዕ ናይ ሰርቲፊኬት ዕድል ስለዝረኸብኩ፡ ምስ ሕጊ ጽቡቕ ገይረ ተላልየን ከም ሞያ ክፈትዎን ክኢለ እየ። ዝሓለፈ ስለዝሓገዘኒ ከኣ ተማሃሪት 2ይ ዓመት ከለኹ፡ ምሉእ ነጥቢ (4.00) ኣምጺአ። ነቲ ናይ ዲግሪ ፕሮግራም ድማ፡ ናይ በዓል ቤተይ ጸገማት ጥዕና እናተጻወርኩ ዛዚመዮ። ካብ 2005 ክሳብ ፈለማ 2015 ናብ ሃማደኤ ዝመጽእ ከኣ፡ ኣብ ሃገራዊ ድሕነት ከም ሓላፊት ኣገልግሎት ሕጊ ሰሪሐን ጽቡቕ ተሞኩሮ ከሲበን እየ። ሕጂ'ውን፡ ኣገልግሎት ሕጊ ኣብ ሃማደኤ ኣይገደፈንን፡ ንጥርዓናት ደቀንስትዮ ዝምልከት እሰርሓሉ ኣለኹ።

◆ ሕጂ ኣብ ሃማደኤ እንታይ ኢኺ ትሰርሒ ዘለኺ?

ሓላፊት ክፍሊ ፖለቲካውን ውድባውን ጉዳያት ኰይነ እሰርሕ ኣለኹ። እዚ ክፍሊ እዚ፡ ክልተ ጨናፍር ኣለዎ። ንሳቶም ከኣ፡ ጨንፈር ፖለቲካዊ ጉዳያትን ጨንፈር ውድባዊ ጉዳያትን ይበሃሉ። ዕላማ ጨንፈር ፖለቲካዊ ጉዳያት፡ ኣብ ደቀንስትዮ ፖለቲካዊ ጉስጓስ ምክያድን ኣፍልጦ ሕብረተሰብ ምዕባይን እዩ። ጨንፈር ውድባዊ ጉዳያት ድማ፡ ውዳበታት ደቀንስትዮ ብኹሉ መልክዕ ምሕያል እዩ። ከም እንፈልጦ፡ ውዳበ ሓይሊ እዩ፡ ውዳበ እንተሎ ናይ ምትግባር ዓቕሚ ስለዝህሉ፡ ዕማምና ኣብ ኩሉ ደረጃ ዕድመ ዝርከባ ደቀንስትዮ ውዳበኦን ኣሐይለን ንመሰለንን ንዕብየተንን ክቃላሳ እዩ። ሃማደኤ ድማ ንኹለን ኣብ ውሽጢን ወጻኢን

ዝርከባ ኤርትራውያን ደቀንስትዮ ዝምልከተን ማሕበር ስለዝኾነ፡ ብመንገዲ'ዚ ማሕበር እዚ እየን ፖለቲካዊ፡ ማሕበራዊ፡ ጥዕናዊ፡ ትምህርታዊ፡ ሕጋዊ ወዘተ መሰላተን ዝጣበቓን ዘረጋግጻን። ስለዚ፡ እዚ ማሕበር ንኹለን ብማዕረ ስለዝብጽሖን፡ መሰለንን ተሳታፍነተን ኣዕዚዘን ዓቕመን ከበርክታሉ ይግባእ። ክፍሊ ፖለቲካውን ውድባውን ጉዳያት ዝዓበየ ዕማሙ፡ ንቕሓትን ኣፍልጦን ኣዕቢኻ፡ ኣብ ሕብረተሰብ ከምዘሰርጽ ምግባር እዩ። ምስ መሻርኽቱ ብምኳን ድማ፡ ምስ መድረኽ ዝኸይድ ጽሑፋት እናዳለወ፡ ጉስጓሳዊ ሰሚናራትን ኣስተምህሮታትን እናካየደ ይሰርሓሉን ይጽዕረሉን ኣሎ። ብመንገዲ ጨናፍር ዞባታት ሃማደኤ ክሳብ ጉጅለታት ከም ዝወርድ እናተገብረ ከኣ፡ ደቀንስትዮ ከም ዝመሃራሉን ከም ዝፈልጡኦን ንገብር ኣለና። ከም ውጽኢቱ ፖለቲካዊ ንቕሓትን ሓይሊ ውዳበን ደቀንስትዮ፡ ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናሓየለ ይመጽእ ኣሎ። ዝተርፈና ስለዘሎ ግን ኣበርቲዕካ ምስራሕ ከም ዘድልየና ኣሚኑ፡ ሃማደኤ ብቐጻሊ ዝሰርሓሉ ዘሎ ዕማም እዩ።

◆ ሓንቲ ጓለንስተይቲ መዓስ እያ ኣባል ማሕበር ክትከውን ዘለዋ?

ዝኾነት ኤርትራዊት ጓል ኣንስተይቲ ካብ ጓል 16 ዓመት ንድሓር ኣባል ማሕበር ክትከውን ትኽእል። ብላዕሊ ግን ገደብ ዕድመ የብሉን ክሳብ ብሂወት ዘላን ዓቕማ ዝፈቕዶን ኣባል ማሕበር ኮይና ከተበርክት ትኽእልያ።

◆ክሳብ ሕጂ ክንደይ ኣባላት ማሕበር ኣለዋኽን?

እቲ ኣሃዝ ብዝተፈላለየ ምኽንያትት ምውሳኽን ምጉዳልን ዘለዎ ስለዝኾነ፡ ብቐጻሊ ክለሳን ምርግጋጽን ዘድልዮ እዩ። ብሓፈሻዊ ገምጋም ግን፡ ኣብ ትሕቲ ሃማደኤ ዝተጠርነፉ ክሳብ 350,000 ኣባላት ማሕበር ኣለዋና።

◆ ተራ ደቀንስትዮ ብሓፈሻ ኣብ ልምዓትን መኸተን ከመይ ትገልጽዮ?

ኤርትራዊ ባህሊ እናተወራረሰ እዩ ዝቕጽል ዘሎ። ኣብ ልምዓትን መኸተን እናተሳተፋ፡ ሃገረን ዘልምዓን ዝከላኸላን ዘለዋ ደቀንስትዮ ድማ፡ ብዘደንቕ ዓቕምን ጅግንነትን ኣሰር ናይ'ተን ቀዳሞት ጅጋኑ ተጋደልቲ ደቀ-ኣንስትዮ ወሪሰን ኣለዋ። ኣብ ኩሉ ሃገራዊ ዕማማት ብተወፋይነት እየን ዝሰርሓ ዘለዋ። ጅግንነተንን ተወፋይነተንን ድማ ኣብ'ቶም ዝሓለፉ ወራራት ተራእዩ እዩ። ካብ ጐድኒ ኣሕዋተን ከይተረፉ፡ ቅያን መስተንክርን ፈጺመን እየን። ናይ'ዚ ምውርራስ እዚ ባይታ ፈጢራ ዘላ ድማ ሳዋ እያ። ዕድመ ንሳዋ፡ ሳላ ሳዋ ሰንሰለት ምውርራስ ኤርትራዊት ጓለንስተይቲ ኣይተበትከን። ሳዋ፡ ኣጽርያን ምሂራን ሰብ ገይራን እያ ትሰደካ። ኣወዳቶም ኣዋልዶም በዛ መዓስከር ጅግንነት ስለዝሓልፉ ከኣ፡ ኣብ ኩሉ መዳይ ዕዉታት ኮይናም ይወጽኡ ኣለዉ። እቲ ዘሐብነካን ዘኹርዓካን፡ ብኣንጻር ናይ'ዚ ኩሉ ዝገጥመና ዘሎ መሰናኽልን ብድሆታትን፡ ኣብ መንእሰያት ደቀንስትዮን ደቂ-ተባዕትዮን ተጠርዩ ዘሎ ሃገራውነት፡ ተጻዋርነትን ተወፋይነትን እዩ። እዚ ከኣ፡ ክዕቀብ ዘለዎ ኤርትራዊ ክብሪ እዩ።

◆ ካብ ብስምኪ ዝያዳ ብ"ጓል ክንድያ" ኢኺ ትጽውዒ?

እወ! ብስመይ ዝጽውዓኒ ውሑድ እዩ። እቲ ዝበዝሐ ብጓል ክንድያ እዩ ዝጽውዓንን ዝፈልጠንን። ጓል ክንድያ ማለት ድማ፡ ሳጓ ዘይኮነ ስም ኣቦይ እዩ። ትርጉሙ ክንድያ - 'ክንዲ ኣያ' ማለት እዩ። ኣቦይ ከምዝዕለለና፡

ስሙ ጉብርሂወት እዩ ዝብሃል ነይሩ። እዛ ክንድያ ትብል ስም ግን ወዲ ትሽዓተ ዓመት ምስ ኮነ'ያ ተቐይራትሉ። መቐየሪቱ ምኽንያት፡ ኣደኡ፡ ኣያታተይ ትብሎም ዝነበረት ዓበይቲ ኣሕዋታ ኣኪታቲሎም ምስ ሞቱዋ፡ ብድሕሪኡ ነቦይ ምስ ወለደት፡ 'ክንዲ ኣያታተይ' ኢላ፡ 'ክንድያ' ኢላ ስም ቀይራትሉ።

◆ ተራ በዓል ቤትኪ ኣብ ጉዕዞ ሂወትኪ ከመይ ትገልጽዮ?

ኣብ'ዚ ደረጃን ዓወትን ክበጽሕ ዝኽኣልኩ ሳላ ልዑል ተራ በዓል ቤተይ እዩ። ብፍላይ ኣብ ትምህርቲ ሳላኡ'የ ተዓዊተ። እዚ ከኣ፡ ተመሃሪት ዩኒቨርሲቲ ከለኹ፡ ንክልተ ሰለስተ ዓመት ብብርቱዕ ሓሚመ፡ ተወጺዑ ዝተሓለወሉ ግዜ እዩ ነይሩ። ብሰንኪ'ዚ ዳርጋ ትምህርተይ ከቋርጽ (withdraw) ክገብር ተቓሪበ ነይረ። ንሱ ግን፡ "ኣጆኺ ትምህርቲኺ ከተቋርጺ የብልክን" እናበለ ሞራል ስለዝሃበኒን ዝሓገዘንን፡ ትምህርተይ ወዲኣ። ብፍላይ ኣብ መወዳእታ መጽናዕታዊ ወረቐተይ ክቐርብ መዓልታት ሓጺሩኒ ለይትን ቀትርን ክሰርሕ ከለኹ፡ ቃንዛኡ ተጻዊሩ ኣብ ምጽሓፍ ስለዝሓገዘኒ፡ ወረቐተይ ኣብ መዓልታ ከተርክብ ኪኢላ። ኣብ'ታ ዘዳለኹዋ መጽናዕታዊት ወረቐት፡ ንኣበርክቶኡ ብፍሉይ ኣመስጊነዮ ኣለኹ።

◆ ኣብ መወዳእታ ክትብልዮ ትደልዩ እንተሎ ዕድል ክህበኪ?

ብዙሓት ተጋደልቲ ናይ ትምህርቲ ግዜኦም ኣብ ቃልሲ ሓሊፉ ክነሱ፡ ምስ ኣተዉ ግን ሳላ ዝገበርዎ ውልቃዊ ጻዕርን ሓርኮትኮትን፡ ደረጃ ትምህርቶም ክብ ከብሉ ክኢሎም እዮም። ሕጂ ከኣ፡ ዝኾነ ሰብ ንኽብሱ እናሓገዘ ክኸይድ ኣለዎ እየ ዝብል። ብሂወት ክሳብ ዘለኻ ሞያ ተጥርየሉን ሂወትካ ትመርሓሉን ነገር ከተማዕብል ኣለካ ዝብል እምነት ኣለኒ። ብፍላይ መንእሰያት ደቀንስትዮ፡ ንዝፍጠረለን ናይ ትምህርቲ ዕድል ክጥቀማሉን ርእሰን ክማዕብላን ኣለወን። ኩሉ ሳዕ ካብታ ናይ ትማሊ ህይወተይ እዛ ናይ ሎሚ ክትበልጽ ኣለዋ ኢለን ክሓስባ ኣለወን። ኣብ ማሕበር ተጠርኒፈንውን ብፍልጠት ኑብሰን ከዕጥቓን ማሕበረንውን ከሐይላን እላበወን። ስድራቤት መሰረት ሃገርን ሕብረተሰብን ካብ ኮነት፡ ነታ ሓላፍነት ወሲድና ዝመስረትናያ ስድራቤትና፡ ምንጪ ርቡሓትን ህርኩታትን ዜጋታት ከም እትኸውን ጌርና ክንኣልያን ክንጥንቀቐላን፡ ብፍላይ ነዘን ናኣሽቱ ደቀይን ኣሕዋተይን ኤርትራውያን ደቀንስትዮ ኣጆኽን ኣጆና ክብለን እደሊ።

ትምህርቲ

“ኣብ ህይወተይ ልዕሊ ኹሉ ዝሰርዖ ትምህርቲ እዩ”

ዓንዶም ግርማይ(ወዲ ደረስ)

መም. ታቦቱ ብርሃነ

"መምህር ዝፈትዎ ሞያ እዩ። ንነዊሕ ዓመታት ኣብቲ ሞያ ዝገልገሉ ሰባት ረኺበ ምስኦም ከዕልል ከኣ ባህ'ዩ ዝብለኒ። ንሎሚ ምስ ሓንቲ ኣብ ስርሓን ሞራላን ዕትብቲ ኣዝየ ዘድንቓን ን17 ዓመታት ኣብ ሞያ ምምህርና መምህር ኮይና እትገልግል ዘላ፡ ንፍዕቲ መምህርን ኣደን ከፋልጠካ ምደለኹ፡" በለኒ መምህር ብርሃነ ዝተባህለ ዓርከይ።

"ኣየ ብርሂን፡ 17 ዓመት!" ነዊሕ'ዶ ገይርካዮ? ንልዕሊ ፍርቂ ዘመን ዝመሃራ ኣደታት ኣይትፈልጥን ዲኻ?" በልክዎ ዕጽቕ ብዝበለ ኣዘራርባ።

"እፈልጥ'ባ፡ ኣጸቢቐ እኳ ደኣ! የግዳስ፡ ኣብ ዝሓለፈ ክልተ ዓመት፡ ትምህርቲ ናይ ምቕጻል ዕድል ረኺበ ነይረ። እዛ ዝበለካ ዘለኹ ሰብ ከኣ መማህርተይ'ያ ነይራ። ኣብ ትምህርቲ'የ ዝፈልጣ፡ ቅድሚኡ ኣይፈልጣን'የ ነይረ። ኣብ ርእሲኡ ሰይቲ ስዉእን ኣደ 5 ውሉዳትን'ያ። ኣብ ትምህርቲ መወዳድርቲ ዘይብላ ብልጽቲ'ያ። ነዚ ስለ ዝረኣኹ'የ፡ እዘን ከምዚኣን ዝበላ ንኹሉ ማሕበራዊን ቁጠባዊን ጸቕጢን ከየሳናኸለን ሽግራት ጠሓሒሰን ሓሳብ ልበን ዘስምራ ደቀንስትዮ ውሑዳት'የን። እዛ ዝበለካ ዘለኹ ሰብ ከኣ፡ ኣብነት ካብ'ተን ዕዉታት ሓንቲ'ያ። ከምዚኣን ዝበላ ደቀንስትዮ፡ መምህራን ሕብረተ-ሰብ ክኾና ኢኻ ትብህገን። ነዚ ኣብ ግምት ኣእትየ'የ ዝፈልጦ ሓጺር ዛንታ'ዛ ዝጠቕሰልካ ዘለኹ መምህርን መማህርተይ ከላልየካ ዝብለካ ዘለኹ፡" ክብል'ዩ ብርሂን ዓርከይ ዘረባ ኣስዒቡለይ።

ዘረባ ዓርከይ፡ ጉሲኻዮ ዝሕለፍ ኮይኑ ኣይተራእየንን። ንሓሳባቱ ብእወታ ጠሚተ ተቐቢለዮ። ቍጽሪ ተለፎን ናይታ ሰብ፡ ኣብ ዝሓጸረ ግዜ ከምጽኣለይ ተረዳዲእና ተፈላሊና። ንሱ'ውን ኣይደንጎየን፡ ደዊሉ ቁጽሪ ተሌፎና ሓቢሩኒ። ደዊለ ረኺበያ። ንሕቶይ ብኣኽብሮት ተቐቢላ ክትምልስ ድልውቲ ምዃና ድሕሪ ምርግጋጽ፡ ክንራኸብ ቈጸራ ድሕሪ ምሓዝ - ተራኺብና።

ንሳ፡ ኣብ ዞባ ደቡብ ንኡስ ዞባ ድባርዋ ዓዲ ሎጎ ብ1982 ተወሊዳ። ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ጓል 40 ዓመት ኮይና ኣላ። 17 ዓመት ካብ ዕድመኣ፡ ኣብ ሞያ ስራሕ ምምህርና ኣሕሊፋተን። መምህር ታቦቱ ብርሃነ ንጉሰ።

መምህር ታቦቱ፡ ዕድመኣ ንትምህርቲ ምስ ኣኸለ፡ ምስ ኣብ ኣስመራ እትቕመጥ ዝነበረት ሓትንኣ ኮይና ክትምሃር፡ ካብ ዓዲ ሎጎ፡ ናብ ኣስመራ መጺኣ። ካብ ቀዳማይ ክሳብ 7ይ ክፍሊ፡ ኣብ መባእታን ማእከላይን ደረጃ ቤት ትምህርቲ ፍረ-ሰላም፡ ካልኣይ ደረጃ ኸኣ፡ ኣብ ቤት ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ ባርካ ተኸታቲላ። ኣብ 2000 ዓ.ም ሃገራዊ መልቀቒ ፈተና (ማትሪክ) ተኻፊላ፡ 3 ነጥቢ ኣመዝጊባ ናብ ዩኒቨርስቲ ኣስመራ ተጸንቢራ።

መምህር ታቦቱ፡ ገና ተማሃሪት 10 ክፍሊን ጓል 18 እንከላ፡ ብ1998 ተመርዕያን ሓዳር መስሪታን። ኣብ ዓመት ናይ መርዓኣ ከኣ ሻም ዝሰመየቶ ወዲ ተበኵራ ምስ ቈልዓ ውዒላ። 11 ክፍሊ፡ ተማሃሪት፡ ኣደ ቈልዓን ብዓልቲ ሓዳርን ኮይና ዛዚማታ። ኣብ ትምህርቲ ግድስቲን ንፍዕቲን ምንባራ እትገልጽ መምህር ታቦቱ፡ ካብ ቀዳማይ ክሳብ 10 ክፍሊ ብልጫ ካብ ምዕታር በኹራ ከምዘይትፈልጥ ትገልጽ። ኮይኑ ኸኣ፡ ብዓልቲ ሓዳርን ኣደ ቈልዓን ምዃን፡ ንናይ 11 ክፍሊ ትምህርታ ብኸቢድ ኣይጸለዎን። ከም ውጽኢቱ ኸኣ፡ ንጻዕራ ደገፍ ብዓል ቤታ ተሓዊስዎ፡ ካብ ክፍላ 4ይ ደረጃ ብምውጻእ ዛዚማታ።

መምህር ታቦቱ፡ ኣብ ሃገራዊ መልቀቒ ፈተና ማትሪክ 3 ነጥቢ ኣምጺኣ፡ ናብ ዩኒቨርስቲ ተጸንቢራ። ብዓልቲ ሓዳርን ኣደ ቈልዓን ምስ ምንባራ፡ ኣብ መጀመርታ ቀሩብ ትጽግም ምንባራ ተውግዕ። "ብዓልቲ ሓዳር ኮይንካ ናብራ ኣሎ፡ ኣብ ገዛ ዝውዕል መዓንጣ ዘይቈጸረ ዝጠቡ ቈልዓ ሓደ ዓመት'ዩ ነይሩ። ብኹሉ ኹሉ ሓሳብ ነይሩኒ። ኮንታተትይ እዚ እናኾነ፡ መማህርተይ ብሕልፊ ኣብ ቅንያት ፈተና፡ ብዛዕባ ትምህርቲ ገለ ኣርእስታት ኣልዒለን፡ 'እዚን እቲን' ክብላ እንከለዋ፡ ጸቕጢ ይግበረለይ ነይሩ። ዕላማ እንተሎ ግን፡ ዘይስገር ጸገም የልቦን። ክበጽሓን ክገብሮን'የ ዝበለ ዝወጠኖ ከየተግበረ ኣይዓርፍን'ዩ" ብምባል፡ ንትምህርቲ ክትብል ዘጋጥምዋ ዝነበሩ ብብዓይነቶም ማሕበራዊ መሰናኽላት በዲሃ፡ 4 ዓመት ትምህርቲ ናይ ዲግሪ ፕሮግራም ዛዚማ፡ ብዓውዲ ባዮሎጂ ተመሪቓ።

መምህር ታቦቱ፡ ኣብ 1999 ንሻም ድሕሪ ምብኳራ፡ ትምህርታ ከይትዕንቀፍ ብምሕሳብ፡ ምስ በዓል ቤታ ብምርድዳእ ንዳግማይ ውላድ ኣይተሓወኹን። ስለ ዝኾነ፡ ካብ ዩኒቨርስቲ ተመሪቓ ኣገልግሎት ናይ ዩኒቨርስቲ ክሳብ እትዛዝም ክጽበዩ ከኣ ተረዳዲኦም። ካብ ዩኒቨርስቲ ድሕሪ ምምራቓ፡ እዚ ሎሚ ዓመት ተማሃራይ 9ይ ክፍሊ ዘሎ ወዳ 2006 ተወሊዱ። ብድሕሪኡ ኣኸታቲላ ሰለስተ ኣወዳት ኣስዒባ። ኩሎም ዘርኣ ኣወዳት ኮይኖም፡ ኣብዚ እዋን'ዚ ኣደ 5

ውሉዳት'ያ። ቦኽሪ ወዳ ሻም ከኣ፡ ካብ ኮሌጅ ሕርሻ ሓመልማሎ ብዓውዲ ዕቃበ ኣትክልቲ ብዲፕሎማ ተመሪቑ፡ ኣሰር ወላዲቱ ስዒቡ መምህር ኰይኑ የገልግል ኣሎ።

መምህር ታቦቱ፡ ደቃ ኣወዳት ምስ ምዃኖም፡ ኣብ ገዛ እትሕግዛ ሙብረ ጓል የብላን። ዕዮ ገዛ ኹሉ ባዕላ'ያ እትዓሞ። ብዘይካ'ዚ ኣብ ገዛ ኣቦን ኣደን ኰይና ደቃ ክትናብዮም ካብ ትጅምር 5 ዓመት ሓሊፉ ኣሎ። ብዓል ቤታ፡ መጀር መድሃኔ ፍረ (ወዲ-ፍረ)፡ ናይ 1975 ጉዲም ተጋዳላይ ኰይኑ፡ ንሻምቲ ቦኽሪ ወዶም ጉዲፍካ፡ ዝተረፉ ኵሎም እንጌራ ጥራይ ዝጠልቡ 4 ውሉዳት ገዲፉላ ብሃንደበታዊ ሕማም ቅድሚ 5 ዓመት እዩ ተሰዊኡ። መስዋእቲ ብዓል ቤታ ንመምህር ታቦቱ ከቢድ ተጽዕኖ'ዩ ገዲፍላ። ኰይኑ ከኣ፡ ጾር ምዕባይ ደቃ ኣብ ዝባና ክወድቕ ግድነት ኰነ።

መምህር ታቦቱ ምስ ኩሉ'ዚ ዝጥቀስ ዘሎ ተጽዕኖ፡ ንዕድመኣን ወዝ ትርኢታን ተዓዚብካ፡ ኣደ 5 ውሉዳት'ኳ ኣይትመስልን። ወጅሂ ትርኢታ ናይ ምፍራስ ኰነ ሕሰም ኣይትርእየሉን ኣይተንበበሉን። ቁንጭልጭል እትብል መንእሰይ ኰይና ትረአየካ። እንታይ'ዩ'ቲ ምስጢር ከተብርሃለይ ተወኪሰያ። ብዓል ቤታ ብኹለንትናኡ ንነገራት ብብዙሕ ሸነኻቶም ጠሚቱ ዝርዳእ፡ ፈታዊ ሓዳሩ፡ ሓላዩ ብዓልቲ ቤቱን ፈታዊ ደቁ ኣዝዩ ፈቃርን ርህሩህን ምንባሩ ኣዘንትያትለይ። በዚ ምኽንያት፡እቲ ኣብ መንጎኦም ዝተሃንጸ ተኸባቢርካ ናይ ምንባር ህይወት፡ንእሽቶ ክትመስል ጠቒምዋ ከኸውን ከምዝኽእል ጸውያትለይ።

መምህር ታቦቱ፡ ኣብ ሞያ ምምህርና ልዑል ኣኽብሮት ኣለዋ። ኣብቲ ዓውዲ ንዘለዋ ኣኽብሮት ከኣ፡ "ኣብ ህይወተይ ልዕሊ ኹሉ ዓይነት ንጥፈታት ዝሰርሖ - ትምህርቲ'ዩ!" ብምባል ትገልጾ። ኣበርኪቶ ብዓል ቤታ ኣብ ናይ ትምህርቲ ጉዕዞኣ፡ ገዚፍ ኣስተዋጽኦ ከም ዝነበሮ'ውን ብኸምዚ ዝስዕብ ብምግላጽ ተካፍል።

"ካብ ፈለማኡ ምስ በዓል ቤተይ ብሓባር ክንነብር ድሕሪ ምርድዳእና፡ ጐድኒ-ጐድኒ ሓዳረይ፡ ትምህርተይ ክቕጽል ኢና ተሰማሚዕና። ብመሰረት ስምምዕና ከኣ ቀጺለዮ። 'ብትምህርቲ ክበጽሖ ኣለኒ' ዝብሎ ዝነበርኩ ደረጃ ኣይከሰርክዎን በጺሐዮን ተመሪቐሉን። ኣብ ደረጃ ክበጽሕ ደገፍ በዓል ቤተይ ከምቲ ደጋጊመ ዝገለጽክዎ'ዩ። እዝከረኒ፡ ተማሃሪት 3ይ ዓመት ኣብ ዝነበርኩሉ'ዩ። ብብዝሒ ዝስራሕ ኣሳይንመንቲታት ዕረፍቲ ኣይነበረናን። ገለ ካብቶም ኣሳይመንትና፡ ምእካብ ቅምሶ ብብዓይነቶም ዕንባባታት ኣትክልቲን ሓሳኹን ዘጠቓልል'ዩ ነይሩ። ሽዕኡ ቦታ ስራሕ ብዓል-ቤተይ ኣብ ጋራጅ መንግስቲ ዓሻ ጐልጐል'ዩ

ነይሩ። ኣብኡ ውዒሉ ተፈዲሱ ገዛ ክመጽእ ከሎ፡ ቅምሶ'ዞም ዝተጠቕሱ ነገራት ከይሓዘ ገዛ ክኣቱ ዘበት'ዩ ነይሩ። ብኸምዚ ኣብ ትምህርተይ ብዙሕ ደገፍ'ዩ ገይሩለይ። ንሓልዮቱን ሓገዛቱን ብህይወት ክሳብ ዘለኹ ኣይክርስዖን'የ፡" ክትብል ብኣስተንትኖ ገሊጻትለይ።

"ተራ በዓል-ቤተይ ኣብዚ ተሓጺሩ ብቑንጣሮ ቃላት ተገሊጹ ዝውዳእ ኣይኰነን፡" እትብል መምህር ታቦቱ፡ ተመርዕዮም ሓዳር ድሕሪ ምምስራቶም፡ ተማሃሪት ታቦቱ ትምህርታ ክቕጽል ዝረኣዩ፡ "ጓልን ተማሂራን ኣበይ ክትበጽሕን እንታይ ከተማዕርን'ያ። ትምህርቲ ሓዲጋ ግዳ ሓዳራ ዘይምገበረት፡ ቈልዑ ከኣ ምወሰኸት፡ መድሃኔ እንታይ ኢኻ ተርእየና ዘለኻ...?" ዝብሉ ንሓዳሮም ዝፈታትኑ ዘረባታት ገለ ወገናትን ስድራ-ቤቶምን ነይሮም። ብዓል-ቤታ መጀር መድሃኔ ግን፡ ብዛዕባ'ዚ እዝኒ ኣይነበሮን። "ጓለንስተይቲ ዘይተማህረት ደኣ መን ክመሃር፡ መምህር ሕብረተ-ሰብ ጓለንስተይቲዶ ኣይኰነትን? ትምህርቲ ብዓልቲ ቤተይ ንዓይን ንብሩህ መጻኢ ደቀይን ርስቲ ኰይኑ ክገልግለና፡ ባህ ዝበላ ደረጃ ክሳብ ትበጽሕ ክትመሃር ፈቒደላ'የ" ዝብል መልሲ ይህቦም ምንባሩ ትዝክሮ።

ካልእ መምህር ታቦቱ፡ ዘይትርስዖን ምስዚ ዝጥቀስ ዘሎ ዛዕባ ኣተሓሒዛ እትገልጾን፡ መንፍዓታ ኣብ ትምህርቲ ዝፈልጡ መምህራናን ሞራል ዝህብዋ ዝነበሩ ሰባትን ድሕሪ መርዓኣ ዝበልዎ ትዝክሮ'ያ። "ትሩፍ ድሕሪ ደጊም፡ ታቦቱን ትምህርቲን ድሕሪ ደጊም ኣይክቀባበላን'የን፡ መጻኢ ዕድል'ዛ ቈልዓ፡ በርዒኑ'ዩ፡" ዝብል ዘረባታት ካብ'ቲ ዘይትርስዖ ዝጋዋሕ ዘረባታት ብዙሓት ፈለጥታ'ዩ።

ነገሩ ግን፡ ኩነታታ ከምቲ ፈለጥቲ መምህር ታቦቱ ዝሓሰብዎ ኣይኰነን። "እቲ ከልቢ ይነብሕ፡ ገመል ከኣ፡ ጉዕዞኡ ይቕጽል" ከም ዝበሃል፡ "ታቦቱን ብዓል ቤታን፡ ሰብ ዕላማ'ዮም ነይሮም። ብዛዕባኦም ዝጋዋሕ ዝነበረ ወረ እዝኒ ከይሃቡ፡ መደባቶም ንምትግባር ኣብ ጉዕዞ ነይሮም። ኣብ መወዳእታ ኸኣ፡ ንኹሉ ቤላ-ቤለውን ማሕበራዊ ማሕለኻታትን ፈንጢሶምሽቶኦም ኣብ መዕረፊኡ ኣብጺሖሞ - ተዓዊቶም።

መምህር ታቦቱ፡ ሞያኣን ዝተመረቐትሉ ዓውዲን ምምህርና'ዩ። ስርሓ ድማ ምምሃርና ኰይኑ ክሳብ 17 ዓመት ምሂራ ኣላ። በዚ ምኽንያት፡ ኣብ ቤት ትምህርቲ መምህር፡ ኣብ ገዛ ኣደ፡ ኣቦን መምህር ስነ-ምግባርን ደቃ'ያ። መምህር፡ ኣደን ብዓልቲ ሓዳርን ንሰለስቲኣን ኣጣሚርኪ ብኸመይ ምገለጽክዮን? እዚ ድርብ ዕማማት ኣይከብደክን'ዶ? ንኹሉ ዕለታዊ ዕማማትኪ መዓስ ተረኻኽብሉ?" ንመምህር ታቦቱ ካብ ዘቕረብኩላ ሕቶታት'የን።

"ልክዕ'ዩ! ኣብ ገዛ ብዓል ቤት ምህላውን ዘይምህላውን ሓደ ኣይኮነን። ብዓል ቤት እንተድኣ ኣልዩ፡ ብኡ መጠን ዕማም ምዕባይ ቈልዑ ብሓባር ስለ ትካፈሎ፡ ደሓንዩ። ሓንቲ ሰብ ኲይንካ ንሰለስቲኦም ነገራት ኣብ ሓደ እዋን ኣጣሚርካ ህይወት ክትመርሕ ግን፡ ቀሊል ዕማም ኣይኮነን። መምህር ኰይንካ ኣብ ቤት-ምህርቲ መምህር ኢኻ። መምህር ጥራይ'ውን ኣይኰንካን። ንተማሃሮ ከኖ እተቕስሞ ፍልጠት፡ ብስነ-ምግባርን ማሕበራዊ ክብሪ ሕብረተ-ሰቦምን ተኸስኪሶም ክዓብዩ፡ እጃምካ ክትገብር ኣለካ። ናብ ሕቶኻ ክምለስ።

"መስዋእቲ ብዓል ቤተይ ምስ ደቀይ ብዘይ መጠን ሃሲዩናዩ። ከም ኣደን መምህርን ዝነበርኩ፡ ስልጣን ኣቦነት ደቀይ ተወሲኹዎ፡ ከቢድ ጾር'ዩ:" ድሕሪ ምባል፡ ዕለታዊ ንጥፈታታት ንምስልሳል ብሕልፊ ስራሕ ገዛ፡ እቲ ከይተርፋ፡ እቲ'ውን ከይሓልፋ፡ ድቃስ ከይሃረፈት ምሉእ ለይቲ ገልጠም ከትብል ሓዲራ፡ እኹል ዕረፍቲ ከይበሃገት ንግሆ ከኣ ናብ ቤት ትምህርቲ ከምእትኸይድ ገሊጻትለይ።

ሽግራትን ደቂ-ሰብን መናብርቲን'ዮም። ሽግራት ከየሰነፎም ብዲሆም ዝነብሩ ሰባት ከኣ እቶም ሓያላት'ዮም። መምህር ታቦቱ ብርሃነ፡ ንዘጋጥሞም ማሕበራዊ ሽግራት እናፈትሑ፡ ካብ ዝነብሩ ኣብነታውያን ሰባት ሓንቲ'ያ። "ሽግር እንተድኣ ወሪዱ፡ ከተቃልሎ ክትቃለስ ኣለካ!" ኣብ ዝብል መትከል ብምምእማን ከኣ፡ ብመስዋእቲ፡ "ሓጋዚየይ" እብሎ ብዓል-ቤታ ከይተዳህለት፡ ደቃ ኣማሚቓ ትነብር ዘላ ኣደ'ያ።

ድሕሪ መስዋእቲ ብዓል-ቤታ፡ ዝነበራ ደረጃ ትምህርቲ ንምብራኽ ሃንቀው ምስ በለት'ያ። ንዘረኸበቶ ዕድል ትምህርቲ ይኹን ስልጠና ኣይተባኸናን። ከምውጽኢት ናይ'ዚ፡ ኣብ ዝሓለፈ እዋን ኣብ ኮሌጅ ትምህርቲ ኣስመራ ናይ ሓደ ዓመት ትምህርቲ ድሕረ-ምረቓ ተኻፊላ፡ ኣብ ፈለማ ወርሒ ጥሪ ናይ'ዛ ዓመት ከኣ ብኣዝዩ ልዑል ነጥቢ ማለት ብ3.86 ተመሪቓ ዛዚማ ንምደባ ትጽበ ኣላ።

እዚ ዘርእየና፡ ጻገም ንገለ ሰባት ከምዝብልሖም'ዩ። መምህር ታቦቱ ከኣ ሽግር ዘየሰንፉ ሰብ ምኻና የረጋግጸልና።

ኣብ መወዳእታ ምስ መምህር ታቦቱ፡ ዝነበረኒ ዕላል ቅድሚ ምጥቕላለይ፡ ዝበሃል እንተለዋ ዕድል ንዓኣ ክገድፎ መሪጸ። ተማሃሮኣ ብተደጋጋሚ ካብ ዝብልዋ ሓንቲ ነገር ጠቒሳትለይ። "ኣብቲ ዓውዲ ብዘይ መጠን ልዑል ፍቕሪን ዕጋበትን ከምዘለዋ ገሊጻ ዘይትጽግቦ ..." "መምህር ታቦቱ፡ መምህር ምኻንክን ክሳብ ክንደይ ዕጋበት ይፈጥረልኪ'ን?" ንእትብል እትደጋገም ሕቶ ከተብርሃ ፈቲና። ስለዚ መምህር ታቦቱ፡ ትምህርቲ፡ 'ሀ' ኢለ ካብ ዝጀመረትላ ዕለት፡ ኣብ ህይወታ ነጥበ መቐይሮ ምኻኑ ትገልጽ። ትምህርቲ ብዘይካ'ዚ፡ ዘይበለን ዘይበርስን ሃብቲን እምነ-ኩርናዕ ኩሉ ጽላታት ምዕባለን ብልጽግናን ስለ ዝኾነ ህይወት ሰብ ብዘይ ትምህርቲ ካብ እንስሳ ዘፍልዮ ነገር ከምዘይብሉ ድማ ተረድአ።

***

ቀመም ቈርበት ኮሚደረ...

ኣብ ቈርበት ኮሚደረ ዝርከብ 'ላይኮፐን' ዝተባህለ ቀመም ኣብ ምጉዳል ሕማማት ወቕዒ ልቢን ሕማም ልቢን ከምኡ'ውን ሕማም መንሸሮ ልዑል ተራ ከምዘለዎ ተመራመርቲ ገሊጾም።

እቶም ተመራመርቲ ብሓገዝ ኣብ ኮሚደረ ዝርከብ ቀመም ላይኮፐን እዮም 'ኣተሮና' ዝተባህለ ከኒና ሰሪሖም ዘለዉ። እዚ ከኒና'ዚ ድማ ኣብ ምጉዳል እዞም ዝተጠቕሱ ሕማማት ዘይንዓቕ ኣበርክቶ ከምዝህልዎ ሓቢሮም።

ኣቐዲሙ ብዝተኻየደ መጽናዕቲ፡ ኣብ ቈርበት ኮሚደረ ዝርከብ ቀመም 'ላይኮፐን' መትረባት ደም ኣብ ምኽፋት፡ ብቕዓት ሰራዉር ደም ኣብ ምሕያል፡ ንዝደረቑ መትረባት ደም ኣብ ምልስላስን ዋሕዚ ደም ኣብ ምስሳንን ከምዝጠቅም ተገሊጹ'ዩ።

ብዘይካ'ዚ፡ እቲ ቀመም ኣብ ምፍዋስ ቃንዛ መላግቦታትን ሽኮርያን ከምኡ'ውን ኣብ ካልኦት ነድሪ ዘለዎም ሕማማትን ከምዘገልግል ተሓቢሩ። ብተመሓየሸ ኣገባብ እንተድኣ ቀሪቡ ከኣ፡ ሕማም መንሸሮ ኣብ ምህዳእ ከገልግል ከምዝኽእል ድማ ተፈሊጡ።

ኣብ መወዳእታ እቶም ተመራመርቲ፡ ብፍላይ ብሕማማት ልቢን ወቕዒን ልቢን ዝሳቐዩ ሰባት ብዙሕ ፍሩታትን ኣሕምልትን ምምጋብ ከዘውትሩ መኺሮም።

ምስጋና ሳሚኤል

ጥዕና

ኣይፋል ንሜክ ኣፕ!

ሰምሃር ብርሃነ

ጽባቐ ብዓይኒ ጠማቲኡ ክበሃል መቸም ኩላትና ሰሚዕና ኣለና። እዚ ኣበሃህላ'ዚ ግዳማዊ ክፋል ጽባቐ ዘንጸባርቕ ኮይኑ፡ ጽባቐ ቀዋሚ መለክዒ ከምዘይብሉ'ዩ ዘብርሃልና። ኣብ ሓደ ኣጋጣሚ እዩ፡ 5 ዝኾና መሓዙት ብዛዕባ መልክዐኛ ዝብሃል ወዲ ክገልጻ ዝፈለምኦ ዕላል ዳርጋ ናብ ዲግ ዝበለ ክትዕ ሸሚምወን። ዓውዓው ክብላ ኣቓልቦይ ስለዝሰሓባ ድማ "ኣትን ኣሕዋተይ እዚ'ኮ ዘካትዕ ኣይኮነን፡ ኩላትክን ጽቡቕ ኢኸን ዘለኸን" ብምባል ነዛ ኣብ ላዕሊ ዝጠቐስክዋ ምስላ ወስ ኣበልኩለን። ሕጂ ግን ብዛዕባ ጽባቐ ዘይኮነኩ ብዛዕባ'ዚ "መልክዕ ደኣ ሃበኒ'በር ውሕልነትስ ካብ ጎሮቤተይ" ዝብል ዝነበረ ምስላ ናብ "ውሕልነት ደኣ ሃበኒ'በር መልክዕሲ ካብ ሜክ ኣፕ" ቀይሮሞ ዘሎዉ መጸባበቕቲ ቀመማት'የ ክዛረብ።

ደቂ ሰባት ካብ ቅድሚ 6000 ዓመታት ኣትሒዞም ብዛዕባ ጽባቐ ክግደሱ ከምዝጀመሩ'ዮም ዝተፈላለዩ መጽናዕትታት ዝሕብሩ። ናብዚ ሕጂ ዘለዎ ደረጃ ክበጽሕ ግን ዝተፈላለዩ መድረኻት'ዩ ሓሊፉ። ጥንታውያን ግብጻውያን ኩሕሊ ብምጥቃም'ዮም "ሀ" ኢሎም ንመጸባበቕቲ ቀመማት ፈሊሞሞ። ካብ 20 ክፍለዘመን ንድሓር ግን መመላኽዕቲ ቀመማት መልክዖም እናቐየሩ ብናህሪ ክውንጨፉ ይርኣዩ ኣለዉ። ፍርያቶም ንዓማዊል ንምልላይ ዝጥቀሙሉ ቀንዲ ሜላ ድማ መራኽቢ ብዙሓን ኮይኑ፡ ብዘወናዉን መልክዕ ዝግበር ምውዕዋዕ እዩ። ቦኹሪ ምውዕዋዕ ናይ ሜክ ኣፕ ምዃና ዝንገረላ ፍርያት ኣብ ሓንቲ ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣትሕተም ዝነበርት መጽሄት ዝቐረበት "ኣይቮርይ" ዝስማ ሳሙና'ያ። ኣብቲ እዋን (1888-1920) ዝፈሪ ዝነበረ ዝተፈላለየ ፍርያት መልክዕን ጽርየትን "እንተ ጸሪና ክንጽብቕ ኢና" ብዝኣመሰለ መወዓውዒታት ልቢ ዓማዊል ይሰልብ ነይሩ። እንተኾነ ብዙሕ ክይጸንሐ'ዩ ካብ ምጽራይ (clean up) ናብ ምምልኻዕ (make up) ተቐይሩ።

በዚ ዝጀመሩ ዓበይቲ ናይ ዓለምና ትካላት ሜክ ኣፕ እዮም እምብኣር ኣብዚ ሕጂ ግዜ ንፍርያቶም ብዘወናውን መንገዲ እና ኣወዓውዑ ሳጹን ኣታዊታቶም ዘኻዕብቱ ዘለዉ። እቲ ዘሕዝን ግን ቀንዲ ተጠቀምቲ ፍርያቶም ህዝቢ ኣብ ምምዕባል ዝርከባ ሃገራት ምዃንና እዩ። ምኽንያቱ ዝበዝሓ ሃገራት ምዕራብ ንጥዕና ሰባት ዝሃስዩ መመላኽዒ ቀመማት ኣብ ሃገሮም ከይሸየጡ ብትሪ ስለዝኸልክሉ፡ ትካላት መፍረ ሜካ ኣፕ ፍርያቶም ናብቶም ጌና ንቕሓትና ዘይበረኸ ኣህዛብ ብኽቡር ዋጋ ብምሑፍ ንሳቶም ናብ ዳግመ መልክዕ ምስራሕ (makeover) ዘኽእሎም መጥባሕታዊ ጽገና ኣካላት (plastic surgery) ተሳጋጊሮም ይርከ።

ንምዃኑ ሜክ ኣፕ (መመላኽዕቲ ቀመማት) ዝበሃሉ እንታይ እዮም? ኣብ ከርሶም ዝሕዝዎም ቀመማት'ከ በዓል መን'ዮም? ኣብ ጥዕና ብዛዕባ ዘስዕብዎ ጸገማት'ከ ኣፍልጦ ኣለናዶ? መልሲ ናይ ዝበዝሓና "ኣይፋል" ምዃኑ ኣይጠራጠርን'የ።

ሜክ ኣፕ (መመላኽዒ ቀመም) ዝበሃል ኣብ ቆርበት፡ ጸጉሪ፡ ዓይኒ፡ ከንፈር፡ ስኒ፡ ጽፍሪን ካልኦት ክፋላት ኣካላትን ዝልከ፡ ዝፍሕፋሕ፡ ዝሕጸብ፡ ዝንስነስ ይኹን ብካልእ ዝተፈላለየ ኣገባብ ዝያዳ መልኪዕና ንክንርአ ኢልና ንጥቀመሎም ኣዝዮም ተጋዳእቲ ቀመማት ዝሓዙ ሓደገኛ ስሚታት እዮም። ሜክ ኣፕ ብመልክዕ ሳሙና፡ ሻንቡ፡ ኩሕሊ፡ ማስኬራ ዓይኒ፡ ሊፕስቲክ፡ ኣዝማልቶ፡ ዝተፈላለዩ ክሬማትን ካልኦትን እዩ ዝዳሎ።

ካብዚኦም እቶም ቀንዲ ሓደገኛታት ኣቕያሕቲ ቆርበት ዝኾኑ ቀመማት እዮም። እዞም ቀመማት ነቶም ሕብሪ ቆርበት ዘመንጭዉ መላኒን (Melanin) ዝበሃሉ ዋህዮታት ብምቕታል እዮም ንቆርበትና ዘቕይሖ። ንቕጸላታት ቆርበት ብምዕናው ድማ ነቲ ኣገዳሲ ዕዮ ዝዓምም ኣብ ኣካላትና ዝዓበየ ህዋስ ዝኾነ ቆርበት ካብ ስርሑ ኣሰናኺሎም ግዳይ ዝተፈላለዩ ሕማማት ይገብሩና። ወዮ ክንጽብቕ ዝሓሰብናዮ ብኣንጻሩ ስለዝቕየር ድማ ግዳይ ሕማምን ርእሰ ምትሓትን ንኸዉን። ሜክ-ኣፕ ኣብ ኣካላውን ስነኣእምሮኣውን ጥዕናን ቁጠባን ሕብረሰብን ከቢድ ዕንወት ዘኸትል ብገዛእ ድሌትና እንጥቀመሉ ቀመም እዩ። ኣብ ጥዕናና ካብቶም ቀለልቲ ዝብሃሉ ጸገማት ከም በዓል ሰሓ፡ ማዳ፡ ቁጠዐ ቆርበትን ምቅጻል ቆርበትን ክሳብ ሞት ዘኸትሉ ከበድቲ ሳዕቤናት ከም በዓል ምዝንባል ነዝዕታት፡ ቁጥዐ ሰብነት፡ ምንጻል ጥንሲ፡ መንሸሮን ምስማም ስርዓት መትኒን የኸትል። ተጻዳእቲ ቀመማት ሜክ ኣፕ ቀስ ብቐስ ብመናፈት ቆርበት ተመጺዮም ናብ ዉሽጣዊ ህዋሳት ኣካላትና ብምእታው እዮም ነዞም ዝተጠቕሱ ጥዕናዊ ጸገማት ዘኸትሉ።

ዝበዝሑ ሜክ ኣፕ ንስዉር ቀመማቶም ንምሽፋን ባህራውያን ("Organic," "Natural," and "Herbal.) ብዝብል ሽፋን ንልቢ ዓዳጊ ዘረስርስ ስም'ዩ ዝወሃቦም። እንተኾነ ሙብዛሕትኦም ካብ ሓደገኛ ቀመማት ናጻ ከም ዘይኮኑ'ዮም መጽናዕትታት ዝሕብሩ። ስለዚ በቲ ሒዘሞ ዘለዉ ደጋዊ ስም ከይተታለልና ጸብጻብ ትሕዝቶ ቀመማት (Ingredients list) ብደቂቕ ምዉካስ ትሕዝቶ ከነለሊ ኣዝዩ ሓጋዚ እዩ። ኣብ ገለ መጸባብቕቲ ቀመማት ግን ኣብ ክንዲ ዝውትር ስም ናይቶም ቀመማት ዝጠቕሱ ነቲ ናይ ስነ ቀመም (CHEMICAL name) ኣስማት ትሕዝቶ ይጠቕሱ'ሞ ንክተለልዮም ክኢላታት ስነ ቀመም (chemist) ምዉካስ የድሊ። ካልእ ኣብነት'ዉን ናይ መርኩሪ ዝተባሃለ ዳርጋ ኣብ ኩሎም ንቆርበት ከቕይሑ

ዝዳለዉ ሜክ ኣፕ ዝርከብ ተጓዳኢ ቀመም ንምኽዋል ዝጥቀሙሉ ሜላ እዩ። ናይ ገለ ሜክ ኣፓት፡ ጸብጻብ ትሕዝቶ ቀመማቶም ምስ ንውከስ መርኩሪ ዝብል ስም ኣብ ክንዲ ንረክብ "ዝኾነ ሓጺናዊ ስልማት ከም በዓል ወርቂ ወዲኻ ከለኻ ኣይትጠቐመሉ" ዝብል መጠንቀቕታ ይጸንሓና።

መርኩሪ፡ ሓጺናዊ ባህሪ ዘለዎ ፈሳሲ ስለ ዝኾነ ምስ ሓጺናዊ ስልማት ተጣቢቑ (chemical bond) ስልማትና ከባላሽወልና ስለ ዝኽእል እዮም ኣይግዳዶም ወነንቲ ትካላት መፍረ ሜክ ኣፕ ብዛዕባ መርኩሪ ኣብ ጥዕናና ከስዕቦ ዝኽእል ክሳብ ሞት ዘብጽሕ ምስማም ሓበሬታ ዘይጸሓፉስ ያኢ ምብልሻው ወዲናዮ ዘለና ወርቂ ዓጢጥዎም። ብዝኾነ ወነንቲ ትካላት ሜክ ኣፕ ፍርያቶም ባህርያዊ ኣምሲሎም ኣቓልቦ ተጠቐምቲ ብምዝማት ኣታዊታቶም ከኻዕብቱ ዘይጥቀሙሉ ሜላ የለን እንተተባህለ ምግናን ኣይኮነን። ውድብ ጥዕና ዓለም ኣብ ዝገበሮ ገምጋም ኣብ 2024 ኣታዊ ናይ ትካላት መፍረ ኣቓያሕቲ ቆርበት 31.2 ቢልዮን ክበጽሕ ከም ዝኽእል እዩ ገሚቱ። ወይልና ኣብ ምምዕባል ንርከብ ዘይነቓሕና ህዝቢ!

ካብ ቀመማት ሜክ ኣፕን ሳዕቤናቶምን

1. **ፐትሮላቱም (Petrolatum)፡** እዚ ቀመም'ዚ ኣብ መጸባብቒ ናይ ገጽ ክሬማት ዝርከብ ኮይኑ ሓደ ካብቶም መንሽሮ ከስዕቡ ዝኽእሉ ቀመማት እዩ።

2. **ሃይድሮኩኒዮን (Hydroquinone)፡** ኣብ መብርሂ ገጽ ተባሂሉ ዝስራሕ መጸባብቒ ይርከብ። ንገጽ ሕብሪ ዝህቡ ዋሕዮታት ብምቕታል ሕብሪ ገጽ ይድዉን።

3፡ **መርኩሪ (mercury)፡** ንገጽ ኣብ ዘብርሁ ክረማትን ሳሙናን ኣብ ማስከራታትን ዝርከብ ኮይኑ ናይ ኩሊት ጸገማት የስዕብ።

4. **ሊድ (Lead)፡** ኣብ ሊብስቲክን ኩሕልን ዝርከብ ኮይኑ ቀስ ብቐስ ምስማም ስርዓተ መትኒ ከስዕብ ይኽእል። ኣብ ዘይተወልደ ዕሸል ድማ ጸገማት ምምዕባል ሓንጎልን ምስማምን የስዕብ።

5. **ሲላክሶን (silaxone)፡** ኣብ ዲዶራንት፡ ናይ ጸጉሪ መመላኽዒ ዝርከብ ኮይኑ ንነዝዕታት ስርዓተ መፍረ የመዛብልን ንፍርያምነት ብኣሉታ ይጸሉን።

6. **ፎርማልድሃይድ (Formaldehyde)፡** ኣብ ናይ ጽፍሪ ቀለም (ኣዝማልቶ)፡ ናይ ጸጉሪ ሕብሪን ናይ ዓይኒ ሕብሪን ዝርከብ ኮይኑ፡ ምምራዝ ስርዓተ ምክልኻል፡ ቁጥዐ ስርዓተ ምስትንፋስ ከምኡ'ዉን መንሽሮ የስዕብ።

7. **ፍረይግረንስ (perfum fragrance)፡** ኣብ ጨና፡ ዲዶራንትን ናይ ቆርበት ክረማትን ዝርከብ ቀመም ኮይኑ ቁጥዐ ኣካላት፡ ብርቱዕ ሕማም ርእሲ ከምኡ'ዉን ሕማም ኣዝማ ከስዕብ ይኽእል።

8. **ድኢአ (Cocamide DEA and Lauramide DEA)፡** ኣብ ሻምቦ፡ መጽረዪ ቆርበት ክረምን ሳሙናን ዝርከብ ቀመም ኮይኑ መንሽሮ ናይ ጸላም ከብዲ፡ ቆርበትን ታይሮይድን የስዕብ።

9. **ዲቢፒ (Dibutyl Phthalate)፡** ኣብ ቀለም ናይ ጽፍሪ ዝርከብ ሓደገኛ ቀመም እዩ። ዕንወት ናይ ጸላም ከብድን ኩሊትን ዘስዕብ ኮይኑ ኣብ ዘይተወልደ ዕሸል ድማ ናይ ዕብየትን መኻንነትን ጸገም ከስዕብ ይኽእል።

10. **ከውል ዳይ (Coal Tar Dyes)፡** ኣብ ብዙሓት ናይ ጸጉሪ ሕብሪ ዝርከብ ሕዉስዋስ ናይ ዝተፈላለዩ ቀመማት ኮይኑ መንሽሮ የስዕብ።

11. **ፓራፐንስ (Parabens)፡** ዝተፈላለዩ መመላኽዒ ንኸይበላሸዉ ዝሕግዝ ቀመም ኮይኑ ብኣንጻሩ ኣብ ኣካላትና ከቢድ ሳዕቤን የኸትል። ንስርዓተ መፍረ ዘዕኑ ኣብ ርእሲ ምዃኑ ምስማም ስርዓተ መትንን መንሽሮን እዉን የከትል።

12. **ቪታሚን ሲ (Vitamine c)፡** ኣብ ቆርበት ዝፍጠር ዘይተደልየ ሕብሪ ንምእላይ ተባሂሉ ዝዳሎ ቀመም እዩ። እዚ ቀመም ዋላ'ኳ ባህርያዊ ይምሰል ደኣ'ምበር ኣብ 2020 ብዝተገብረ መጽናዕቲ ካብ 20% እንተበዚሑ ካብ ጥቕሙ ጉድኣቱ ከም ይበዝሕ። ቁጥዐ ቆርበት ድማ ሓደ ካብቲ ዘኸትሎ ሳዕቤን እዩ።

13. **ረቲኖል (Retinol)፡** ዝተጎድአ ቆርበት ናብ ንቡር ንምምላስን ዘይተደልየ ሕብሪ ንምእላይን'ዩ ዝዳሎ። እዚ'ዉን እንተኾነ ዘይጓዳእ ይመስል ደኣምበር ምቅርራፍን ምንቃጽን ቆርበት ዘስዕብ ኣብ ርእሲ ምዃኑ ኣብ ነብሰ ጾርን ተጥብው ኣደን'ዉን ሳዕቤን የኸትል'ዩ።

እቲ ኣዝዩ ዘሸፍእ፡ ብዛዕባ ንጥቀመሉ ሜክ ኣፕ ዝኾነ ኣፍልጦ ዘይብልና ምዃኑ እዩ። ዝኾነ መድሃኒት ክንወስድ ከለና ብሰብ ሞያ ጥዕና ዝወሃበና መምርሒ ተኸቲልና ኢና ንወስዶ። ሜክ ኣፕ ግን መዓስ ንወስዶ፡ ክንደይ ዓቐን ይውሰድ፡ ኣብ መዓልቲ ክንደይ ግዜ ይውሰድ፡ ንኽንደይ ንውሓት ግዜ ይውሰድ፡ ምስ ንምገቦ መግቢ እንታይ ምትእስሳር ኣለዎ፡ ሙቐት ወይ ዛሕሊ ብኸመይ ይጸልዎ፡ ንነፍሰ ጾር ወይ ንተጥብው ኣደ'ኸ እንታይ ሳዕቤን የኸትለላ፡ ምናልባት ንወስዶ መድሃኒት እንተሃልዩ'ኸ ምትሕሓዝ ኣለዎ'ዶ፡ ናይቲ ቀመም ቁጥዐ እንተ ሃለወና'ኸ.... ወዘተ ክምለሱ ዝግብኦም ሕቶታት ኣዝዮም ብዙሓት እዮም። ዝኾነ/ት ተጠቃሚ/ት ሜክ ኣፕ ግን ነዞም ሕቶታት ዘስተብህልሎም ኣይመስለንን። ምኽንያቱ ኣብ ሃገርና ዝሸየጡ ዓይነታት ሜክ ኣፕ ብዛዕብኦም ሓቤሬታ ዝህብ መሰነይታ ወረቐት (leaflet) የብሎምን። እሞ ተጠቐምቲ ሜክ ኣብ ደኣ ሓበሬታ ካበይ ይረኽቡ እንተ ኢልና እቲ መልሲ ፍሉጥ እዩ። “እዚኣ ንእከሊት መሓዛይ ብጫ ቀይራታ፡ ንእከለ ከኣ'ሞ ልምጽምጽ'ያ ኣቢላታ፡ እዚኣ እቲ በዓል ድኳን ጽብቕቲ'ያ ኢሉ ሓቢሩኒ” .... ወዘተ ዝብሉ እዮም እቶም መልሲታት። ዘገርም'ዩ! እዚ ዝለዓለ ደረጃ ትምህርቲ ኮስመቶሎጅይ (ብዛዕባ መጻባበቕቲ ቀመማት ዘጽንዕ ዓውዲ) ሰጊርካ ዝርከብ ሞያ ኮስመቶሎጂስት (cosmetologist) ዝሓትት ኣፍልጦ መጻባበቕቲ ቀመማት ዋዛ ኮይኑስ ብኩስቶ መሓዛይ፡ እቲ ዓሚለይ ወዘተ። ዝብል መተዓሻሸዊ ሓበሬታ ነብስና ናብ ሃጽ ዝበለ ገደል ንስንድዋ ኣለና። እሞ ኣሓትን ኣሕዋትን እቲ መፍትሕ ኣብ ኢድና'ዩ ዘሎ። ኣይፋል ንሜክ ኣፕ (ንመጻባበቒ ቀመማት) ብምባል ኣብ ባህርያዊ ጽባቐና ንጽናዕ። ዝተመጣጠነ መግቢ ብምምጋብ፡ ብዙሕ ማይ ብምስታይ ብዝከኣለና ካብ ጨረራ ጸሓይ ብምክልኻል ሕብሪ ቆርበትና ከነብርሆ ንኽእል ኢና። እንተኾነ ግን ቀይሕ ጥራይ'ዩ ጽቡቕ ምባል ኣወጊድና ብኣፍሪቃዊ ሕብሪ ቆርበትና ክንኮርዕ ይግበኣና።

ወደሓንኩም!

ጓል ብሉሕ - ካብ ኣጋር ሓኪም ናብ ሓኪም ሰኒ

ራሄል በርሀ

" ዝብኢ ኣብ መንጎ ኣጣል ኣይሓድርን'ዩ!" "ሓውን ሓሰርን ኣይሳነን'ዩ!" ዝብሉ ኣበሃህላታት እቲ ዝዓበየትሉ ከባቢ፡ ከም ኩለን ደቀንስትዮ ብሄረ ትግረ ንመርየም ዓብደላ ዑስማን- ጓል ብሉሕ'ውን ብኣሉታ ጸልዮማ'ዮም። እቶም ኣበሃህላታት መልእኽቶም ንጹርን ዘየወላውልን'ዩ። "ጓል ኣንስተይቲ ካብ ገዝኣ እንተድኣ ወጺኣ ምስ ወዲ ተባዕታይ ናይ ምርኻብ ዕድላ ርሒብ ስለዝኾነ፡ ክትድፈርን ክብረታ ክትቅንጠጥን ትኽእል'ያ" ዝብል'ዩ። እዚ ኣብ መስፍናዊ ባህሊ ዝተነድቀ ድሑር ኣተሓሳስባ ድማ'ዩ፡ ክሳብ'ቲ ናብ ገድሊ ዝተሰለፈትሉ ወርሒ ሰነ 1976 ናይ ኣካዳሚያዊ ትምህርቲ ዕድል ክትረክብ ዘይከኣለት። ኣብ መሳርዕ ህዝባዊ ግንባር ድሕሪ ምስላፉ'ምበኣር'ያ ናይ ድንቁርና መጋረጃ ቀንጢጣ መሃይምነት ከተጥፍእ ዝኸኣለት።

መርየም- ጓል ብሉሕ፡ ብሕርሻን ሸቐጥን መነባብሮኦም ካብ ዝመርሑ ስድራ-ቤት ዓብደላ ዑስማን ዓብደላን ዔሻ ሱሌማን ኣሕመድን ብ1962'ያ ኣብ ኢራፋይለ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ተወሊዳ። ኣብ ትሕቲ ሓልዮት ወለዳ ከኣ ኣብ ፎሮን ዞላን ዓብያ።

ነቶም ኣሐንቂቕም ዘዕበይዋ ወለዳ ገዲፋ ናብ ቃልሲ ንናጽነትን ሓርነትን ክትጽበር ከላ፡ ልክዕ ጓል 14 ዓመት'ያ ነይራ። ከም ዕድመ ኣዝያ ንእሽቶ'ኳ እንተነበረት፡ ናይ ቃልሲ ስምዒታን መንፈሳን ግን ኪንዮ ዕድመኣ ዝኸይድ'ዩ ነይሩ። ቅድሚኣ ዝተሰለፈ ዑስማን ብሉሕ ዝተባህለ ሓዋ፡ ናይ ምግዳል ድሌታ ንኸተሐይል ተራ'ኳ እንተነበሮ፡ ቁምጣ ስረ ዝለበሳን ካላሽን ዝተሓንገጣን ጎታናት ደቀንስትዮኣባላት ጀማሂር ማለት ክፍሊ ህዝቢ፡ ንመጀመርያ ግዜ ምስ ተዓዘበት፡ ዓይና ዝረኣዮ ምእማን ሰኣነት። " ኣዋልድ ድየን ኣወዳት!" ተገሪማ ንኑብሳ ሓተተት። ደቀንስትዮም'ኳነን ብድምጸን ድሕሪ ምርግጋጻ ኣዝያ ተደነቐት። ንዐአን ክትመስል ከኣ ኣመና በሃገት። ኣብ ከምዚ ህሞት ድማ'ያ፡ ነታ ሓንቲቓ ዝዓበየትላ ማሙቕ ስድራ-ቤት ሕቘኣ ሂባ ኣብ ሰለሙና እግራ ዘንበረት።

ኣብ እዋን ሓርነታዊ ቃልሲ፡ ሰለሙና ካብ ኩሉ ኩርናዓት ናይ ኤርትራ ዝተሰለፉ ሓደስቲ ተጋደልቲ፡ ናብ ሳሕል ንምብጋስ ዝተኣኻኸቡላ ማእከል ብምንባራ፡ ዳርጋ ብኣኣ ዘይሓለፈን ኣየራ ዘይስተንፈሰን የለን ክበሃል ይከኣል'ዩ።

መርየም ምስ ከምኣ ዝኣመሰላ ካብ ዝተፈላለዩ ብሄራትን ከባቢታትን፡ ከተማታትን ገጠራትን ዝመጽኣ ብጾታ ኣብ ሰለሙና ክልተ ኣዋርሕ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ናብ መደበር ታዕሊም ብሊቓት ወረደት። ብሊቓት ደቂ ኣንስትዮን ብዕድመ ንኣሽቱ ዝኾኑ ደቂ ተባዕትዮ፡ ፖለቲካውን ወትሃደራውን ትምህርቲ ዝቐስሙሉ ዝነበሩ መደበር ታዕሊም'ዩ። ስለዝኾነ ድማ'ዮም፡ ዓበይቲ ደቂ ተባዕትዮ ብፍሉይነት ኣብ መደበር ታዕሊም ማህሚሙት ዝሰልጥኑ ነይሮም። ክልቲኣን መደበራት ታዕሊም ዋላ'ኳ ብጾታን ዕድመን ተዓለምቲ ዝፈላለያ እንተነበራ፡ ዓላማኣን ግን ሓደን ንጽሩን'ዩ ነይሩ። "ንሸኻ ጽናሕ ኣነ ክስዋእ!" ዝብሉ ውፉያትን ተብዓትን ተጋደልቲ ምፍሳስ።

መደበር ታዕሊም፡ ወትሃደራውን ፖለትካውን ትምህርቲ ትቕስመሉ ቦታ ጥራይ ኣይኮነን። ብኣርባዕተ ማእዝናት ምስ ዝመጽኡ ብሄራት ትላለየሉ፡ ናይታ ኣብ ካርታ ጥራይ ትፈልጣ ሃገርካ ንጹር ስእሊ ትርእየሉ፡ ከም ሓንቲ ስድራ-ቤት ኣብ ሓንቲ ቁራዕ ትበስለሉ...ወዘተ.'ዩ መደበር ታዕሊም። መርየም ድማ ነዚ ወርቃዊ ዕድላት'ዚ እናስተማቐረት፡ ኣብ ብሊቓት ኣስታት ሓደ ዓመት ድሕሪ ምጽናሕ፡ ናብ ተዋጋኢ ሰራዊት ብምምዳብ ኣብ ብርጌድ 23፡ ቦጦሎኒ 1፡ 2ይ

ሓይሊ፡ 2ይ ጋንታ፡ 2ይ መስርዕ ተመደበት።

እቲ እዋን ህዝባዊ ግንባር "ሰብን መሬትን ሓራ ምውጻእ" ብዝብል ወትሃደራዊ ስትራተጂ ንሙብዛሕትኣን ከተማታት ኤርትራ ሓራ ኣውጺኡ ንርእሰ ከተማ ኣስመራ ኣብ ትሕቲ ፍጹም ከበባ ኣእትይሉ ዝነበረ ዓመት'ዩ - ዓመተ 1977። ህዝባዊ ግንባር መግዛእታዊ ስርዓት ከኸትም፡ ስርዓት ደርግ ድማ መግዛእታዊ ስርዓቱ ክውሕስ፡ ሓያል ጥምጥም ይካየደሉ ኣብ ዝነበረ ኩነታት ድማ'ያ መርየም ንመጀመርያ ግዜ ኣብ ዝተሳተፈቶ ውግእ ሰላዕ-ዳዕሮ የማናይ ኢዳ ዝተወግአት።

ብርጌድ 23 ካብ ከበሳ ናብ ሰምሃር ድሕሪ ምውራዳ'ውን፡ መውጋእቲ ኣይተጋደፋን። ኣብ ከባቢ ደጎሊ ኣብ ዝተኻየደ ውግእ፡ የማናይ እግራ ተሃርመት። ቁስላ ኣሕውያ ድማ ናብ ኣሃዱኣ ተመልሰት። ምስጢር ዓወታት ህዝባዊ ግንባር'ምበኣር ኣብዚ'ዩ ነይሩ። ትዋጋእ - ትውጋእ - ትሕከም - ክሳብ ብኽብሪ ትስዋእ።

1978፡ ዓመት ስትራተጂካዊ ምዝላቕ'ያ ነይራ። "ኣብ ካራማራ(ሶማልያ) ዝጨበጥናዮ ዓወታት፡ ኣብ ሰሜን (ኤርትራ) ክንደግሞ'ና"

ብዝብል ጃህራን ፈኸራን ፡ ሽሾ ሰራዊት ምስ ዘመናዊ ኣጽዋራት ኣኽቲቱ ንዝተሃንደደ ጸላኢ፡ ኣብ ዘዝጥዕም ቦታ እንዳደምሰሰካ ምድኻም ዝተሓርየ ወትሃደራዊ ስትራተጂ። መርየምምበኣር፡ ኣብዚ ግዜ'ዚ'ያ ኣብ መበል 10ይ ዙርያ ንኽትሳተፍ ናብ ቤት ትምህርቲ ካድር ተላኢኻ። ኣብ ናይ ክልተ ዓመት ገድላዊ ተሞክሮኣ ካድር ክትበፅቕ ምኽኣላ ከኣ፡ ኣዝያ ብስልትን ኣብነታዊትን ተጋዳሊት ምንባራ፡ ከም ኮኾብ ወጋሕታ ኣነጺሩ ዘርኢ'ዩ።

ስርዓት ደርግ፡ ንስትራተጂካዊ ምዝላቕ ውጽኢት ድኻምን ስዕረትን ህዝባዊ ግንባር ገይሩ ስለዝቖጸሮ፡ ሓንሳብን ንሓዋሩን ናይ ምድምሳስ ሕልሙ ከተግብር፡ ወትሃደራዊ መጥቃዕቲታቱ ዕረፍቲ ኣይነበሮን። ሓደ ካብኡ ከኣ ብማዕሚደ ዝገበሮ ወፈራ'ዩ። መርየም ካብ ቤት ትምህርቲ ካድር ናይ ኣሃዱኣ ድሕሪ ምምላሳ ዝተሳተፈቶ ውግእ ድማዩ።

ግንባር ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕልን ግንባር ናቕፋን፡ መጥቃዕቲታት ጸላኢ ብምምካን ሓራ ቦታታት (ደጀን) ንምውሓስ ዝተመስረቱ ግንባራት'ዮም። መርየም ሓንሳእ ኣባል ብርጌድ 23፡ ኣብ ካልእ እዋን ድማ ኣባል ብርጌድ 70

ብምዃን ኣብ ጎድኒ ብጾታ ብምዃን ምስ ጸላኢ ዝተረባረበትሉ ም ጽኑዓት ዕርድታት'ዮም። ከም መቐጸልታ ናይ'ቲ ዝሓለፈ መውጋእታ ምዕጉርታ ክትውጋእ ዝኸኣለት ድማ ኣብ ምድምሳስ ውቃው እዝ - ብ 1984 ኣብ ግንባር ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል'ዩ። ደርማስ ዓወታት ዝተሓፍሰሉ ውግእ ብምንባሩ ከኣ ቡቲ ገና በሰላኡ ዘይጠፍአ መውጋእታ ኣዝያ ሕብንቲያ።

እቲ ካልእ ተመኩሮ ገድሊ መርየም፡ መሰረት ናይ'ዚ ሕጂ ተዋፊራትሉ ዘላ ሞያ ሕክምና ስኒ (Dental) ዝኾነ ኣጋር ሓኪም'ዩ። ካብ ምድምሳስ ውቃው እዝ ክሳብ እዋን ናጽነት ከኣ ሞያኡ ንሱ'ዩ ነይሩ።

መርየም ከም ኩሎም ኣጋር ሓካይም ብጾታ፡ ናውቲ ሕክምና ዝመልአ ሳንጣ ተሓንጊጣ፡ ብጠያይት ብሬን ከብዶም ዝተበስዑ ፡ ብቡንባ ኸቢድ ብረት ርእሶም ዝተጀልዑ፡ ብስኩጇታት ቦንባ ነፈርቲ ኩናት መሓውርም ዝሰንከሉ፡ ጀጋኑ ቁስሎም ብዲቶል ሓጺባ፡ ብፋሻ ጀኒና፡ ፈወሲ ቃንዛ መድሃኒት ሂባ ህይወቶም ብምድሓን ዳግማይ ናብ ኣሃዱኦም ከም ዝምለሱ ኣብ ምግባር ካብኣ ዝሕተት እጃም ተጻዊታ'ያ። ከም ኣጋር ሓኪም ግን ተራኣ ምሕካም ጥራይ ኣይነበረን። ምእላይን ምዕንጋልን ውጉኣት'ውን ካብኡ ተፈልዩ ዘይረአ ኣገዳሲ ዕማምዩ ነይሩ። ህዝባዊ ግንባር እግሪ እግሪ ሃጀምቲ ስዒቦም ውጉኣት ዝሕክሙን፡ ብረት ውጉእን ስዉእን

ኣልዒሎም ዝረጋረጉን ጀጋኑ ኣጋር ሓካይም ምፍራ'ዩ'ምበኣር፡ ኣብ መዛግብቲ ታሪኽ ሕክምና ገድሊ ኣዝዩ ዓቢ ቦታ ዝሕዝ'ዩ። እቲ ምንታይ፡ ሓደ ካብ ምስጢር ዓወታት እቲ ውድብ፡ ውጉእ ቁስሉ ኣሕውዩ መሊሱ ናብ ውግእ ዝምለስ ብምንባሩ።

ድሕሪ ናጽነት መርየም ኣብ ሕክምና ክፍለ-ሰራዊት 525- (እንዳ ኮማንዶ)፡ ከም ሓኪም ስኒ ከተገልግል ድሕሪ ምጽናሕ፡ ብተመሳሳሊ ሞያ ክትሰርሕ ናብ ሕክምና ሓይሊ ኣየር - ኢናይል'ያ ተቐይራ። ብዝነበራ ልዑል ፍቕሪ ናይ'ቲ ሞያ ድማ ብልዑል ምትሕብባር ዶክተር ላይነሽ ንክልተ ዓመት ብሕክምና ስኒ ሰልጢና ናይ ዲፕሎማ ማዕርግ ክትረክብ ክኢላ'ያ።

ኣብ'ዚ እዋንዚ ኣብ ክሊ ዕድመ 60 ታት እትርከብ መርየም፡ ድሕሪ ናጽነት ተወሊደን ብሞያ ሕክምና ስኒ ኣብ ኮሌጅ ምስ ዝተመረቓ ደቃ ዝኾናኣ ደቀንስትዮ ህዝባ ኣብ ምግልጋል'ያ ትርከብ።

መርየም ፍልጠት ንዝተመደብካሉ ሞያ ብብቕዓት ዘስርሕ ሓይሊ ምዃኑ እምነታ ጽኑዕ'ዩ። ኣብኡ ተመርኩሳ ከኣ'ያ ትሰርሕ። ተወፋይነት ኣብ ስራሕ ዘመዝግቦ ዓወታት ግን ንሓንቲ ካልእቲ'ውን ዘንጊዓቶ ኣይትፈልጥን። ምኽንያቱ፡ ፍሉይ ሕላገት ኣጋር ሓኪም ተወፋይነት ስለዝነበረ። ተወፋይነት ንስራሕ፡ ተወፋይነት ንመውጋእቲ፡ ተወፋይነት ንመስዋእቲ።

ሓደ ካብ ፖሊሲታት መንግስቲ ኤርትራ፡ ምዕሩይ ኣገልግሎት ሕክምና ከም ዝህሉ ምርግጋጽ'ዩ። ከም ውጽኢት ናይ'ዚ ህዝቢ መሰረት ዝገበረ ፖሊሲ ኣብ ከተማታትን ሓውሲ ከተማታትን ጥራይ ዘይኮነ፡ ኣብ ርሑቕ ዓድታትን ከባቢታትን ኤርትራ ዝርከብ ህዝቢ ግቡእ ሕክምናዊ ኣገልግሎት ይረክብ ኣሎ። ኣብቲ ሞያ ዝነጥፉ ዘለዋ

መርየም፡ ከም ጓል ኣንስተይቲ መጠን በተን እንዳሓደራ ዝስስና ዘለዋ ሓካይም ስኒ ሕጉስትን ሕብንትን'ያ። ከመይ ሲ፡ ማዕርነተን ከምተን ቀዳሞት ሓካይም ኣዴታተን ብስርሐንን ብቕዓተንን ዘረጋገጻ ብምዃነን። እዚ ድማ ነጸብራቕ ናይቲ "ማዕርነት ብስራሕ ተሳተፍነት!" ዝብል መትከል ሃገራዊ ማሕበር ደቂ-ኣንስትዮ ኤርትራ'ዩ።

ካብ ላዕሊ ዝነጥብ ከም ዘይኮነ ስለእትኣምን።

መርየም- ጓል ብሉሕ፡ በዓልቲ ሓዳርን ኣደ ኣርባዕተ ውሉዳትን'ያ። ሙና፡ ሲራክ፡ ሳሚን ኣማንን ድማ ይብሃሉ። እቶም ዳሕረዎት ሰለስተ ደቃ ኣብ ትሕቲ ሑቕፉ ሓንቂቖም ዝዓበዩ ብምዃኖም ድማ ካብ ሙና ፍልይ የብሎም። ሙና ኣብቲ ጸላኢ " ወፍሪ ቀይሕ ኮኾብ" ኢሉ ዝሰመዮ 6ይ ወራር፡

ክኢላታት መጥባሕቲ፡ ሓካይም ስኒን ውሽጣዊ ሕማማትን...ወዘተ. ድማ ተካእቲ ናይተን ኣብ ጽንኩር ወተሃደራዊ ኩነታት ከቢድ ዋጋ ኣናኸፈላ ህይወት ተጋዳላይ ዘድሕና ዝነበራ ኣጋር ሓካይም'የን።

መርየም፡ (ጓል ብሉሕ) ግርማ ወዲ ሰብ ስኒ ምዃኑ'ያ ትኣምን። ስኒ ዘይብሉ ሰብ ከኣ ማዕጾ ምስ ዘይብሉ ገዛ'ያ ተመሳስሎ። ካብዚ ነቒላ ድማ'ያ ዝኾነ ሰብ ኣስናኑ ከጽሪ ወይ ብኽንክን ክሕዝ ከም ሓኪም ስኒ መጠን ትምዕድ። "ሙብዛሕቱ እዋን ግዳይ ምብዕኻኽ ኣስናን እቶም ምሉእ መዓልቲ ሽኮራዊ ትሕዝቶ ዘለዎ መግቢ ክበልዑ ዝውዕሉ ህጻናት ስለዝኾኑ፡ ወለዲ ደቆም ኮልጌት ክጥቀሙ ናይ ምግባርን ምክትታልን ሓላፍነት ኣለዎም" ድማ ትብል።

ሃ.ማ.ደ.ኤ፡ ተባዕታዊ ትምክሕቲ ቀቢሩ፡ ማዕርነት ጓል ኣንስተይቲ ብግብሪ ዘረጋገጸን ዘመስከረን ናይ ደቀንስትዮማሕበር'ዩ። ነዚ ዓወት'ዚ ክጭብጥ ዝኸኣለ ከኣ ንደቀንስትዮኣንቂሑ መሰላተን ከም ዝፈልጣ ክገብር ብምኽኣሉ'ዩ። ከም ውጽኢት ናይ'ቲ ዘካየዶ ሓያል ጻዕሪ ድማ፡ ኣብ ምንቃሕን ምውዳብን ምዕጣቕን ደቀንስትዮዘደንቕ ታሪኽ ኣመዝጊቡ'ዩ። ኣባል ናይ'ዚ ማሕበር ዝኾነት መርየምውን እዚ ቅያ'ዚ ኣብዘን ሓደሽቲ ወለዶ ዝኾና ደቀንስትዮ ይደግም ምህላዉ'ያ ትምስክር። ነተን ገና ኣብቲ ማሕበር ዘይተወዳባ፡ ኣብ ኩሉ ዓውድታት ስራሕን ትምህርትን ዝርከባ ደቀንስትዮድማ ተወዲበን ምእንቲ መሰለን ኪቃለሳ ትመክር። ምኽንያቱ፡ ዓወት ብቃልሲ'ምበር፡ ከም መና

ዝተወልደትን ሓደ ዓመት ኣብ 'እንዳ 17' (ሓባራዊ መዕበዩ ሕጻናት) ምስ ውላዳ ድሕሪ ምጽናሕ ገዲፋታ ናብ ኣሃዱኣ ዝተመልሰትን ብምዃና።

መርየም ኣብ 1981'ያ ሽዑ መራሒ ብርጌዳ ምስ ዝነበረ፡ መጀር ጀነራል ተኸለ ልብሱ ተስፋ (ወዲ ልብሱ) ኣብ ግንባር ሰሜና ምብራቕ ሳሕል ተመርዕያ። ደቃን ደቂ ደቃን ዝረኣየት ብገድላዊ ተሞክሮኣ ሕብንቲ፡ ብሕክምናዊ ሞያኣ ዕውትቲ ሓኪም'ያ። ልዕሊ ኩሉን ኩሉ ክመሃረሉ ዝግባእን ድማ፡ እታ ዝመስረተታ ምውቕቲ ስድራ-ቤት ንኽልተ ሃይማኖታት- ምስልምናን ክርስትናን እትውክል ኣርማ ሓድነትን ስኒትን ምስሊ ህዝባዊ ግንባርን'ያ።

ቁጠባ

መኣዛዊ መግቢ፡ ኣብ ህንጸት ጥዑይ ኣካላትን ኣእምሮን

ዓንዶም ግርማይ (ወዲ ደረሰ)

ሕብረተ-ሰብና ብሓፈሻ፡ ሓረስታይ ሃገርና ከኣ ብፍላይ ሃብታም ክንሱ፡ ስርዓተ-ኣመጋግባኡ ግን ድኹም እዩ። በዚ መሰረት ተመጋቢ ዝተመጣጠነ መግቢ ኣይርከብን። እዚ ዝፈጠሮ፡ ኣብ ከባቢኡ ዝስእኖ ዘይብሉ ክንሱ ይጠሚ። ግዳይ ብጉድለት መኣዛዊ መግቢ ዝስዕቡ ሕማማት ብምኳን ይሳቐ። ካብ'ዚ ጸገም'ዚ ክገላገል፡ ኣስተምህሮታትን ጐስጓሳትን ኣድላዪ እዩ። ብደረጃ ሃገር ባህሊ መኣዛዊ ኣመጋግባ ከተስርጽ ግን፡ ንህልዊ ኣፍልጦን ንቕሓትን ሕብረተ-ሰብና ኣብ መዳይ መኣዛዊ ኣመጋግባ ኣብ ግምት ኣእቲኻ፡ ቀሊል ስራሕ ኣይኮነን።

ነዚ ክትግበር፡ መጀመርታ ኣብ ኩሉ ኩርናዕ ሃገርና ተዋፊሮም ብዛዕባ ጥቕሚን ረብሓን መኣዛዊ መግቢ ጐስጓሳትን ኣስተምህሮን ዝህቡ ብቑጽሪ እኹላት፡ ብቑዓትን ብሱላትን ሰባት ምምልማል የድሊ። ኣብ ርእሲ'ዚ፡ ዓቕሊን ትዕግስቲን ኣወሃሂድካ፡ ሓይሊ ውዳብ ኣሐይልካ፡ ዘበገስካዮ ዕላማ ሽቶኡ ናይ ምውቃዕ ቃልስኻ ከተሐይል ኣለካ።

ደቂ-ሰብ ቡብዓይነቶም ኣእካል፡ ጥረታት፡ ጸባን ውጽኢቱን፡ ኣሕምልትን ፍረታትን ወዘተ. ብዝተወሳሰበ ኣገባብ ምስ ዝምገቡ፡ እኹል መኣዛዊ መግቢ ክረኽቡ የኽእሎም። እኹል መኣዛዊ መግቢ ዝምገብ ሰብ ከኣ ጥዑይ ኣካላትን ኣእምሮን ይውንን። ሕብረተ-ሰብና ካብ ከባቢኡ ከይረሓቐን ብቐሊሉን መኣዛዊ መግቢ ክረክብ ዝኽእል እዩ። እቲ ዝጎድል ኣፍልጦ እዩ። ስለ ዝኾነ፡ ዕለታዊ መግቡ ኣብ ውሱናት ኣእካልን ካልኦት ነገራትን ተደሪቱ ዝተሓጽረ ይኸውን። በዚ ምኽንያት'ዚ ከኣ፡ መዓልታዊ ረኺቡ ዝምገቦም ነገራት'ውን እንተኾኑ፡ ሰኣን ኣፍልጦኡ ብዓይኒ መኣዛዊ መግቢ ጠሚቱ ኣይኮነን ዝጥቀመሎም።

ሰባት፡ በሊዕካ ሰቲኻ ከብድኻ ምምላእ ምስ ጽጋብ ኢና እንቖጽሮ። እዚ ግን ጌጋ ምኳኑ'ዩ'ም ሊቃውንቲ ስነ-ኣመጋግባ ዝገልጹ። ዝተመጣጠነ መኣዛዊ መግቢ ሰኣን ምምጋብና፡ ግዳይ ዝተፈላለዩ ሕማማትን ዓጸቦን ከም እንኸውን ድማ ይዛረቡ። እዚ ጸገም'ዚ ክፍታሕ ኸኣ፡ ሕብረተ-ሰብ፡ ኣብ ዕለታዊ ስርዓተ-ኣመጋግባኡ መኣዛዊ ኣመጋግባ ብኸመይ የዘውትር፡ ከምቲ ክብ ኢሉ ዝተጠቕሰ ንቕሓቱን ፍልጠቱን ከበርኽ ምስራሕ የድሊ። ኣብ'ዚ ጉዳይ ከም ኣማራጺታት ብዙሓት ሜላታት ምህላዎም ክኢላታት ዓውዲ-ኣመጋግባ ዝገልጽዎ ኣሎ። ገለ ካብኣቶም፡ ምኽሪን ኣስተምህሮን ሰብ ሞያ ዓውዲ - መግቢን ስነ-ኣመጋግባን፡ ሰብ ሞያ ጥዕና ምውካስ፡ ከምኡ ድማ፡ ንመምሃሪ ስነ-ኣመጋግባ ዝተዳለዉ ሓጸርቲ ጽሑፋትን መጽሓፍቲን ወዘተ. ምንባብ ኣገዳሲ ምኳኑ ይመኽሩ።

መኣዛዊ መግቢ ንኣካላትና፡ ፕሮቲን፡ ካርቦ-ሃይድረይት፡ ጸዓት፡ ማዕድናት፡ ቪታሚን ... ወዘተ ክረክብ የኽእልዎ። ሕብረተ-ሰብና ነዚኣቶም፡ ርሑቕን ገዚፍን ወጻኢታት ከይገበረ፡ ብቐረባ ክረኽቦምን ባዕሉ ከፍርዮምን ዝኽእል እዩም። ካብዚ ወጻኢ፡ ብቐሊሉ ኣብ ከባቢኡ ኣብ ዝርከቡ ዕዳጋታት ክረኽቦም ኣይጽገምን እዩ። ይኹን'ምበር፡ ብኸመይ ይምገቦም ኣብ ዝብል ግን፡ መፍትሒ ክርከቦ ዝጸዓረሉ ዘሎ ስራሕ ምኳኑ፡ ኣብ'ዚ መዳይ ምህርቲ መኣዛዊ ኣመጋግባ (Food Nutrition) ዝኾነት ዶክተር ኤደን ታረቀ ትገልጽ።

ዶክተር ኤደን፡ ካብ'ታ ብምሉኣም ውሉዳ ዝበዝሑ ብዓውደ ምህንድስና ኣመሪቓ ኣብ ስራሕ ዓለም ዝዋፈረት ስድራ መምህር ታረቀ ተወልደ ካልኣይቲ ካብ ቦኽሪ ገዛ እያ። ዶክተር ኤደን ብ1964 ኣብ ኣርባዕተ ኣስመራ ተወሊዳ። ናይ 12 ክፍሊ ትምህርታ ኣብ ደቀምሓረን ኣስመራን ድሕሪ ምዝዛማ፡ ገና ኣብ ንኡስ ዕድመኣ፡ ብ1979 ናብ ሰደት

ኣምሪሓ። ወላዲኣ መምህር ታረቀ፡ ሓያል ሃገራዊ ስምዒት ከምዝነበሮም ባዕላ ዶክተር ኤደን ትጸዊ። በዚ ድማ ደቆም ትምህርቶም መምስ ዛዘሙ ሃገሮም ከገልግሉ ከምዘለዎም ብዘሰከምዎም ሓደራ መሰረት፡ ኩሎም ደቆም፡ ትምህርቶም ድሕሪ ምዝዛሞም፡ ናብ ሃገሮም ተመሊሶም ሓደራ ወላዲኦም ኣብ ምፍጻም ከምዝርከቡ ተብርህ። ንሳ ብዝተመሃረትሉ ዓውዲ ኣበርክቶ ክትገብር ካብ 2016 ጀሚራ ኣብ ኤርትራ ትነብር ከምዘላ ትገልጽ።

ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ብምትሕብባር ቤት-ጽሕፈት ውድብ መግብን ሕርሻን ሕቡራት ሃገራት ኣብ ኤርትራ ዝወደቦ፡ "ንቕሓትን ኣተሓሳስባን ሕብረተ-ሰብ ኣብ ስርዓተ-ኣመጋግባ ዝዳህሰሰ ዓውደ-ዘተ፡ ብ16 ሰነ ኣብ ሆቴል - ኣስመራ ፓላስ ተኻይዱ ነይሩ። ዶክተር ኤደን ከኣ ሓንቲ ካብ ኣወሃሃድቲ እቲ ዓውደ-ዘተ ኮይና፡ ንዕላማ'ቲ ዓውደ-ዘተን ከምኡ ድማ፡ ውጽኢት ጥቕሚ መኣዛዊ መግቢ ምምጋብ ኣብ ሓደ ሕብረተ-ሰብ፡ ብዓይኒ ጥዕናን ቁጠባን ኣዘሚድካ ረብሓኡ እንታይ'ዩ ንዝብል መብርሂ ክትህበና ተወኪስናያ ነይርና።

ብመሰረት መግለጺ ዶክተር ኤደን፡ ሕብረተ-ሰብና ኣብ ኣመጋግባኡ ብዓይነትን ትሕዝቶን ጽፉፍን ጽቡቕን ክንሱ፡ ሓደዉ

ኣብ ኣቕርቦት ይውሕድ፡ ወይ ድማ መኣዛዊ ኣመጋግባ ይጉድሎ። ነዚ ጸገምዚ ፈቲሕካ ኣመጋግባኡ ከማሕይሽ ከኣ፡ ኣብ ከባቢኡ ዝረኽቦ ንእሽቶ ቃጽያ፡ ኣሕምልቲ፡ ፍረታት፡ ዝተፈላለዩ ዓይነታት ኣእካል፡ ጥረታት ዘፍርየሉ ሜላታት ምፍጣር የድሊ። ብዘይካ'ዚ፡ ቀጠልያ መግቢ እንስሳ ዘሪኡ፡ ጸባ ደርሁ ኣፍርዩ - እንቋቑሖን ስጋን ብምርካብ፡ ኣብ ዕለታዊ ኣመጋግባኡ ውሑስን መኣዛዊ መግቢ ክምገብን ዘይክእለሉ ምኽንያት ከምዘየለ ድማ ተረድአ።

"ኣብ'ዚ እቲ ጽቡቕ ሽነኹ፡ ሓረስታይ ሃገርና ዝምህሮ እንተደኣ ረኺቡ፡ ንገዛእ ርእሱ ተማሂሩ ንከባቢኡ ክምህር ዝኽእል እዩ። በዚ መሰረት ሓደ ሰብ ኣሰልጢንካ፡ ክንስንሰልካ ናብ ሓንቲ ዓዲ ምልኣኽ ኣኻሊ እዩ። ብዙሓት መምህራን ዘይለኣኽኩ ኢልካ እትስከፈሉ ኣይኮነን፡" ዝበለት ዶክተር ኤደን፡ ኣብ ርእስ'ዚ፡ ንቕሓት ሕብረተ-ሰብና ከም ብልጫ ተጠቒምካ፡ ዝደለኻዮ ዕላማ ናብ ሸቶኡ ከተብጽሖ ከቢድ ስራሕ ከምዘይኮነ ትገልጽ። ብተወሳኺ፡ ሓረስቶት ሃገርና፡ ፕሮቲን፡ ቪታሚን፡ ማዕድናት፡ ጸዓት ወዘተ. ንኣካላትን ኣእምሮን ዝሃንጹ መግቢታት ምዃኖም ብዝርዝር ንምርድኦም እንተደኣ ተኻኢሉ፡ ዕለታዊ ኣመጋግባኡ ብመኣዛዊ መግቢ ዝተሰነየ ክኸውን ዝህሉ ተኽእሎ ልዑል ከምዝኸውን ትኣምን።

ዶክተር ኤደን ኣስዒባ፡ ንመግለጺታት ጥሜትን ስነ-ፍልጠታዊ ስርዓተ ኣመጋግባን ብምንጽጻር፡ ሕብረተ-ሰብና ጥዕናኡ ንምውሓስ፡ ኣብ ከባቢኡ ብዝረኸቦም ኣእካል፡ ጥረታት፡ ፍረታት፡ ጸባ ውጽኢቱን ኣቢሉ መኣዛዊ መግቢ ከዘውትር ከም ዘለዎ ተተሓሳሰበ። "ሕብረተ-ሰብና ህላወ እኽሊ ቀዳምነት ካብ ዝሰርዖም ሓደ እዩ። 'እኽሊ እንተሎ፡ ጥምየት የለን' ዝብል መረዳእታ ድማ'ዩ ዘለዎ። ጥሜት ግን ብስእነት እኽሊ ጥራይ ኣይኮነን ዝኽሰት። ጥምየት ብብዙሑ መገዲ ክግለጽ ይኽእል። ገለ ካብኡ፡ እኹል ዝብላዕን ዝስተን እናሃለወካ ምጥማይ'ውን ኣሎ። ከብድኻ መሊኡ፡ መኣዛዊ መግቢ እንተዘይ ረኺቡ፡ ምስ ጽጋብ ዘይኮነ፡ ምስ ጥምየት'ዩ ዝጽብጸብ፡" ክትብል ትገልጾ።

በዚ መንጽር ኣብ ሃገርና፡ ከም ኩለን ኣብ ምምዕባል ዝርከባ ሃገራት ዓለም፡ ምስ ጥምየትን ዝተመስርሑ ዓይነታት መግቢን ተተሓሒዞም ዝግለጹ ዘይተመሓላለፍቲ ሕማማት ምህላዎም ይግለጽ። ሕብረተ-ሰብና ካብ ክሊ'ዚ ዝጥቀስ ዘሎ ድኹም ስርዓተ-ኣመጋግባ ክገላግል፡ ኣብ ኣመጋግባኡ ለውጢ ክገብር፡ ደረጃ ንቕሓቱ ከበርኽሉ ዝኽእለሉ ሓያል ጻዕሪ ከምዘድሊ ትርዳእ።

መግብን ጥዕናን ዘይነጻጸሉ ገጻት ሓንቲ ሳንቲም'ዮም። ካብኡ ናብኡ መኣዛውን ተመጣጣንን መግቢ ምምጋብ ከኣ፡ ደቂ-ሰብ ጥዑይ ኣእምሮን ኣካላትን ክህልወና ይሕግዙና። ብስእነት፡ ኮነ ዘይቅርዑይ ጠገለ ኣልቦ ኣመጋግባ ክስዕቡ ንዝኽእሉ ሕማማት'ውን ይከላኸለልና። ስለዚ፡ መኣዛዊ መግቢ ምምጋብ፡ ከኖ ከብድኻ ምምላእ፡ ዝህበካ ጥዕናዊ መዳዩ ስለ ዝዓዘዘ፡ ሕብረተ-ሰብ፡ ዝረኸቦን ዘለዎን ጺጋታት ከመይ መኣዛዊ ትሕዝቶ ዘለዎ ስርዓተ - ኣመጋግባ የዘውትር ሓያል ጉስጓስ የድሊ። ነዚ መድረኽ'ዚ ሰጊሩ፡ ኣብ ኣመጋግባኡ ናይ ባህሪ ለውጢ የማዕብል ኣብ ዝብል ከኣ፡ ይስረሓሉ ምህላዉ ዶክተር ኤደን ተረድአ። ትልሚ'ቲ ተወጢኑ ዘሎ ዕላማ ሸቶኡ ክወቅዕ ድማ፡ ክሳብ ኣብ ደረጃ ውልቀ-ሰብ ወሪድካ ኣብ ዝካየድ ናይ ምምሃርን ምስትምሃርን ዕማም፡ ተራን ኣበርክቶን ዝምልከተን ትካላት መንግስቲ፡ ማሕበራትን ውልቀ-ሰባትን ኣገዳሲ ምዃኑ ተተሓሳሰበ።

ጥዑይ ሕብረተ-ሰብ፡ ጥዑይን ውሑስን ኣመጋግባ ፈሊጡ ዘዘውትር'ዩ። መኣዛዊ መግቢ ኣብ ዕዳጋ ክወርድ ከሎ ግን፡ ዕዳጋ ዝቈጻጸር ኣካል የድሊ። ከምኡ'ኣን ንመግቢ ዝምልከቱ ሕጋጋትን ቊጽጽርን ክህልዉ ይግባእ። እዞም ረቛሒታት እዚኣቶም ብዝግባእ እንተደኣ ተማሊኦም፡ ውሕስነት መኣዛዊ መግቢ ኣብ ሓደ ሕብረተ-ሰብ ከነረጋግጽ ንኽእል።

ዶክተር ኤደን ንመጽናዕቲ ዝሕግዝዎም ሓበሬታታት ንምእካብ ዛጊት ብርክት ኣብ ዝበላ ዓዲታት ሃገርና ከምእተንቀሳቐሰት'ያ ገሊጻትልና። ብብእዋኑ ምስ ነበርቲ'ተን ዝበጽሐተን ዓዲታት ዝገበረቶ ርክባት ከኣ፡ ኣብ ነበርቲ፡ ብዛዕባ መኣዛዊ መግቢ ኣፍልጦ ኮነ ግዳሰ ከምዘይብሎም ትጸዊ። ኣብ ክንዳኡ፡ ተረኺበ ኢልካ እኽሊ ጥሒንካ ምብላዕ ድማ፡ እኹል ገይሮም ከምዝርድእዎን፡ ተረፍ ቀለቦም ሸይጦም ኣብ መዓላ ቡንን ሽኮርን ከምዘውዕልዎ ከምዝገለጽዱላ ትዛረብ። ነዚ ኣተሓሳስባ'ዚ ኣብ ሕብረተሰብና ንምልዋጥ ከቢድ ስራሕ ምዃኑ ኣብሪሃ።

ምርግጋጽ መኣዛዊ መግቢ፡ ኣብ ህይወት ደቂ-ሰብ ኣገዳሲ ክንሱ፡ ናብኡ ዘብጽሕ ጉዕዞ ግን፡ ነዊሕን ልሙጽን ዘይክኸውን ይኽእል'ዩ። ክብ ኢሉ ከም እተጠቕሰ፡ ብመገዲ ንመነቓቕሒ ታትን መጉሳጉሲ ታትን ዝተዳለዉ ናውቲ መምሃሪ፡ ብሓደ ወገን፡ ህዝብና ካብ ንሓድ-ሕዱ ዝመሃረሉን ተመኩሮ ዝለዋወጠሉን መድረኽ ኣዋዲድካ ድማ በቲ ካልእ፡ ኣብ ርእሲኡ፡ ተመኩሮታት

ካልኦት ማሕበረ-ሰብ፡ ዝግልገልሉ ኣገባብ ብምዝማድ፡ ረብሓን ጥቕሚን መኣዛዊ መግቢ ክንርዳእ ንኽእል ኢና። ካብ'ዚ ብምብጋስ፡ ሕብረተ-ሰብና ኣብ ስርዓተ-ኣመጋግባኡ ናይ ባህሪ ለውጢ ከማዕብል ካብ ዝብል ሓሳብ፡ ንመምሃሪ ዘገልግል ሓደ ሰነድ ክዳሎ ምኻኑ ዶክተር ኤደን ገሊጹ። ትሕዝቶ'ቲ ዝዳሎ ሰነድ መወከሲ፡ ሕብረተ-ሰብና ቅኑዕን ኣገባብ መኣዛዊ ስነ-ኣመጋግባ ከየዘውትር ዝዕንቅጽዎን፡ ንዓታቶም ፈቲሕካ ውሑስን ስርዓተ ኣመጋግባኡ የረጋግጽ? ወዘተ. ብርክት ዝበሉ ሕቶታት ዝምልሰን ኰይኑ፡ ኣብ ምሉእ ኤርትራ ክዝርጋሕ መደብ ወጺኡ ምህላዉ ከኣ ወሲኹ ኣረዲኡ።

ሓረስታይ ድኻ ኣይኰነን ሃብታምዩ። ኰይኑ ግን፡ ዝሰፍሐ ካብ ፍርያት ምህርቱ ኣብ ክንዲ ንኽብዱ ንዕዳጋ ይዛይድ። በዚ መሰረት፡ ጠስሚ፡ መዓር፡ በብዓይነቶም ኣእካል፡ ፍረታታት፡ ጥረታት፡ እንስሳታት፡ ኣሕምልቲ ወዘተ. ኣፍርዩ ንመሸጣ ናብ ዕዳጋ ይጓርቶም። ኽምኡ ክገብር ዝድርኾ ኸኣ፡ ሃጓፋት ቤቱ ንኽምልእ ምኻኑ ርዱእ ነገርዩ። ይኹንምበር፡ እኽሉ ንዘቤታዊ መዓላ፡ ዝተረፈ ሸይጡ እንተዝጥቀመሉ ዘዛርብ ኣይምኾነን። ሽግር ዝኸውን፡ ብምልኡ ፍርያቱ ናብ ዕዳጋ ከቕንዖ ከሎ'ዩ። ክእረም ዘለዎ ኣገባብ ምኻኑ ድማ ዶክተር ኤደን ተተሓሳሲቡ።

ኣርእስቲ ብዛዕባ መኣዛዊ ኣመጋግባ ካብ ተላዕለ፡ መኣዛዊ መግቢ ድማ ካብ በብዓይነቶም ዝብልዑ ነገራት ዝርከብ ምኻኑ ካብ እተገለጸ፡ እዚ ግን፡ ካብ ዘቤታዊ ፍርያት ጥራይ ዘይኰነ፡ ፍረታታት መሮር እውን ብትሕዝቶ መኣዛዊ መግቢ ሃብታማት እዮም። በዚ ኣጋጣሚ፡ ንገለ ውሑዳት ሃብታም ትሕዝቶ ፕሮቲን፡ ስብሒ፡ ማዕድናት ወዘተ. ዘለዎም ዓይነታታት ፍረታታት ሞሮር ሃገርና ጥቕስ እንተበልኩ ዝጽላእ ኣይኰነን።

ኤርትራ፡ ብዓይኒ መኣዛዊ መግቢ ዝጥሙቱ ኣብ በበይኑ ወቕቲ ናይ ዓመት ዝፈርዩን መግቢ ሰባት ኰይኖም ድማ ዘገልግሉን በብዓይነቶም ፍረታታት መሮር ሃብታምዮ። ገለ ካብኣቶም ዓየ፡ ጋባ፡ ዓካት፡ ኣጉልም (ፍረ መቑፅ)፡ ኣውሒ፡ ሞሶቓ፡ ሳግላ፡ ዳዕሮ፡ ኩመል፡ ምልዖ ወዘተ. ከኣ ክጥቀሱ ይኽእሉ። ይኹንምበር፡ ገለን ካብዞም ዝተጠቕሱ ኣግራብ ፍረታት-ሞሮር፡ ይበርሱ ምህላዎም ግን ዘሰክፍዩ። ኣውሒ፡ ዓየ፡ ኩመል፡ ምልዖ ወዘተ. ከም ኣብነት እንተድኣ ርኢና፡ ከቢድ ናይ ምብራስ ሓደጋ ዘንጸላለዎም ምኻኖምዮም ዝገለጹ። ህላወኦም ብኣዝዩ ብውሑድ ቀኑጽረን ኣብ ውሱናት ከባቢታትን ሃገርናን ጥራይ ተደሪቱ ምህላዉ ድማ ይዝረብ። ስለ'ዚ ፍረታት መሮር ከም ኣርእስቲ ከልዕል ዝደረኸኒ ብዘይ ምኽንያት ኣይኮንኩን። እዚኣቶም እውን ኣቓልቦ ተዋፂብዎም ንምጥቃሞም ይኹን ንምዕቃቦም ሕብረተ-ሰብና ትኹረት ክህቦም ንምትሕስሳብ ብሓደ ወገን፡ቀጻልነት ህላወኦም ንምውሓስ ከኣ፡ ብሕልፊ ኣብ ገጠር ዝነብሩ ሓረስቶ ሃገርና፡ ተሪር ሓለዋ ክገብርሎም ንምልባው እዩ።

ዶክተር ኤደን ታረቀ ኣብ መወዳእታ፡ ንኣጠቓቕማ መኣዛዊ ኣመጋግባ ብዝምልከት፡ ናብ ሕብረተ-ሰብና ዓሊሙ ተብጊሱ ዘሎ ኣስተምህሮን ጉስጓሳትን፡ ምስ ዓለም ተዛሚዱ ዝረአ፡ ማእከል ቡታ መምሃሪ ደኩንካን ኣጣጢሕካን፡ ብዝሰፍሐ ክሰረሓሉ ጻዕርታት ይካየድ ምህላዉ ገሊጹ።

ስእነት ድቃስ ኣተኩሮ ሓንጎል የጥፍእ!

ስእነት ድቃስ ኣብ ዘለዎምን ዘይብሎምን ሰባት ብዝተኻየደ ናይ ሓንጎል ጀረብ (ስካን)፡ ኣብ ዕማም ሓንጎል ፍልልያት ከምዝተራእየ ተመራመርቲ ዩኒቨርሲቲ ካሊፎርንያ ሓቢሮም። ጠንቂ ግን ከምቲ ኣብ መንጎ ጫቕትን እንቋቑሖን ዘሎ ፍልልይ ኮይኑዎም ከምዘሎ ገሊጾም።

ኣብቲ ዝተኻየደ ፈተነ እቶም ድኹም ድቃስ ዘዘውትሩ ሰባት ምስቶም ምሉእ ለይቲ ደቂሶም ዝሓደሩ ሰባት ምስ ተነጻጸሩ፡ ኣቶም ብስእነት ድቃስ ዝሳቐዩ ሰባት ናይ ምዝካር ክእለት ክፋል ሓንጎሎም ኣብ ምስትኽኻል ቃልሲ ከምዝካይዱ ተነጺሩ።

ስእነት ድቃስ ዘለዎም ሰባት ኣብ ግዜ ለይቲ ክድቃሱ ብዙሕ ጻዕሪ'ዮም ዘካይዱ። ጽልዋኡ ድማ ኣብ ግዜ ቀትሪ ምፍጻዝን ናይ ምዝካር ዝሕታለን ከምዝጋጥሞም ይሕበር።

ኣብቲ ዝተኻየደ መርመራ እቶም ስእነት ድቃስ ዝነበሮም ሰባት ብፍላይ ኣብቲ ናይ ምዝካር ክእለት ዝቈጻጸር ክፋል ሓንጎሎም ብቕልጡፍ ከምዘይነጥፉን ከምኡ'ውን ንኣንጎሎም ካብ ምህውታት ከምዘይቈጻጸርዎን ተፈሊጡ። "እዚ ውጽኢት'ዚ ሓደ ነገር ክንርዳእ ሓጊዙና ኣሎ። ንሱ ከኣ ስእነት ድቃስ ዘለዎም ሰባት ኣብ ግዜ ለይቲ ጥራይ ዘይኮነ ናይ ድቃስ ጸገም ዘጋጥሞም፡ ኣብ ግዜ ቀትሪ'ውን ሓንጎሎም ብግቡእ ከምዘይዓዪ ፈሊጥና ኣለና" ይብል ሓደ ካብቶም ተመራመርቲ።

ረቂቕ ናይ ጠፈር ክዳን ይምዕብል

ተመራመርቲ ዓንዲ ሕቕ ጠፈርተኛታት ካብ ምስፋሕ ዝከላኸል ረቂቕ ናይ ጠፈር ክዳን ከምዘማዕበሉ ገሊጾም። እቲ ከም ታይት ምስ ቁርበት ዝለግብ ረቂቕን ፎኩስን ክዳን፡ ብምኩራት ሳርቶታት ብኣዝዩ ውሕሉል ኣገባብ ካብ ላስቲክ ነገራት ዝተሰርሐ ኰይኑ፡ ጠፈርተኛታት መሊሶም ናብ ጠፈር ኣብ ዝኸዱሉ ንኣካላቶም ከም ስሕበት መሬት ኰይኑ ስለዘገልግሎም፡ ኪጋጥሞም ካብ ዝኽእል ቃንዛን ጸገምን ናይ ኣዕጽምቲን ከምዝከላኸለሎም እቶም ክኢላታት ሓቢሮም።

ብመሰረት ሓበሬታ እቶም ተመራመርቲ፡ ስሕበት መሬት ኣዕጽምቲ ናይ ምጭባጥ ሓይሊ ኣለዎ። ስሕበት መሬት ኣብ ዘይብሉ ግዜ ግና ዓንዲ ሕቕ ጠፈርተኛታት ብኣስታት 7 ሰንቲ ሜትር ከምዝንፋሕ ስለዝገብሮ፡ ኣብ ጭዋዳታትን መትንታትን ቃንዛ ከምዝፈጥር ይገልጹ።

ኣብ ጠፈር፡ ብሰንኪ ስሕበት መሬት ዘይምህላዉ፡ ኣዕጽምቲን ጭዋዳታትን ጠፈርተኛታት ክብደት ስለዘይረክብ፡ ውሑድ ስራሕ ክዓምምን ቀልጢፉ ክደክምን ከምዝርእ'ዩ ዝሕበር። እዝን ካልእን ከኣ፡ ኣብ ዝተናውሐ ግዜ ነቶም ጠፈርተኛታት ናብ መሬት ምስ ተመልሱ ጥዕናዊ ጸገም ከምዘስዕበሎም ይግለጽ።

ምስጋና ሳሚኤል

ዲያስፖራ

"ንወደይ ብኹለንተናኡ ኤርትራዊ ክኸውን'የ ዝደልዮ"

መርሃዊ ታደሰ

ኣብ ኣዛይሐ ዞባ ደቡብ ተወሊዳ ዓብያ። ምስቲ ዝነበረ ጽንኩር መግዛእቲ ስርዓት ደርግ ናይ ትምህርቲ ዕድል ክትረክብ ስለ ዘይከኣለት ድማ ብንእሽቶኣ እንከላ'ያ ተመርዕያ። ብድሕሪዚ ካብ 1977 ኣትሒዛ ኣባል ሓፋሽ ውድባት ኮይና ክትነጥፍ ጀሚራ። ድሕሪ ምዝላቕ ናብ ኣስመራ ብምኻድ ኣብ እንዳ ፎርኖ ክትሰርሕ ድሕሪ ምጽናሕ ኣብ 1982 ናብ ሃገረ ሱዳን ብምምራሕ ንናብራ ስደት ኣሃዱ ኢላ ፈሊማቶ።

ኣብ ሃገረ ሱዳን ካብ ዝኣተወትሉ እዋን ኣትሒዛ ድማ ምስ ውዳበታት ህዝባዊ ግንባር ተጠርኒፋ ትሰርሓሉ ኣብ ዝነበረትሉ ግዜ ሳላ ህዝባዊ ግንባር መሃይምነት ብምጥፋእ ከተንብብን ክትጽሕፍን በቒዓ። ናይ ስደት ጉዕዞኣ ኣብ ሃገረ ሱዳን ኩብቅዕ ስለ ዘይከኣለ ካብ ሱዳን ናብ ጆርዳን፡ ካብ ጆርዳን ናብ ዓዲ ጥልያን፡ ካብ ዓዲ ጥልያን ድማ ናብ ስዊዘርላንድ ኣምሪሓ።

እግራ ኣብ ስዊዘርላንድ ካብ ዝረገጸትሉ እዋን ኣትሒዛ ኸኣ ነቲ ብዕላማ ካብ ኤርትራ ተሓንጊጣቶ ዝኸደት ተሪር መትከላዊ እምነት ካብ መትንታታ ከይፈለየት ብዝሓየለ መልክዑ ቀጺላቶ። ናይ ሎሚ ዕድምቲ ጋሻና ኣብ ዓምዲ ድያስፖራ እምበኣር ኣባል ህግደፍን ሃማደኤን ኮይና ኣብ ሃገረ ስዊዘርላንድ ትነጥፍ ዘላን ምስ ናብራ ስደት ፊት-ንፊት ገጢማ ዝተዓወተትን ነቲ ኣብ ተሰነይ ብጨንፈር ሃማደኤ ስዊዘርላድ ዝተሃንጸ 33 ሚልዮን ናቕፋ ዝወደኣ መሰልጠኒ ማእከል ደቀንስትዮ ምስ ብጾታ ከተመርቕ ዝመጸትን ወይዘሮ ምጽላል ወልዱ'ያ ሰናይ ንባብ።

• **ኣብ ጀኔቫ መነባብሮኺ ብኸመይ ትመርሒ?**

ቅድሚ ናብ ስደት ምምርሐይ ካብ ወላዲተይ ርግበ ተኸለሃይማኖት ዝወረስክዋ ናይ ምቑናን ሞያ ስለ ዝነበረኒ እናቖንንኩ ንሓያሎ ዓመታት ህይወተይ መሪሐ'የ። ብድሕሪኡ'ውን ጎኒ-ጎኒ ምቑናን እንጀራን ሕንባሻን ሰንኪተ እናሸጥኩ መነባብሮይ ክመርሕ ድሕሪ ምጽናሕ ኣብዚ እዋንዚ ኣብ ጀኔቫ ናተይ ቤት መግቢ ከፊተ ኣብ ቤት መግበይ ባዕለይ ከሻኒት ኮይነ መነባብሮይ ኣብ ምምራሕ እርከብ ኣለኹ።

• **ንምቑናን መዓስን ብኸመይን ኢኺ ፈሊምክዮ?**

ብቖልዓይ እንከለኹ'የ ኣብ ኣደይ ተላሚደዮ። ኣደይ ኮነ ኢላ ምቑናን ጽቡቕ ገይረ ክመልኽ ትደልየኒ ስለ ዝነበረት ጸጕራ ከይኣረገ እንከሎ ጸጕረይ ኣሪጕ'ሎ እናበለት ብሓድሹ ብምፍታሕ ክቖንና ትሓተኒ ነይራ። ነዛ ሞያ እዚኣ ኸኣ ክሳብ ዕለተ መርዓይ ኣብ ኣደይ'የ ጽቡቕ ገይረ ተላሚደያ።

• **ድሕሪ መርዓኺ ኸ?**

ኣብ እንዳ ኣሐማይ ምስ ከድኩ ናይ ኣሕዋት እቖንን ነይረ፡ ደሓር ግና ዘተባብዓኒ ብጾት'ውን ስለ ዝረኸብኩ ብክልተ መለሊኽ እኽሊ ክቖንን ጀሚረ። ነቲ ዝረኸብክዎ እኽሊ ድማ ኣብ ባህላዊ መጥሓን ብኢደይ ጥሒነ እምጉብ ነይረ። ክገርመካ ምቑናን ቀሊል ሞያ ኣይኮነን። ክሳብ ሕጂ'ውን ናይ ኣሕዋት ብነጻ እቖንን'የ፡ መንኩብይ ከቕንዘወኒ ምስ ጀመረን ካብ ግዜ ናብ ግዜ'ውን ኣብ መነባብሮይ ለውጢ ከምጽእ ስለ ዘለንን'የ ምቑናን ገዲፈ ቤት መግቢ ኸፊተ።

• **እንታይ ዓይነት ቁኖ ኢኺ ትቖንኒ?**

ባህላዊ ቁኖ ናይ ሃገርና ከም ግልብጮ፡ ኣልባሶ፡ ጋመ ክቖንን እንከለኹ ዘመናዊ ቁኖ'ውን ከም በዓል ራስታ ዝኣመሰሉ ዓይነት ቁኖታት'የ ዝቖንን።

• **ነዚ ናይ ምቑናን ሞያ ካብ ትገድፍዮ ክንደይ ዓመታት ኣቑጺርኪ ኣለኺ?**

ንቑኖ ከም ምንጪ ኣታዊታተይ ማለት ከም ስራሕ ካብ ዝገድፎ ልዕሊ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመታት ኣቑጺረ ኣለኹ። ናይ ኣሕዋት ግና ብነጻ ንመሓዙተይ ኮነ መቕርበይ እቖንን'የ። ብሓጺሩስ ካብቲ ሞያ ጠቕሊለ ኣይተፈለኹን።

• **ሕጂ ናብ ሰዊዝ ምስ ተመለስኪ ብገንዘብ ክትቖንኒ መደብ ከም ዘለኪ ሰሚዐ ኣለኹ፡ ሓቂ ድዩ?**

ብልክዕ ኣብቲ ቤት መግቢ ናተይ ዳርጋ 24 ሰዓታት'የ ዝሰርሕ፡ በዚ ምኽንያት ብዙሕ ትርፊ ግዜ የብለይን። እዛ ትብላ ዘለኻ ብምኽንያት 8 መጋቢት ወይ እኑብዕሎም ሃገራውያንን ሃይሞኖታውያን በዓላትና ነዘን ኣብ ተሰነይ ዝተኸልናዮ መሰልጠኒ ማእከል ደቀንስትዮ ከነመርቕ ዝመጻእና ብርክት ዝበልና ደቀንስትዮ ትምልከት'ያ። ኣጸቢቐ ኩብርሃልካ ምእንቲ እዚ ሓሲበዮ ዘለኹ ሓሳብ፡ እዘን ብጾተይ ኣባይ ገንዘብ ከፊለን ክቑነናሞ ኣነ ኸኣ እቲ ናታተን ክፍሊት ብምልኡ ኣታዊ ናብ ማሕበርና ክገብሮ'የ ተመባጺዐ ዘለኹ፡ ስለዚ እዛ ምቑናን ኣባላት ሃማደኤ ጨንፈር ስዊዘርላንድ ኣበርኪቶና ኣብዚ ገይርናዮ ዘለና ጥራሕ ንኸይሕጸር ዘቕረብኩዋ ሓሳብ'ያ። ኩሉና ከምዛ ናተይ ንእሽቶ ኣታዊታት ንረኽበሉ ሓሳባት ኣምጺእና ንእሽቶ ኣበርክቶ እንተደኣ ገይርና ኸኣ ብሕጂ'ውን ብዙሕ ክንሰርሕ ምኳንና እኣምን'የ።

• **ከም ኣደ መጠን ኣብ ቋንቋ ዘለኪ ተገዳስነት ከመይ'ዩ?**

ጽቡቕ ዝኾነ ተገዳስነት'ዩ ዘለኒ፡ ከይተማሃርኩ ብልምዲ ጥራሕ ብዘይካ'ቲ ዝፈታትኖ ቋንቋታት፥ ጽቡቕ ገይረ ቋንቋ ዓረብን ፈረንሳይን እዛረብ'የ፡ ስለዚ ምስ ቋንቋ ኣደይ ሓዊስካ ሰለስተ ቋንቋታት እመልኽ'የ።

• **ኣብ ወጻኢ ሃገር ትቕመጣ ኤርትራውያን ደቀንስትዮ፡ ምስ ናብራ ስደት ገጢምክን ንገዛእ ርእስኽን ክኢልክን ንቤተሰብክንን ሃገርክንን ዋልታ ኮይንክን ክትሰርሓ ኣይኩብደክንን ዶ?**

ልክዕ ኣለኻ ስደት ከቢድ'ዩ። ኣብቲ ትነብረሉ ሃገር ከም ካልኣይ ዜጋ ኮይንካ ኢኻ ትነብር ዘለኻ። ምስቲ ሓርጎጽጎጽ ናይ ናብራ ናፍቖት ናይ ስድራ'ሎ፡ ብቐንዱ'ውን ምስ ካልእ ባህልን

ልምድን ገጢምካ ኢኻ ትነብር። እዚታት ተደማማሚሩ'ዩ ንስደት መሪር ዝገብሮ። ይኹን እምበር፡ ድልየት እንተደኣ ሃልዩ ንዘኾነ ይኹን ነገር ክትገብሮ ኣየጸግምን'ዩ። ኣብ ኣእምሮኻ ዘይከኣል ነገር የለን ዝብል ሓሳብ ጥራሕ ኢኻ ከተቕምጥ ዘለካ፡ ስለዚ ልዑል ድልየት ስለዘለና' ኢና ንኹሉ ብዲህና ንሰርሕ ዘለና።

ስደት ንኤርትራዊት ጓል ኣንስተይቲ ካብ ዕድላቱ ብድሆታቱ ኣጸቢቑ ይዛይድ። ምኽንያቱ በቲ ዝዓብዩን ክንክን ዝደልዩን ቆልዑ ኣለዉዋ። በቲ ኣድህቦ ዝደሊ በዓል ቤት ኣለዋ፡ በቲ ዝጥወሩ ስድራቤት፡ ቤተሰብ ኣለዉዋ። ምስዚ ኹሉ እዚ ክጠቕሶ ዝጸናሕኩ ኸኣ ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ይኹን ኩነት ኣብ ጎድኒ ህዝባን መንግስታን ደው ኢላ

ናይ ምቕላስ ሓላፍነት ኣለዋ። በዚ መንጽር እዚ ክርእዮ እንከለኹ እዘን ኣብ ውሽጢ ሃገር ዘለዋ ደቂ ኣንስትዮ'የን ዝተፋላለየ ዕድላት ዘለወን። ምኽንያቱ ምስ ስድራ-ቤተን፡ ምስ ቤተ-ሰበንን ህዝበን'የን ዝቕመጣ ዘለዋ፡ ኣብ እዋን ሽግረን ብቐጥታ መጺኡ ጓሰይ! ሓፍተይ! ዝብለን ኣካል ናይ ስድ-ራቤት ኣለወን። ረጊአን ክመሃራ፡ ረጊአን ክሰርሓ ዓብዪ ዕድል ኣለወን። እዘን ኣብ ወጻኢ ንቕመጥ ግና ነዚ ዕድላት'ዚ ስለ ዘይንረኽቦ ብድሆታት ጥራሕ'ዩ ዘለና'የ ክብል ዝኽእል።

• ኣብ ወጻኢ ሃገራት ትቕመጣ ኤርትራውያን ኣዴታት ዝበለጸ ክብርታት ዝዓጠቑ መንእሰያት ኣብ ምህናጽ ዘለክን እጃም እንታይ ይመስል?

ካብ ኣካዳድና፡ ኣማሻሸጣን ኣዛራርባን ጀሚርና ኢና ንኪታተሎም። ብቐንዱ'ውን ቋንቋ ሃገሮም ዘጽንዕሉ ቤት ትምህርቲ ኣለዎም። ብዝተኻእለና መጠን ባህሎምን ክብርታቶምን ዓቂቦም ንኽኸዱ ጻዕርታት ነካይድ ኢና። ካብ ብህጻንነቶም ኣብ ሃገራውያን በዓላት፡ ከም በዓል ናጽነትን ዕስራ ሰነን ድማ ባንዴራ ናይ ሃገርና ዘለዎ ማልያታት ብምኽዳን ሃገራውነት ከም ዝሰማምዖም ንገብር ኢና። እዚ ክብለካ እንከለኹ ግና ኣብዚ መዳይ'ዚ ሃጓፋት ዘለወን ኣደታት የለዋን ማለተይ ኣይኮነን፡ ቋንቋ ኣደኦም ዘይመልኩ መንእሰያት ዘለወን ኣደታት ኣለዋ'የን። በዚ ኣጋጣሚዚ ክብሎ ዝደሊ እንተሎ ድማ ኩልና ኣብ ድያስፖራ እንቕመጥ ኣደታት ንደቅና ቋንቋ ሃገሮም ብቐዳምነት ክመልኩ ባህልን ክብርታትን ሕብረተ-ሰቦም ዓቂቦም ንኽጓዓዙ ኪንዮ ትማሊ ሎሚ ጻዕርታትና ከነሕይል ከምዘለና'ዩ።

• ንስኺ'ኸ ብወገንኪ ኣብ ደቅኺ ዘለኪ ኣተሓሕዛ ከመይ'ዩ?

ኣብ ዕብየተይ ዝረኸብክዎ ሓደ ቆልዓ'ዩ ዘለኒ። ነባይ መልኣከ ይብሃል። ሕጂ ዓሰርተ-ሓደ (11) ዓመት ገይሩ'ሎ። ቋንቋ ትግርኛ ጽቡቕ ገይሩ'ዩ ዝመልኽ። ኩሉ ግዜ ዓመት-ዓመት ምሳይ ሒዘዮ'የ ናብ ኤርትራ ዝመጽእ። ከይትግረም ኣብ 2019 ናብ ፈስቲቫል ሳዋ ምሳይ ወሲደዮ ነይረ፡ ኣዝዩ ንጡፍ ቆልዓ'ዩ። እቲ ፕሮግራም ኣብ ምጅማሩ ካባይ መሊቑ ተንቃሳቒሱ ነይሩ። ሽዑ ከይደንጎየ ናባይ ብታሕጓስ መጺኡ ማማ! ማማ! ንፕረሲደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ሰላም ኢልዮ" ኢሉኒ ነይሩ። እዚ ክገብር ዝኽኣሎ ኸኣ ብቐንዱ ኣነ ወላዲቱ ኣብ ልዕሊ ሃገረይን መራሕተይን ዘለኒ ክብሪ ካብ ብህጻኑ እንከሎ ኣትሒዙ ይግንዘብ ስለ ዝነበረ'ዩ። ብዘይካ'ዚ ኣብቲ ኣብ 2019 ዘካየድናዮ ዙራ'ሞ ንሃገርካ ድማ ንኹሉ ኣብዛ ሃገር ዝካየድ ዝነበረ ንጥፈታት ከም ዝዕዘብ ገይረዮ'የ። ንዝረኣዮ ቦታታት ብታብሌቱ ናይ ምስናድ ልምዲ'ውን ኣለዎ። እዚ ኩሉ ዝገብሮ ዘለኹ ንጥፈታት ድማ ንወደይ ብመበቆል ወይ ዜግነት ጥራሕ ዘይኮነ ብቐንዱ ብኹለንትንኡ ኤርትራዊ ክኸውን ስለዝደልዮ'የ።

• ሕጂ'ውን ሒዝክዮ ኢኺ መጺእኺ ዘለኺ እንታይ ጦብላሕታ ኣሕዲሩሉ?

ካብ'ቲ ተዳልዎ መግብታት

ንሃገሩ ኣዝዩ'ዩ ዝፈትዋ፡ ናብ ገጠር ወሲደዮ ቀንየ ነይረ፡ ደሓር ናብ ኣስመራ ክንብገስ እንከለና ነቲ ቦታ ኣዝዩ ስለ ዝፈተዎ "ማማ ቅሩብ ዘይንቕኒ' ኢሉኒ ስለዚ ካብዚ ብምብጋስ ዘሕደረሉ ጦብላሕታ ባዕልኻ ክትግምቶ ትኽእል ኢኻ።

• ደቀ ኣንስትዮ ብቑጠባ ኑብሰን ንኽኽእላ እንታይ ክገብራ ኣለወን ትብሊ?

ዓንዲ ሕቖ ሃገር ከም ምዃነን መጠን መዓልታዊ ክጽዕራ ኣለወን። እንተደኣ ጽዒርካ ኩሉ ግዜ ዓወት ኣሎ፡ ኑብሰኻ ምኽኣል ኣሎ። ስለዚ ኩሉ ግዜ ሓርኮትኮት ክብላ'ዩ ዘለወን።

• ብዙሕ ግዜ ኢኺ ናብ ኤርትራ ትመጺ ኢኺ፣ ኣብዚ ናይ ሕጂ ምምጻእኪ እንታይ ዘሐጎሰኪ ኣሎ?

ካብቲ ናይ ቅድሚ ሕጂ ፍልይ ዝበለን ዘስተማቐርኩዎን፡ ኣብ ተሰነይ ዝተኸልናዮ መሰልጠኒ ማእከል ደቀንስትዮ ክነመርቕ ምብቃዕና እዩ። ናብ ተሰነይ ኣብ ዝነቐልናሉ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ቦታታት ብያታውን ዘመናውን መሳርሒታት ሙዚቃ ድሙቕ ኣቃባብላ እናተገበረልና ኢና ኣብ ዝሰፈሐ ዞባ ጋሽ ባርካ ብኽብርቲ ፕረሲደንት ሃማደኤ ተኽኣ ተሰፋሚካኤልን ሓላፊት ሃማደኤ ዞባ ጋሽ ባርካ ወይዘሮ ይሕደጋ ዮሃንስን እናተመራሕና ኣዝዩ ደስ ዘብል ዑደት ኣካይድና። ናይ ብሓቂ ብባህላዊ መዳይ ክገልጾ እንከለኹ ንወራዶ መርዓ ዝግበረሎም ኣቀባብላ'ዩ ተገይሩልና። ንኣብነት ኣብ ከረን፡ ባረንቱ፡ ሃይኮታ፡ ተሰነይ፡ ተኾምብያን ሸላሎን...ወዘተ ኣዝዩ ዝደንቕ ኣቃባብላ'ዩ ብህዝቢ እቲ ከባቢ ተገይሩልና። ኣብ ዝኣተናያ ዓዲ ቡን፡ ሻሂ፡ ቁርሲ፡ ምሳሕን ድራርን ንጋበዝ ነይርና። እዚ ኸኣ ንሕና ኤርትራውያን ኣዝዩ ሓያል ዝኾነ ውዳበን ምክብባርን ምትሕልላይን ከምዘለና ዘንጸባርቕ ኮይኑ'የ ረኺበዮ፡ ትማሊ ክንነብር፡ ሎሚ ክንህሉ፡ ጽባሕ'ውን ብዝተዓጻጸፈን ዝሓየለን ክንህሉ ዘኽኣለናን ዘኽእለናን ድማ እዚ ሓያል ዝኾነ ውዳበ'ዚ'ዩ።

• ኣብ መወዳእታ ናብ ደቀንስትዮ ብሓፈሻ፣ ናብ ኣብ ወጻኢ ሃገራት ዝቕመጣ ኤርትራውያን ደቀንስትዮ ድማ ብፍላይ ተመሓላልፍዮ መልእ ኽቲ እንተሎ ንእሽቶ ዕድል ክህበኪ?

ብሕጽር ዝበለ ንህዝብናን ሃገርናን ኣብ ምሕያል ዓብዩ ተራ ክንጻወት ስለ ዘለና ካብ ናይ ትማሊ ንላዕሊ ሎሚ ንተዓጠቕ ጥራሕ'የ ክብል ዝደሊ።

ሕግን ሕብረተሰብን

ዑፈየ ስመርለይ! ንመርዓ'ዶ ንምትላል?

ሚኪኤል ጸጋይ

(ጸታዊ ኣጸሓሕፍኡ ብዘየገድስ 'መርዓን መጻምድቲን' ዝብሉ ቃላት ንክልቲኡ ጾታ ብማዕረ ይምልከቱ።)

ኣብ ሓደ ብ'ዑፈየ ስመርለይ' ባህጊ ልቢ ዝተገልጸሉ ዕሙር ዳስ፡ ብድሙቕ ሕብራዊ ብርሃንን ባላንቿናታትን ኣብ ዘጌጸ ሰንበት ለይቲ ንምትላልን ንላግጽን ዝተጻምበለ መርዓ ምርኣይ ብልቢ ዘጉሂ'ዩ!

ናይ ቀዳም ዙረት መርዓውቲ ተፈጺሙ፡ ምውቕ ሕልፎት ተኻይዱ። ሰንበት፡ መርዓት "ዑፈየ ስመርለይ" እናተባህለት ተሰንያ ምስ መርዓዊኣ ናብ ዳስ ወዲ ኣምሪሓ። ስልምቲ መርዓትን መርዓውን መዓልቦ ዓይኒ ዕዱማት ኮይኖም ቶርታ ክቖርሱን ክኳላለሱን ድሕሪ ምምሳይ ዕሰለ ተባህለ። ዉራይ ኣብ ምዝዛሙ ካብ ዳስ ናብ መደቀሲኦም ከምርሑ'ዉን ተራእዩ። ክሳብ'ዚ ኩሉ ነገር ጽቡቕ ነይሩ።

ድሕሪ'ዚ ኣብቶም ሰብ ዉራይ ቀዘዝ፡ ትሒም ትሒምን ኣፍ ምርምጣጥን ምርኣዩ እንታይ ድዩ ኢጋጢሙ ዘየብል ኣይነበረን። እታ መርዓት ብሃንደበት ካብ መርዓዊኣን መሓዙታን ሞሊቓ ከም ዝጠፍኣት ካብ ልሳናት ናብ ኣእዛን ተሰጋገረ። ካብ ዳስ ፍንትት ኢሎም ይጽበይዋ ምስ ዝነበሩ ዉዲተኛታት ዓርኪ መሓዙታ'ያ ተሰዊራ። ንኹሉ ዘርመመን ንወለዳ ዘሰንበደን ፍጻመ ከኣ ኮነ።

ጉዳይ ናብ ፖሊስ ቀሪቡ ብዝተገብረ ምጽራይ ድሕሪ ገለ ሰሙናት ኣብ ካልእ ሃገር ብደሓን ምእታዋ ተፈልጠ። ኣንባቢ፡ 'ጽቕጥቲ ዶኾን ነይራ!' ከይብል፡ እታ "መርዓት" ብዕድመ እኽልቲን ነቲ መርዓ ብዘይጸቕጢ ዝተቐበለቶን'ያ ነይራ። ወለዳ'ዉን ናብ ዘይትደልዮ መርዓ ክትኣቱ ዘገድዱ ኣይነበሩን። 'ካልእ ዓርኪ ኣሎኒ ወይ ድማ መደብ መርዓ የብለይን' ምባል ከሎ እቲ ዝተቐነዐ፡ ንሓደ ለይቲ'ኳ ምስ መመሓልታ ዘይትሓድረሉ "መርዓ ላግጺ" እያ ፈጺማ። ንምንታይ ከምኡ ፈጺማ ከይትሕተት ወሪኣ'ምበር ኣካላ

ኣይተረኽበን። እንተ መርዓዊን መቕርቡን 'ስቕ ጥዑም' ኢሎም ዉሸጢ ሕሩር ኮይኖም ተረፉ።

ኣደታት፡ 'ዑፈየ ስመርለይ!' ዝዝምራ፡ ወለዲ ዝምርቑ ካብታ ሓዳስ ስድራ ዝምንይዎ ነገራት ስለዘሎ'ዩ። ጀረሚ ተይለር ዝተባህለ ጸሓፊ፡ "መርዓ፡ ፈራይት ህዝበ-ዓለም፡ ዋሕስ ቀጻልነት ሃገረ-መንግስታት፡ ፈጣሪት ከተማታት፡ ምንጪ ሃይማኖትን መንግስተ ሰማያትን ኢያ።" ብምባል ገሊጽዋ። መንእሰያት ክልተ ጾታ ተጣሚሮም ሰላምን ምትሕግጋዝን ይፈጥሩ። ሰላም ክልቲኦም ናብ ደቆም ይሓልፍ። ብርሃን ናይታ ሰላማዊት ስድራ፡ ብርሃን ከባብን ሃገርን ይኸዉን። ነቲ "ዑፈይ ስመርለይ" ኢሉ ጽቡቓ ዝተመነየ ሕብረተሰብ ብዉላድ፡ ብልምዓትን ኣበርኪቶ ምዕባለን ትኸሕሶ። ዝተወልዱ ከኣ ኣገልገልቲ ህዝቢ፡ ጀጋኑ፡ መራሕቲ፡ ሞያዉያን ይኾኑ። ብስምርቲ ስድራ-ቤት ተኾስኲሶም እንተዓብዮም!

እንተኾነ ዑፍ ሓዳስ ቤት ከይትስምር ፈተናታት ይገጥማ ኣሎ። መርዓ፡ ሰሪሕካ እትነብረሉ፡ ጸገምካ ብሓቦ እትሰግረሉ፡ ትተሓላለየሉ ምኳኑ እናተረፈ፡ ንስምረት ዝዕንቅፍ ናይ ምትላልን ናይ ንግድን መርዓታት ይብርኸት ኣሎ። ኣብ ዝሓለፈ ዘበናት ከም ዓለማዉን ናይ ቅድስና ጥምረትን ዝዉሰድ ዝነበረ መርዓ፡ ሓደ ካብ ሜላታት ምትላል ኮይኑ ኣሎ። ብተወሳኺ፡ ብጉነጽን ጸቕጥን ዝግደድ መርዓ፡ ዝጸንሐ መርዓ ከይወገንካ ካልእ መርዓ ምፍጻም፡ ናይ ወሰን ስጋዊ ርክብ ምፍጻም፡ ኣመት ሓዳርካ ከይገበርካ ንዓመታት ምኹብላል ንስምረት መርዓ ካብ ዝፈተናኑን ንስድራቤት ካብ ዝበታትኑን ይኾኑ ኣለዉ።

መርዓ ብምትላል

መጻምድቲ፡ ቪዛ ወይ መንበሪ ምእንቲ ክቐበል ቃል-ኪዳን ክኣስርን ናብ ዘንቀዶ ሃገር ብዝኣተወ ንተቐባሊ ዶላራት ከፊሉ 'ተፈቲሐ' ኢሉ ክገላገል ዝግበር ምምሽጣር ንነዊሕ እዋን ተሰሪሕሉ'ዩ። ኣብቲ ንመገሻ 'ዘወናዉን' ሃገራት 50 እዋን ዝተመርዓወን ዝተፋተሐን ሰብ እንተተረኽበ ኣየገርምንዩ። ምኽንያቱ ዝምርያ ንሓዳር ኣይኮነን። መንበሪ ወይ ዜግነት ብገንዘብ ንምሻጥ'ዩ። ክብሪ መርዓን ስድራቤትን ዘሕስር ከኣ'ዩ። ሎሚ ምስ መረረ፡ መርዓ ንቪዛ ከም ምትላል ተራእዩ ምሁራት ስነ-ሕብረተሰብን ሕግን ንኽእረም ዝጽሕፍሉን ንፈጸምቱ ከኣ ብገበን ዘቕጽዕን ኮይኑ ኣሎ። ካብዚ ዝገደደ ከኣ እቲ ሓደ ብልቢ ንመርዓን ሓዳርን ዘንቀደሉ እቲ ካልኣይ ግን ቪዛ ንምሓዝ ሕቡእ ዕላማ ክህልዎ'ከሎ'ዩ።

'ካብቲ ሕማቕ ዝገብሩኻስ ሕማቕ ዘልምዱኻ' ከም ዝበሃል ገለ መንእሰያት'ዉን መርዓ፡ ንሓዳር ዘይኮነስ ንመጻምድቲ ብምትላል መስገሪ ክጥቀምሉ ይርኣዩ። 'መርዓ ሕራይ ይብሎ ወይ ይብላ፡ ኣብ ዝብጻሕ ምስ ኣብጽሓኒ/ትኒ ይጠልሞ/ማ።' ከም ሜላ ተወሲዱ ኣሎ። ነቲ ቅዱስን ቅኑዕን መውስቦ ዝፈጸመ ዝመስሎ ንጹህ መጻምድቲ፡ ንዓመታት ጽዒሩ ዘፍረዮ ወይ ገንዘብ ወለዱ ኣብ ዘይዕዉት ዉራያት ከስኪሱ ማይ ሓቕኑ ይተርፍ። ሰላም ዝዓሰሎ ስድራቤት ንምምስራት ዝተፈጸመ መርዓ ጠንቂ ግጭትን ዕግርግርን ይኸዉን። ነቶም ኣብ ቀጻሊ ዝምርዓዉ ምጥርጣር ዘሕድርን ዘጉሪርሕን ሕማቕ ተግባር ከኣ ይኸዉን። ጥዑይ መርዓ ዝፍጸም ዘሎ መሲልዎም፡ 'ትጸናብሩና ይግበርኩም!" ኢሎም ዝመረቑ

ወለዶይናታት ይፈላለዩም።

ኣብ ዉዕል መርዓ ዘታለለ ካብ ብኣዋርሕ ክሳብ ብ3 ዓመት ማእሰርቲ ክም ዝቕጻዕ ገበናዊ ሕጊ ዓንቀጽ 614 (3) ይሕብረና። ንኣብነት ንመርዓ ከፍርስ ዝኽእል መሰናኽል ምህላዉ እናፈለጠ ካብ መጻምድቱ ሓቢኡ ዝተመርዓወ ብምትላል ገበነኛ ይኸዉን። መርዓ ዘፍርሱ መሰናኽላት ዝበሃሉ፡ መጻምድቲ ንመርዓ ዝኣኽለ ክመስል ዕድሚኡ እንተወሲኹ፡ መውስቦ ዝኽልክል ዝምድና ምህላዉ ፈሊጡ ከሎ እንተዘይገሊጹ፡ ምርዑው ክም ዝኾነ ወይ ግቡእ ፍትሕ ክም ዘየካየደ እንተሓቢኡ ምጥቃስ ይከኣል (ገበናዊ ሕጊ ዓንቀጽ 614 (1) (2)።

ገበናዊ ሕግና ንኹሉም ናይ ምትላል ተግባራት ስለዘይዝርዝሮም፡ እቶም ሕቡኣት ዕላማታት ክብደቶም ብደያኑ ክምዘኑዩ

ዘለዎም። እዞም ዝስዕቡ ገለ ኣብነታት ናይ ምትላል ክኾኑ ክም ዝኽእሉን ክም ዘቕጽዑን ክግመት ይከኣል።

* ሓቀኛ ሃይማኖቱ (እምነቱ) ሓቢኡ ምስ መጻምድቱ ሓደ እምነት ክም ዘለዎ መሲሉ ዝተመርዓወ (እቲ ካልኣይ ነቲ ፍልልይ ተቐቢሉ መርዓ ክቕጽሎ እንተዘይመሪጹ)፡

* ዉላድ ክም ዘይደሊ እናፈለጠ ባህጊ ዉላድ ምስ ዘለዎ መጻምድቲ ብስቕታ ዝተመርዓወዎ ድሕሪ መርዓ ዉላድ ኣይደልን'የ ዝበለ፡

* 'መሲለ' ንምባል ወይ ናይ 'ምርዑው' ደረጃ ንምርካብ ጥራይ ዝተፈጸመ ኮይኑ እቲ መጻምድቲ ስጋዊ ርክብ ከይፈጸመ ዝተፈለየ ወይ ዝጠፍአ፡

* ዉላድ ከለዉኻ ክም ዘይብልካ መሲልካ ወይ ክም ዘይብልካ ገሊጽካ ምምርዓው (ካልኣይ መጻምድቲ ነቲ መርዓ ክቕጽሎ እንተዘይወሰኑ)።

'ብምትላል ወይ ኢጋየዖምኒ'ዮም ናብ ዉዕል መርዓ ኣትየ፡' ዝብል ተበዳሊ፡ እቲ በደል ዘይስገር እንተኾይንዎ ካብቲ ነቲ ምትላል ወይ ምግጋይ ዝፈለጠሉ እዋን ኣብ ዉሽጢ 6 ወርሒ መርዓ ናይ ምስራዝ ጥርዓን ክቕርብ ይግባእ። ብድምር ከኣ ድሕሪ ክልተ ዓመት ዝቕርብ ምልክታ ናይ ተታሊለ ተቐባልነት የብሉን።

መርዓ ከይውገኣ ካልእ መርዓ ምፍጻም

ምርዑው ዝጸንሐ ግቡእ ፍትሕ ከይፈጸመ ምስ ካልእ መጻምድቲ ምስ ዝምርዖ፡ ገበን መርዓ ኣብ ርእሲ መርዓ ይፍጸም (ገበናዊ ሕጊ ዓንቀጽ 616)። ድርብ መርዓ ክልተ ሓዳር ኣብ ሓደጋ ዘዉድቕ ተግባር'ዩ። ነቲ ካልኣይ ዝተኣትወ መርዓ ዘፍርስ፡ ተመስሪቱ ዝጸንሐ ምወቕ ቤተሰብ ሰንከልከል ዘብል፡ ናይ ካልኣይ መርዓ ተጻመድቲ ብገበን ዘቕጽዕ፡ ንጻምበልትን መሰኻኽርን ናይቲ ዘይቅቡል መርዓ ብገበን ዘሕትት፡ ሰቪላዊ ክርክር ኣልዒሉ ኣብ ካልኣይ መርዓ ናይ ዝተጠርየ ንብረትን ሃብትን ነቲ ቀዳማይ መርዓ ብምዕዳል ንዳሕረዋይ ተጻማዲ ዝሃሲ'ዩ።

ድርብ መርዓ ብገበን ክሳብ ሰለስተ ዓመት ማእሰርቲ የቕጽዕ። ካብኡ ሓሊፉ እቲ ድርብ መርዓ ዝፈጸመ ነቲ ናይ ካልኣይ መርዓ መጻምድቱ፡ "ግቡእ ፍትሕ ኣካይደየ ወይ ከኣ ቅድሚ ሕጂ ምርዑው ኣይነበርኩን" ብምባል ኣታሊልዎ እንተኾይኑ፡ ገበናዊ መቕጻዕቲ ክሳብ ናብ ሓሙሽተ ዓመት ጽኑዕ ማእሰርቲ ክብ ክብል ይኽእል። እቲ ናይ ካልኣይ መርዓ መጻምድቲ'ዉን እናፈለጠ ወይ ክረጋገጽ ዝኽእል'ከሎ ምስ ግቡእ ፍትሕ ዘይፈጸመ ብምምርዓዉ ካብ ኣዋርሕ ክሳብ ሰለስተ ዓመት ማእሰርቲ ናይ ምቕጻዕ ተኽእሎ ይህልዎ። ኣብዚ ክዝከር ዝግባእ፡-

* ኣብቲ ካልኣይ መርዓ ዝተፈጸመሉ እዋን ናይ ቀዳማይ መርዓ መጻምድቲ ሞይቱ እንተነይሩ ካልኣይ መርዓ ኣይፈርስንዩ። ገበናዊ መቕጻዕቲ'ዉን ኣይህሉን'ዩ።

* ናይ ድርብ መርዓ ገበናዊ መቕጻዕቲ ነቲ ብቁርኣን ቅቡል ዝኾነ ወዲተባዕታይ ኣብ ሓደ እዋን ንልዕሊ ሓንቲ ናይ ምምርዓዉ ኣገባብ ኣይትንክፎን'ዩ (ገበናዊ ሕጊ ዓንቀጽ 617)።

መርዓ ብጉነጽን ብምፍርራሕን

መርዓ ጉነጽን ምፍርራሕን'ዉን ካብ ጅምሩ ዘይቀርዓየዩ። እቲ ሓይልን ምፍርራሕን ንስቕታ ተጻማዲ ደረኹ ይኸዉን። ብሓይሊ ዝተመንዘዐ ፍቓድን ወለንታን ብሀይሆይታን ኣልባሳት መርዓን ይተሓባእ'ምበር ኣብታ ትምስረት ዘላ ሓዳር ዝተሓብአ ነታጉ ጌርካ ክወሰድ ይከኣል'ዩ። ኣብ ምቹእ እዋን እቲ ዘይረደየ መጻምድቲ ካብቲ ናይ ጉነጽ ሓዳር ንምግልጋል ሕጋዊ ስጉምቲ ከይወሰደ ኣይተርፍን'ዩ። ኣብ ልማድ፡ ንጓለንስተይቲ ዘረፍካ ምዉሳድ ዝብል ኣገባብ መርዓስ ነይሩ'ዩ። ምዝራፍ፡ ብዘበናዊ ቋንቋ "ምጭዋይ" ማለት'ዩ። ጨዊኻ ምምርዓው። ገበናዊ ሕጊ ዓንቀጽ 558 ብጉነጽን ምፍርራሕን ወይ ንጓለንስተይቲ ብምዝራፍ ወይ ብምጭዋይ ዝፍጸም መርዓ ብገበን ክሳብ 3 ዓመት ዘእስር ምኻኑ ይሕብረና። እታ "ዑፈየ ስመርለዩ!" ዝተባህለላ መጻምድቲ ነቲ ብጉነጽ ዝኣተወቶ መርዓ ክትቕጽሎ እንተወሰና ሓዳር ይቕጽል'ዩ። ገበናዊ መቕጻዕቲ ከኣ ኣይህሉን። ብድልቲ ክም ዝተዓረቐት ወይ ይቕረታ ገይራ ክም ዝተቐበለቶ ይዉሰድ ኣሎ ማለት'ዩ።

ዝሙት

ሓደ ካብ ምርዕዋት፡ ካብ ሓዳሩ ወጻኢ ምስ ዝርከብ ተቓራኒ ጾታ ስጋዊ ርክብ ብዝፈጸመ ዘጋጥም ገበንን ሲቪላዊ ጥፍኣትን'ዩ። 'ሓደ ነቲ ኻልእ እሙን ክኸዉን' ዝብል መሰረታዊ ሲቪላዊ ሕግን ስነ-ምግባርን ዝግህስ ከኣ'ዩ። ዝተበደለ መጻምድቲ፡ ሓዳሩ ክቕጽል እንተመሪጹ ምሕረት ገይሩ ክቕጽል መሰሉ'ዩ። ካብኡ ዝተረፈ ዝሙት ጠንቂ ፍትሕ ምኻኑ ሕጊ ገሊጽዎ ኣሎ። ብገበንዉን ካብ ኣዋርሕ ክሳብ 3 ዓመታት ዝበጽሕ መቕጻዕቲ የስዕብ (ገበናዊ ሕጊ ዓንቀጽ 618)። ዝሙት ክም ዝተፈጸመ ኣብ መደበር ፖሊስ ጥርዓን ዘቕርብ እቲ ዝተበደለ መጻምድቲ ባዕሉ ጥራይ'ዩ። ወለዲ ወይ ኣሕዋት ናይቲ ተበዳሊ ጥርዓን ከቕርቡ ኣይፍቀደሎምን'ዩ። ምስቲ በዓል ሓዳር ዝሙት ዝፈጸመ ወልቀሰብ እዉን ብገበን ይቕጻዕ'ዩ። መጠን መቕጻዕቲ ማዕረ'ቲ ኣብ

ርእሲ ሓዳሩ ዝዝመወዩ። ኣብዚ ክዝከር ዝግባእ:-

- ጉዳይ ዝሙት እናኣከረኸረ ወይ መቕጻዕቲ ተወሲኑ'ዉን እንተኾነ ጥርዓን ዘቕርበ መጻምድቲ እንተሞይቱ እቲ ጉዳይ ደው ይብል (ይዕጾ) (ገበናዊ ሕጊ ዓንቀጽ 619)።

- እቲ በዓል ሓዳር ዝፈጸሞ ዝሙት ምስ ትሕቲ ዕድመ እንተኾይኑ ብክልተ ገበን ማለት ብዝሙትን ብስጋዊ ርክብ ምስ ትሕቲ ዕድመን ብድርብ ይቕጻዕ (ገበናዊ ሕጊ 620)።

ምኹብላል ካብ ሓዳር

መርዓ ሓሊፉ ሓዳር ድሕሪ ምምስራቱ፡ ሓደ መጻምድቲ ኪይፈለጠን ንስራሕ ተባሂሉ ብስምምዕ ዝተገብረ መገሻ ኣብ ዘይኮነሉን፡ ዝሓከለ ወይ ኣመት ሓዳሩ ዘይገበረ መጻምድቲ ተሓቲቱ ዘይእረም እንተኾይኑን ንክልተ ዓመት እንተቐጺሉን እቲ ብዱል መጻምድቲ ብዘቕርቦ ምልክታ ፍትሕ ተወሲኑ ሓዳር ዘፍርስ ይኸዉን።

መጠቓለሊ

መርዓ በቲ ሓደ ወገን ዉልቃዉን ነቶም መርዓውትን ደቆምን ጥራይ ዝምልከት'ዩ ዝመስል። እንተኾነ ሕጉስትን ጥዕይትን ስድራቤት ከኣ ንህዝብን ሃገርን ኣገዳሲት'ያ። ስለዚ ጥዕይቲ ስድራቤት ምምስራት ብቐንዱ ሓላፍነት ናይቶም ጣምራ መጻምድቲ'ዩ። ሕብረተሰብን መንግስትን ከኣ ነቶም መጻምድትን ደቆምን ብትምህርቲ፡ ብኣልያ፡ ኣብ ኣድላዪ እዋን ከኣ ብሕጊ ክሕግዙን ክሕልዉዋን ኣድላዪ'ዩ። ሕጊ ስድራቤት ንህንጻ ድልድልቲ ስድራቤት ኣበርክቶ ምእንቲ ክገብር ቀጻሊ ምክትታልን ምምሕያሽን የድልዮ። ደያኑ፡ ሽማግለ ቤተሰብን ካልኦትን ከኣ ንዘበለጸ ረብሓ ተጻመድቲን ዉሉዳትን ዝእረም ጉድለታት ኣረምምን ዓሪቕምን ቀጻልነት ስድራ ከረጋግጹ፡ ኣብ ዘይጽገን መስበርቲ ንዘወደቓ ስድራታት ወይ ንመርዓ ምትኻል ከኣ መዚኖም ቅኑዕን ስሉጥን ፍታሕ ናይ ምሃብ ከቢድ ሓላፍነት ኣለዎም።

***

መልእኽቲ ካብ ሩት!

ኣብ ዝሓለፈ ሕታም ናይ'ዚ መጽሔት ብናእሚ ዝተመሓላለፈ መልእኽቲ ተመልኪተዮ። ዓመጽን ብድሌት ዝፍጸም ስጋዊ ርክብን ኣብ ምፍልላይ ዘጋጥም ዘሎ ሕጽረትን ግድዓት ደቀንስትዮን'ዩ ነይሩ መልእኽቱ።

እነሆ ከኣ ሕጂ ካልእ ኣብነት ግድዓት ደቀንስትዮ።

ወዲ 23 ዓመት ኒኮላስ ንሓንቲ ጓለንስተይቲ ብምዕማጽ ተኸሲሱ ካብ ዝነበረ ቤት ፍርዲ ብናጻ ብምስንባቱ እናሰሓቐ ወጺኡ። '20 ዓመት'ዶ ይእሰር 30 ዓመት' ኢሉ ክጭነቕ ከም ዘይቀነየ፡ 'ገበን የብለይን።' ብዝተባህለ ከበሮ ሓምሓም እናሃረመ ወጺኡ። ምስታ ስማ ዘይተረቐሓ ጓለንስተይቲ ሓደ ሪ ሌላ ነይርዎም'ዩ። ሙዚቃ ክምህራ ኣብ ስትደየኡ ከላ'ያ ስጋዊ ርክብ ተፈጺሙ፡ ንሳ "ተዓሚጸ" ትብል፡ ንሱ ድማ "ብድሌታ ዝተፈጸመ ስጋዊ ርክብ'ዩ" ይብል።

እቶም ደያኑ ሓንቲ ከም መረዳእታ (መርትዖ) ዝወሰድዋ፡ "እታ ጓለንስተይቲ፡ ጸቢብ፡ ናብ ኣካላታ ዝጠበቐ ጂንስ ወድያ ብምንባራ፡ እቲ ክሱስ ብዘይ ፍታዋ ወይ ንበይኑ ልብሳ ብሓይሊ ከውጽኦ ኣይክእልን'ዩ፡ ተቓውሞ እንተዘይገበራ ረዲኢ ምረኸበት" ዝብል'ዩ። ጉዳም'ዩ! ጸኒሕናስ ካልእ ክንሰምዕ ኢና!

ገበነኛታት ከከንዲ ማሳ ብዝኸዉን ልክዮቶ (መፍትሕ) ዝተዓጽወ ፋይናንሳዊ ህንጻታት ወይ መኽዘናት ሰይሮም ኣትዮም ዓቢ ርእሰማልን ከቢድ ንብረትን ዘሪፎም ዝብል ዜና ንሰምዕዶ የለናን ኢና?። ልብሲ ጓለንስተይቲ ብሓይሊ ካብ ኣካላታ ምዉጻእ ደኣ ከመይ'ሉ'ዩ ከቢድ ኮይኑ!

ከምዚ ዓይነት ጉዳያት ይደጋገሙ'ዩ ዘሎ። ኣብ ሃገረ ኮርያ'ዉን ክርክር ቀጥ ዝበለ ጂንስን ዓመጽን ተላዒሉ፡ ታሕተዋይ ቤት ፍርዲ ነቲ ክሱስ ናይ 7 ዓመት ማእሰርቲ በይኑሉ ነይሩ። ይግባይ ሰማዒ ቤት ፍርዲ ግን ነቲ ማእሰርቲ ኣትሪፉ ጥርጡር ብነጻ ክሰናበት ወሲኑ። 'ጥዑይ የፍርዶም!' ይብል ኣባሓጐይ!

ኣብ ሃገረ ኢጣልያ ተመሳሳሊ ጉዳይ ብዝተላዕለ ተዓዚቡቲ ብኣንክሮ'ዮም ተኸታቲሎሞ። እቲ ይግባይ ሰማዒ ቤት ፍርዲ፡ "ቀጥ ዝበለ ጂንስ ዝተኸደነት ጓለንስተይቲ ብዘይ ድሌታ ኣይትዕመጽን።" ንዝብል ዉሳነ ታሕተዋይ ቤት ፍርዲ ሰሪዙ፡ 'ግዳያት ዓመጽ ለቢሰንኦ ዝጸንሓ ቀጥ ዝበለ ጂንስ፡ ከምቲ ዓመጽ ንምክልኻል ዝወደየኦ ቁልፊ (chastity belt) ጌርና ክንርእዮ ኣይግባእን'ዩ" ክብል ወሲኑ። እቲ ክሱስ ከኣ ብገበን ተፈሪዱን ተቐጺዑን።

ኣደ መንበር ሃገራዊ ማሕበር ሓገዝ ንግዳያት ዓመጽ፡ ወይዘሪት ቨሮኒካ ዊንሲን ንጋዜጣ ሞርኒንግ ሄራልድ፡ "ጸቢብ ጂንስ ብሓይሊ ዓማጺ ክወጽእ ኣይክእልን" ዝብል ዘይቅኑዕ ምጉት ንግዳያት ዓመጽ ደቀንስትዮ የግድዕ ከም ዘሎ ዝሃበቶ ሙብርሂ ከየመስገንክዋ ክሓልፍ ኣይደለን። ንሳ፡ "ዝኾነ ዓይነት ክዳን'ዉን ብሓይሊ ክወጽእ ይኽእል'ዩ።" ክትብል ኣረዲኣ። ናብ ካልእ ንጓለንስተይቲ ዘገድዕ ፍርዲ ነይሩ ደሓር ዝተኣረመ ጉዳይ ክሓልፍ!

ብ1992 ኣብ ኣመሪካ፡ ክፍለ-ግዝኣት ቴክሳስ፡ የኤል ሬነ ቫልደዝ ዝተባህለ መንእሰይ፡ ናብ ሓንቲ ጓል-ኣንስተይቲ ካራ ብምቕናዕ፡ ምስኡ ስጋዊ ርክብ ክትፍጽም ኣገደዳ። ሽዕኡ ንሳ ዝነበረቶ ቦታን ሰዓታትን ርእያ መዋጽኦ ከም ዘይብላ ስለዝተረደኣት፡ ሕቶኡ ስጋዊ ርክብ ካብ ኩሉ፡ ካብ ዘይተደለየ ጥንሲ ንምድሓን በቲ ሓደ ሸነኽ፡ ብቐንዱ ግን ካብቲ ሽዕኡ ንኣመሪካዉያን ዘሻቕለን ዝቐትለን ዝነበረ ሓደሽ ተላባዒ ሕማም ኤይድስ ክትድሕን ኢላ፡ ንኣጥቃዒኣ ኮንዶም ክጥቀም ኣዘኻኸረቶ። ኮንዶም ከም ዘይብሉ ስለዝነገራ፡ ኣብ ቦርሳኣ ሒዛቶ ካብ ዝነበረት ኮንዶም ሃቢቶ'ሞ ስጋዊ ርክብ ተፈጸመ።

እታ ጓለንስተይቲ ናብ ሕጊ ስለ ዘመልከተት ቫልደዝ ብፖሊስ ተቐየደን ናብ ቤት ፍርዲ ቀረበን። እቲ ቀዳማይ ቤት ፍርዲ፡ "ስጋዊ ርክብ ብኮንዶም ክፍጸም ምፍቃዳን ምስኡ ዝጸንሐ ኮንዶም ኣውጺኣ ምሃባን ንስጋዊ ርክብ ፍቓደኛ'ያ ነይራ።" ዝብል መረዳእታ ብምዉሳድ ንቫልደዝ ነጻ ኢሉዎ። ቫልደዝ ብናጻ ምስንባቱ ንህዝቢ ኣቖጠዐ። ኣብ ሓያሎ ከባቢታት'ዉን ከቢድ ናዕቢ ሰዓበ። ሽዕኡ፡ እቲ ጉዳይ ኣብ ካልእ ቤት ፍርዲ ዳግማይ ክርኣ ተወሰነ። ድሕሪ ዝተኻየደ ክርክር ከኣ ረነ ቫልደዝ ገበነኛ ምዃኑ ተፈርደን ማእሰርቲ ብርክት ዝበለ ዓመታት ተበየነሉን።

ኣሕዋተይን ኣሓተይን! ብፍቓድ ወይ ወለንታ ጓለንስተይቲ ዝፍጸም ስጋዊ ርክብን ብሓይሊ ዝካየድ ዓመጻዊ ምግሳስንሲ መኣስ'የን ምፍልላዮን ዘከኣልን ግዳያት ዓመጽ ፍትሒ ዝረኽባን?

ማህደር ታሪኽ

ገድሊ ምእንቲ ምግዳል

መሓመድ እድሪስ መሓመድ

ቃልሲ ደቀንስትዮ ኤርትራውያን ንናጽነትን ልኡላውነትን ንሰለስተ ወለዶታት ዝቐጸለ እዩ። ጓል ጅዋኒ'ውን ሓንቲ ካብተን ካብ መፋርቕ ሱብዓታት ጀሚረን ክሳብ ሎሚ ምእንቲ ሃገርን ህዝብን ተቓሊሰን ገና'ውን ቓልሰን ዝቕጽላ ዘለዋ ዜጋታት እያ። ስማ ሓረጉ ገረመስቀል እዩ፡ ዝያዳ ግን ብጓል ጅዋኒ ትፍለጥ። ሓረጉ ሓንቲ ካብተን ኣብ ንኡስ ዕድመአን ናብ ሃገራት ዓረብ ብፍላይ ድማ ናብ በይሩት ሊብኖስ ዝተሰዳ ኮይና፡ ኣብ ስራሕ ገዛ ተቖጺራ እናሰርሐት፡ ኣባል ሓፋሽ ወድባት ኮይና ቓልሳ ዝፈለመት እያ። ሓረጉ ኣብ ኣስመራ ተወሊዳን ዓብያን። ኣብ ንኡስ ዕድሚኣ ዕድል ትምህርቲ ስለዝረኸበት ከኣ ካብ 1ይ ክሳብ 2ይ ክፍሊ ኣብ ቤት ትምህርቲ ቅዱስ ኣንጠንዮስ ኣስመራ፡ ካብ 3ይ ክሳብ 4ይ ኣብ ቤት ትምህርቲ ወንጌላዊት፡ ካብ 4ይ ክሳብ 8ይ ክፍሊ ድማ ኣብ ቤት ትምህርቲ እቴጉ-መነን ናይ ሎሚ ቤት ትምህርቲ ኣዱሊስ ተማሂራ። ድሕሪ ናጽነት ድማ ኣብ ደቀምሓረ ሓደ ዓመት ድሕሪ ምምሃር፡ ኣብ ቤት ትምህርቲ ቀይሕ ባሕሪ ኣስመራ ተማሂራ።

ሓረጉ ገና ብንእስነታ ሃገራዊ ስምዒት ስለዝሓደራ ካብ መፋርቕ ሱብዓታት ንደሓር ኣብ ውሽጢ ኣስመራ ከም ኩሎም ኤርትራውያን መንእሰያት ብምስጢር ተወዲባ ትሰርሕ እኳ እንተነበረት፡ በቲ ኣብ ማእከል ጸላኢ ኮይና እተሰርሖ ሃገራዊ ዕማም ስለዘይዓገበት፡ ንሜዳ ወጺኣ ክትጋደል ከይተሓለለት ጽዒራ'ያ። ፈለማ በረኻ ወጺኣ ክትጋደል ኣብ ዝሓተተሉ እዋን ገና ጽንሒ ስለዝተባህለት ግን ኣይሰመረላን። ኣብ 1975 ኣብ ኣስመራን ከባቢኣን ግፍዕታት ጸላኢ ምስ ኸረረን ህዝቢ ኣስመራ ክቕተልን ክዝረፍን ምስ ረኣየት ከኣ ናብ ስደት ኣምሪሓ። ባሕሪ ሰጊራ ናብ ሊብኖስ ከተማ በይሩት ኣትያ። ኣብኡ ሰራሕተኛ ገዛ ተቖጺረት። ጓል ጅዋኒ ሃማን ቀልባን ሰሊቡ ዝነበረ ብቕንዱ ገድሊ እዩ። ነዊሕ ከይጸንሐት ከኣ፡ ኣብ በይሩት ቤት ጽሕፈት ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ኤርትራ ከይዳ ተወደበት። ሽዑ እውን ናብ ኣስመራ ክትምለስ'ሞ ካብኡ ድማ ናብ ሜዳ ክትወጽእ እዩ ነይሩ ሓሳባ።

ጓል ጅዋኒ ድሕሪ ሓደ ዓመት ናብ ኣስመራ ተመልሰት። ከይወዓለት ከይሓደረት ከኣ ናብ ሜዳ ነቐለት። ኣብ 1977 ከተማታት ሓራ ዝወጽኣሉ ዝነበረ እዋን ድማ ንሳሕል ከይዳ፡ ፋሕ

(ሰሜናዊ ሳሕል) በጽሐት። ዝሰለጣ'ኳ እንተመሰላ ሽዑ'ውን ዕድል ኣይገበረትን። "ተመለሲ ቃልስኺ ኣብ ዘለኽዮ ቀጽሊ" ስለዝተባህለት እቲ ናይ ምግዳል ባህጋ ከይሰለጣ ከይፈተወት ካብ ፋሕ በታ ዝኸደታ መንገዲ ናብ ኣስመራ ተመልሰት። ሃማን ቀልባን ቡቶም ኣብ ሳሕል ዝረኣየቶም ተጋደልቲ ተሰሊቡ ስለዝነበረ፡ ምግዳል እኳ እንተዘይሰለጣ ተጋዳሊት ክትመስል ጸጒራ ኣፍሮ ገይራ ነታ ተጋደልቲ ዝተሰኣሉዋ ማልያ ተኸዲና ናብ ኣስመራ ተመልሰት። ኣይተፈለጣን። እታ ማልያ ተኸዲኒታ ስለዝኣተወት ካብ ዓይኒ ኣባይ ንስክላ እያ ድሒና። ሽዑ ጸላኢ ቀሊዑ እንተዝርእያ እንታይ ዓይነት ስጉምቲ ምተወስደላ ፍሉጥ'ዩ።

ሓረጉ እቲ ናይ ምግዳል ባህጋ ንካልኣይ ግዜ ምስ ፈሸላ፡ ካብ ኣስመራ ብመንገዲ ኣየር ኢትዮጵያ ናብታ ዝነበረታ ከተማ በይሩት ተመልሰት። ኣብ በይሩት ድማ ምስተን ኣብኡ ዝነበራ ኩሉንትናይ ንሃገረይ ዝብላ ኤርትራውያን ደቀንስትዮ ኮይና ሓርነታዊ ቓልሳ ኣብ ስደት ቀጸለት። ሽዑ እተን ኣብ በይሩት ዝነበራ ደቀንስትዮ ኣብ ምውጻእ ገንዘብ፡ ኣብ ምንቃሕን ምውዳብን ከምኡ'ውን ኣብ ኣካዳሚያዊ ትምህርቲ ዕዙዝ ተራ ይጻወታ ከምዝነበራ ሓረጉ ተዘንቱ።

ጓል ጅዋኒ ኣብ በይሩት ንጥፍትን ወፍይትን ሓፋሽ ወድብ ብምንባራ ካብ በይሩት ሜዳ ክተኣቱ ዕድል ረኸበት። ናብ ሜዳ ምእታዋ ድማ እቲ ናይ ምግዳል ባህጋ ዝተማለኣላ ኮይኑ ተሰመዓ። ኣብ 1978 ካብ በይሩት ምስ ብጾታ ኤልሳ መስፍንን ገነት ገብረየሱስን ናብ ሜዳ ዝነበረ ጉዕዞኣ ግን፡ ናብ ክፍሊ ታዕሊም ዘይኮነ ኣብ ታሽዓይ ዙርያ ካድር እዩ ዝነበረ። እቲ ጉዕዞ ካብ በይሩት ናብ ካርቱም ካብ ካርቱም ድማ ብመንገዲ ፖርሱዳን፡ ናብ ሳሕል ነበረ። ኣብ መንተብለ ሰምሃር ድማ፡ ምስቶም ካብ ኩሉ ክፍልታትን ሓይልታትን ህዝባዊ ግንባር ዝተወከሉ ካድራት ኣብ ታሽዓይ ዙርያ ካድር ተጸንበረት።

ኣብ ገድሊ ካድር ክቡር ትምህርቲ'ዩ። ካድር ዝመሃር፡ ብኩለንትንኡ ንቑሕን ውፉይን ሰብ'ዩ። ካድር ምምሃር ዝያዳ ሓላፍነት ምስካም ማለት'ዩ። እቲ ኣብ ካድር ዝወሃብ ዝነበረ ትምህርቲ፡ ንበዓል ሓረጉ ዝያዳ ውፉያት ተቓለስቲ ክኾና ድርኺት ኮይኑወን እዩ።

ታሽዓይ ዙርያ ካድር ኣብ ምዝዛሙ፡ ሃንደበት ሓድሽ ወተሃደራዊ ኩነታት ተፈጥረ። በዓል ሓረጉ ከይፈለጣ መካይን መጺአን ነቶም ተጋደልቲ ብምሉኦም ወሰድኦም። ናብቲ ኣብ ባጽዕ ዝካየድ ዝነበረ ውግእ እዮም ተበጊሶም። ሽዑ በዓል ሓረጉ መሬት ጸምጸም ምስ በለን እናተገረማ ናብቶም ሓለፍቲ ብምኻድ "ንሕና'ኸ ካድራት'ዶ ኣይኮንናን? ዓቕምና ከነብርክት ኢና" ኣብ ሓንቲ ላንድሮቨር ብሓይሊ ተሰቒለን ናብ ባጽዕ መረሻ። ሽዑ ኣብ ባጽዕ ብርቱዕ ውግእ ይካየድ ነበረ። ጸላኢ ኣሎ ዝበሃል ኣጽዋራት ፋሉላትን ሚሳይላይን ኣገዲሙ የጥቅዕ ነበረ። ምስቲ ካብ ሰማይ ዝዘንብ ዝነበረ ቦምባታት እታ ከተማ ናብ ሓደ ብርቱዕ እሳተ-ጎመራ ዝነትጎላ ሜዳ ተቐዪራ ነበረት። ተጋደልቲ ብጅግንነት እናተዋግኡ ክቡር ዋጋ ዝኸፍለሉ ዝነበረ እዋን እዩ ነይሩ። ታሽዓይ ዙርያ ካድር፡ ካብ መንተብለ ተበጊሳ ኣብ ዓውደ ኲናት ባጽዕ ተገዲማ መስዋእትን መውጋእትን እናኸፈለት መስተንክር ዝሰርሐት ዙርያ ነበረት። በዓል ሓረጉ እውን ወተሃደራዊ ታዕሊም'ኳ እንተዘይወሰዳ ነቲ ኣብ ቤት ትምህርቲ ካድር ዘቕሰመኦ ፖለቲካዊ ትምህርቲ ጥራይ ዓጢቐን ምስ ዙርያአን ኣብቲ ዓውዲ ውግእ ተሳተፋ። ዝተወግኡ ተጋደልቲ ኣብ ምእላይን ስንቂን ዕጥቂን ኣብ ምቕባልን ከኣ ልዑል ኣበርክቶ ገበራ። ውግእ ባጽዕ፡ ግቡእ ወተሃደራዊ ታዕሊም ዝወሰዱ ተጋደልቲ ጥራይ ዘይኮነ ከም በዓል ሓረጉ ዝኣመሰላ እተን እንተርፎ ንቕሓትን ተወፋይነትን ካልእ ዕጥቂ ዘይነበረን ካብ በይሩት ዝመጽኣ ደቀንስትዮ እውን ዝተሳተፋሉ እዩ ነይሩ። ንሳተን

በቲ ካብ መሬትን ባሕሪን ሰማይን ዝትኮስ ዝነበረ ቦምባታትን ሚሳይላትን ኪይተዳህላ ነቲ ካብኣን ዝድለ እጃም ከበርክታ ከለዋ ዝያዳ ኲርዓትን ሓበንን ይስመዐን ከምዝነበረ ሓረጉ ተዘንቱ።

ሓደ ግዜ ነፋሪት ዝደርበየቶ ቦምባ ኣብ ከባቢኣን ምስ ወደቐ፡ ድሕሪ'ቲ ብርቱዕ ድምጺ መሬት ብትክን ደሮናን ተዓብለኸት። ኤልሳ መስፍን ድማ ኲሉ ኣካላታ ብሓመድ ተደብየ። በዓል ሓረጉ ኤልሳ ዝተሰውኣት ኮይኑ ተሰመዐን። ኤልሳ እውን ከምኡ ተሰሚዑዋ ብሓመድ ተደብያ ከምዚ ክትብል ተዛረበት:- "ብጾት ኣነ ተሰዊአ መስለኒ፡ ንስኽን ኸኣ ኣጆኽን በርተዓ ኣይትሕመቓ" ክትብል ተላበወተን። ድሕሪ ቅሩብ ግን ኤልሳ ሓመድ ነጊፋ ተንስኣት። ስንባደኣን ንእለቱ ናብ ሰሓቕን ጭርቃንን ተቐየረ።

ብሓቂ ጉዕዞ ገድልና ጉዕዞ ተወፋይነትን

ሓፋሽ ወድባት፡ "ንሕና'ውን ክንሕግዝ ኣሎና" ብምባል፡ ኣብ ከረን ንውጉኣት ዝኸውን ሕክምና ብሽመን ክሃንጹ ናብ ውድብ ጠለብ ኣቕረባ። እንተኾነ ጠለበን ኪይተመለሰለን ምዝላቕ ስለዘርከበ፡ ሕጂ'ውን እተን ደቀንስትዮ፡ እቲ ኣብ ሰሜናዊ ሳሕል (ሰቐርቀጠ) ዝነበረ ማእከላይ ሕክምና ወድብ ንዐኣን ሓወልቲ፡ ንህዝባዊ ግንባር ድማ ሓገዝ ክኸውን ህንጻ ክሰርሓሉ መሬት ክወሃበን ሓተታ። ሽዑ ሓደ ካብ ሓለፍቲ ሕክምና ሰቐርቀጠ፡ "ደሓን ንኣበርክቶኽን ዝገልጽ ሓወልቲ ኣብ መጽሔት መሪሕ ተሰኒዱልክን ኣሎ ወፈያኽን ድማ በጽሑናዩ ይቐንየልና" ብምባል ነቲ ሓገዘን ዝገልጽ ዜና ኣብታ መጽሔት ኣርኣየን። ዘገርምዩ፡ ሓፋሽ ውድባት በይሩት ነቲ ኣብ እንዳ እማተን እናኾደማ ዘዋህለልኦ ገንዘብ ክንዲ ንሰድራና ንሰውራና ብምባል'የን ናብ ረብሓ ሰውራ ዘውዕልኦ ዝነበራ።

እተካይዶ ዝነበረት ገድሊ ግን ገና ይቕጽል ነበረ።

ሓረጉን ብጾታን ኣብ በይሩት ሃገራዊ ቓልሰን እናቐጸላ ከለዋ፡ ከም እንደገና ኣብ 1979 ኣብ ኣራግ ኣብ ዝተጋብአ መስራቲ ጉባኤ ሃማደኤ ክሳተፉ ናብ ሳሕል ተበገሳ። ሓረጉ ኣብ ሳሕል ኣብ ትመጽኣሉ ናይ ወትሩ ጠለባ "ኣይምለስን፡ ኪጋደል'የ" ዝብል ነበረ። ድሌት ሓረጉ ኣብ ወጻኢ ዘይኮነ ኣብ ሜዳ ክትጋደል እዩ ዝነበረ። ሽዑ እውን ውድብ ናብ ቦታኣ ክትምለስ'ዩ ወሲኑ። ብኸምዚ ጓል ጅዋኒ ድሕሪ ጉባኤ ሃማደኤ ከም እንደገና ካብ ኣራግ ናብ በይሩት ተመልሰት።

ዓመተ 1980 ግን ንጓል ጅዋኒ ሓሳብ ልባ ዘስመረትላ ዓመት ነበረት። ነቲ ካብ መፋርቕ ሰብዓታት ዘካየደቶ ገድሊ ምእንቲ ምግዳል ኣዎንታዊ ማዕልቦ ረኸበ። ኣብ መበል ሓምሻይ ፈተነ፡ እታ እትብህጋ ዝነበረት ተጋዳሊት እትብል



ጽንዓትንየ። እተን እንትርፎ ከተማን ስደትን ካልእ ተመክሮ ዘይነበረን ኤርትራውያን ደቀንስትዮ በይሩት ካብ ሓፋሽ ወድባት ሓሊፈን ኪይተዓለማ ጀጋኑ ተዋጋእቲ ኮይነን። እቲ ወግእ ኣመና መሪር ጽንኩርን እዩ ነይሩ። ኣብቲ ጽዕጹዕ ውግእ ካብ ኣለይቲ ተማሃሮ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ዝነበረት ኣባል ታሽዓይ ዙርያ ካድር ሓዋ መሓመድኑር ኩብዳን ርእሳን ተሃርመት። ጓል ጅዋኒ ተሰኪማ ናብ ሕክምና ክተብጽሓ ናብ ዝባና ሓዘለታ። ሓዋ ነዋሕ ቁመት'ያ ዝነበረት። ሓረጉ ድማ ሓጻር። ኣእጋር ሓዋ ኣብ መሬት ጎሰስ እናበለ ከኣ፡ ሓረጉ ተሰኪማ፡ ካብ ሃልሃልታ ውግእ ናብቲ ውጉኣት ዝእከቡሉ ዝነበሩ ቦታ ኣውጺኣታ።

በዓል ሓረጉ፡ ብዘይ ታዕሊምን ዕጥቅን ኣብ ወግእ ባጽዕ ድሕሪ ምቕናየን፡ ብመምርሒ ወድብ ወጽኣ ተባሂለን ናብ ሳሕል ኣምርሓ። ክሳብ ቦታኣን ዝኸዳ ድማ ኣብ ሳሕል ሕክምና ሰቐርቀጠ፡ ደብዓት፡ ብሌቓትን ዜሮን ምዕባለ ሰውራ ክርእያ ዕድል ረኸባ።

ሓደ እዋን ኣብ በይሩት ኮይነን ዝቃለሳ ዝነበራ

ሓረጉ ኣብ ሳሕል ኣብ ዝጸንሓትሉ፡ "ናብ በይሩት ኣይምለስን'የ ኪጋደል'የ" ኢላ ጠለብ ኣቕረበት። እንተኾነ ሕጂ'ውን ቃልሳ ኣብ ስደት ክትቕጽል ወድባዊ መምርሒ ተዋህባ። ከይፈተወት ድማ ካብ ሜዳ ነቶም ኣብ ባጽዕ ዝገድፈቶም ስውኣት ብጾታ እናዘከረት ናብ ሊባኖስ ተመልሰት። እቲ ምእንቲ ምግዳል

ስውእቲ ተጋዳሊት ሓዋ

ቕጽል ሽም ረኸበታ። ኣብ ዓራግ ወተሃደራዊ ታዕሊም ድሕሪ ምቕሳም ኣብ ህዝባዊ ምምሕዳር (ጀማሂር) ሳሕል ተመደበት። ካብዚ እዋን'ዚ ንደሓር፡ ጓል ጅዋኒ ተጋዳሊት ኮይና ክሳብ ናጽነትን ድሕሪኡን ሓንሰብ ኣብ ሜዳ፡ ሓንሰብ ድማ ኣብ ሱዳን እናተንቀሳቐሰት ሃገራዊ ዕማማ ብተወፋይነት ክትፍጽም ዕድል ረኸበት።

ጓል ጅዋኒ ኣብ ሜዳ ሓዳር መስሪታ፡ ኣብ 1982 ቦኽሪ ጓላ ምስ ወለደት ሓሬና ዝብል ሽም ኣጠመቐታ። ሓሬና ኣብ ግንባር ናቕፋ ዘሎ ምስ ደንደን ዝዳረግ ታሪኻዊ ጎቦ'ዩ። ደቂ ተጋደልቲ ድማ ኣስማቶም ነቲ ታሪኻዊ ቦታታት ኣብ ግምት ብምእታው ሓሬና፡ ደንደን፡ ደጀን ወዘተ። ዝብል ኣስማት የውጽእሎም ነበሩ። ሓሬና ገርዝግሄር ድሕሪ ናጽነት ትምህርታ ወዲኣ፡ ኣገልግሎታ ዝፈጸመት ንጓል ጅዋኒ ቦኽርን ሕሳስ ልደን'ያ።

ጓል ጅዋኒ ሎሚ ኣብ ሃማደኤ ጨንፈር ዞባ ማእከል፡ ሓላፊት ኣገልግሎት ሕጊ ኮይና ነቲ ኣብ መፋርቕ ሰብዓታት ኣብ ውሽጢ ኣስመራ ዝፈለሙቶ ሃገራዊ ዕማም ገና ትቕጽሎ ኣላ።

ማሕበራዊ ህይወት

ኒሕ ኣብ ድላይ የብጽሕ

ካልሹም መሓመድ ደባስ

ልቢ ዝደልዮ ክብጻሕ “መን ከቕርበኒ ዘይኮነስ መን ከኸልኣኒ” ምባል መገዲ ዓወት ምዃኑ ይእመነሉ። ብርግጽ ድማ ተመኩሮ ሂወት ወይዘሮ ኣብርሀት ዮናስ ዓንደሎይ ነዚ ዝምስክር እዩ።

ወይዘሮ ኣብርሀት ዮናስ ኣብ 1942 ኣብ ገለብ - ዞባ ዓንሰባ ተወሊዳ። ኣቦኣ ብህጻንነታ ብሞት ስለዝተፈለያ፡ ምስ ስድራ ወላዲታ እያ ዓብያ። ኣብ ገለብ ክሳብ ራብዓይ ክፍሊ ብቋንቋ ትግረ ተማህረት። እንተኾነ ኣብ መንጎ ትምህርቲ ንባሕሪ ምስባኽ ምስ ሳገምካ ድማ ክፍሊ ምእታው ኣይተመሸዋን። “ትምህርቲ ገዲፍካ ትሰብኽ፡ ምስ ሳገምካ ተኣቱ! እዚ ናብራ ኣይኮነን” እናበለት ካብቲ ሰብኽ ሳግማዊ ናብራ ትገላገለሉ መዓልቲ ሃረር ትብል ነበረት።

ሓደ መዓልቲ ሓትኖታታ በዓል ልደት ምስ ስድራኣን ከሕልፋ ካብ ኣስመራ ንገለብ ምስ መጻ፡ ካብኣን ከይትተርፍ ወሰነት። ክምለስ ከለዋ ከኣ፡ ንስድራ ከይነገረት ሞሊቓ ምስኣን ክሳብ ዔላበርዕድ በጽሐት። ካብኡ 0.50 ሳንቲም ከፊላ ብኣውቶቡስ ንኣስመራ ተሳፊራ ናብ ገዛ ሓትነኣ ኣተወት። ሐትነኣ ምስ ረኣየታ ኣዝያ ሰንበደት ”ዓባይክን ኣባሓጎኽን ደኣ ንመን ጠንጢክዮም መጺእኪ?” ኢላ ገንሐታ። ንሳ ግን ኣይተዳህለትን። ቆሪጻ ስለዝመጸት “ደሓን፡ ምስኦም ዘለዉ እንዶ ኣይበዝሑን” ኢላ ትም በለት። ኣብኡ ንገለ እዋን ምስ ጸንሐት ኣብ ሓንቲ ኢጣልያዊት ስድራ ተሓዚት ቆልዓ ኮይና ስራሕ ተቖጽረት።

እታ ቆልዓ ኣዝያ ፈተወታ፡ ብሳላኣ ከኣ ኣብርሀት ቋንቋ ጥልያን ለመደት። ምስ ኣደኣ እውን ግርም ተሳነያ፡ ኩሉ ስራሕ ገዛን ምድላው መግብን ኣላመደታ። “ቀልጢፈ እየ ዝቐልብ ካብ ጭው ዝበለ ሃገረሰብ ከኣ ኣይመጻእኩን፡ ገለብ ትምህርቲ፡ ሕክምናን ካልእ ዘመናዊ ኣገልግሎታትን ዝነበሮ ሓውሲ ከተማ እንድዩ ነይሩ” እናበለት ኣብቲ እዋን

ንዝነበረ ምዕባለ ገለብ ትዝክር።

ምስታ ስድራ ሰለስተ ዓመት ምስ ሰረሐት፡ በዓል-ቤት ናይቲ ገዛ ብስራሕ ንኣዲስ ኣበባ ስለዝተቐየረ ስድርኡ ሒዙ ነቐለ። ንኣብርሀት ምስኦም ክወስድዋ ደለዩ። ሓትኖኣ ግን ኣይፈቐደትን። ስለዚ እታ ኢጣልያዊት ስድራ ምስ ሓንቲ ግሪኻዊት ስድራ ኣተሓሒዛታ፡ ናብ ሓዲሽ ስራሕ ኣእትያ ተፋነወታ።

ካብቲ ሓድሽ ስራሓ ኣኮኣ ንዓዳ ክወስዳ ፈተነ። ግና ኣቕበጸት። እንተኾነ ስራሕ ናይታ ስድራ ኣዝዩ ስለዝኸበዳ ኣጣዒቓ ካልእ ስራሕ ረኸበት። እዚ’ውን ቀሊል ኣይነበረን። ኣብ ዘበነ ደርግ ማርያም ግምቢ ዝተሰምየ ገዛነም ቤት ማእሰርቲ ዝነበረ ህንጻ፡ ኣብ 50ታትን 60ታትን ብዙሕ ዓይነት ኣገልግሎታት ዝህብ ቡልጋርያዊ ዶክተር ዝሰርሓሉ ዝነበረ ዓቢ ክሊኒክ እዩ ነይሩ። ሰብ ጸጋ ካብ በዓል ስዑድያ፡ የመን፡ ኢትዮጵያን ካልእ ከባቢን ክሓርሳን ክሕከማን ናብኡ ይመጻ ነበራ። ኣብርሀት ኣብኡ ኣብ ናይ ክሽነ ስራሕ ተቖጽረት። ምስቲ ንኡስ ዕድመኣ መሪት ካብ እትወግሕ ክሳብ እተዓርብ ኣብ ምሕጻብ ኣቑሑ ተሕልፎ ነበረት። ኣርባዕተ ወርሒ ምስ ሰርሐት እቲ ሓኪም ኣዝዩ ደንገጸ’ሞ ነቶም ብጾቱ “ምስ ዕድመኣ ዝኸይድ ስራሕ ይደለየላ” በሎም። ካልእ ስራሕ ድማ ተረኽበላ። ኣቶ ቺሞሊኒ

ጂኖ ዝበሃል ኢጣልያዊ በዓልቲ ቤቱ ብሓደጋ መኪና ዝመተቶ፡ ጓሉ ሰንኪላ ዝተረፈት፡ ሓውቱ ካብ ስዊዘርላንድ መጺኣ ተኣልዮም ስለዝነበረት ሓጋዚት ትደሊ ነበረት። ኣብርሀት ከኣ ሓድሽ ስራሕ ረኸበት። እዚ ስራሕ’ዚ መቐይሮ ናይ ሂወታ ኮነ።

ሓውቲ ቺሞሊኒ ጓል ሓዋ ሒዛ ቀልጢፋ ከም እትምለስ ሓቢራ፡ ንኣብርሀት ገዛ ሓደራ ኢላ ተፋነወታ። ግና ብኣጋ ኣይተመለሰትን። ዓመት ምሉእ ከኣ ኣብርሀት ሓላፍነት ገዛ ተሰከመት። እቲ ሰብኣይ ከኣ ከም ውላዱ ተኸናኸና። ኣብ ሂወታ ጠቓሚ እዩ ዝብሎ ነገራት ኣላመዳ፡ ምዝዋር ብሽክሌታ፡መሊኻ ዘድልያ ንብረት ካብ ዕዳጋ ከተምጽእ ከኣለት።

ቺሞሊኒ፡ ስርሑ ላኻን ስራሓቱን ምክፍፋልን ምልኣኽን ስለዝነበረ፡ ኣስመራ - ባርካ ዝመላለስ ገያሻይ ነበረ። ናይ ጽዕነትን ናይ ገዛ መካይን ነይረንኦ። ንኣብርሀት ብልሓን ትብዓታን ምስ ተዓዘበ ኣብ ስርሑ ሓጋዚቱ የማነይቲ ኢዱ ክትኮኖ ደለየ። ለኻ ፍርያት ላኻን ካበይን ብኸመይን ከም ዝመጽእ ክትፈልጥ ምስኡ ሒዝዋ ንባርካ ክገይሽ ከሎ ኣብቲ በረኻታት ምዝዋር መኪና ከላምዳ ጀመረ። ክእለታን ርእሰ ምትእምማናን ተዓዚቡ ፓቴንት ከተውጽእ ብቕዕቲ እያ ምስ በለ፡ ኣብ ኣስመራ ኣብያተ ትምህርቲ ምዝዋር መኪና ዝጥቀሙለን ዝነበሩ ሂልመን ዝበሃላ መካይን ገይሩ ኣብ በረኻታት ኣስመራ ኣለማመዳ። “ሕጂ እንታይ’ዩ ድሌትኪ?” ምስ በላ ብዘይ ምውልዋል “ፍቓድ ምምራሕ መኪና (ፓቴንት) ከውጽእ” በለቶ።

ኣብቲ እዋን ፓቴንት ክትሕዝ ዕድሜኻ ልዕሊ 22 ክኸውን ነይሩዎ። ንሳ ግን ጓል 18 ዓመት እያ ዝነበረት። ኣርባዕተ ዓመት ክትጽበ ስለዘይደለየት ከኣ “ናይ ጥምቀት ወረቐተይ ኣብ ገለብ ኣሎ ኣበይ ከይፈልጡኒ” ኢላ 22 ዓመት ከም ዝገበረት ነገረቶም። ድሮ ኩሉ መሊኻቶ

ስለዝጸንሐት ኣብ ክልተ ሰሙና ናብ ፈተና ቀሪባ ብዓወት ወጸት። ካብ 1963 ኣትሒዛ ድማ መኪናኣ ዘዊራ ኣብ ድላያ እትበጽሕ ክኢላ መራሒት መኪና ኮነት። ብመኪናኣ ጎኔ ወሪዳ ንጽዕነት ዝተዳለወ ላኻ ተቖጻጺራ ምስ መራሕቲ ስራሕ ተረዳዲኣ ክትመላለስ ጀመረት። ኣቶ ቺሞሊኒ ኣዝዩ ፈተዋ። ጸኒሖም ድማ ተመርዓዉ። ኣብ 1964 ጓል ተበኲራ፡ ድሕሪኡ ውን ክልተ ኣዋልድ ወሰኸት።

ፍርያት ዓርኮብኮባይ መወዳእታ የብሉን ላኻን ዓካትን ጥራይ እኳ ብዙሕ ፋብሪካታት የስርሕ። ቺሞሊኒ ኣብ ፓራዲዞ ዓበይቲ መካዚኖታት ላኻን ስርሓቱን ከም መእረይ ዕጣን፡ መእረይ ጡጥ፡ መቐመጥ ፍያስኮታት . . . ንፋብሪካታት የከፋፍል፡ ከምኡ’ውን ፋብሪካ መኾስተርን ስኮፓን ነበሮ። እቲ ፍርያት ብመካይን ጽዒኑ ናብ ኢትዮጵያ፡ ኣብ ግዜ ሓጅ ድማ ተንኮባታት ብመርከብ ጽዒኑ ናብ ስዑድያ ይልእኽ ነበረ።

ኣቶ ቺሞሊኒ ጀርመናዊ ዝመበቆሉ ኢጣልያዊ’ዩ። ኣብ ካልኣይ ኩናት ዓለም ንዕስክርና ብመርከብ ንኤርትራ ከምዝኣተወ ኣዘንተዩላ። ጥልያን ንኢትዮጵያ ኣብ ዝወረረሉ ኣብ ምስራሕ ጽርግያን ቡንቶታትን ኣገልጊሉ። ሃገሩ ብእንግሊዝ ምስ ተሳዕረት ምሩኽ ወተሃደር ኮይኑ ኣብ ፎርቶ ጸጸራት ተኣስረ። ሕጽይቱ ደሃዩ ምስ ጠፈኣ ኣይወለደትሉን። ንካልእ ሰብኣይ ተመርዓወት። እንተኾነ ደሃዩ ኣብ ዝረኸበትሉ ከም መጋቢት እሱራት ተቐጺራ ክትረኽቦ ዕድል ገጠማ። ክዳውንቲ ሰበይቲ ከዲና ድማ ኣብ እንዳ ሓንቲ ኢጣልያዊት ሽማግሌ ሓብኣቶ። እቶም እሱራት ንዓዶም ክፋነዉ ከለዉ ንሱ ስለዘይጸንሐ ኣብ ኤርትራ ተረፈ። ሕጽይቱ ነበር’ውን ምስኡ ናብራ ገበረት። ሓንቲ ወሊዶም። ቺሞሊኒ መጀመርያ እዛ ሕጂ ወይዘሮ ኣብርሀት ትቕመጣ ዘላ መንበሪ ቤት ዓደገ። ቀስ እናበለ ድማ ናብ ስራሕ ላኻ ተዋፊሩ መኻዚኖታትን ፋብሪካ ፍርያት ላኻን ክምስርት ከኣለ። በዓልቲ ቤቱ ግን ዕድመ ኣይረኸበትን፡ ብመኪና እናተዛወሩ ሓደጋ ገጢምዎም ንሳ ሞይታ ጓሉ ሰንኪላ ንሱ ግን ብደሓን ወጺኡ።

ድሕሪ እዚ ሓደጋ’ዚ እዩ ምስ ወይዘሮ ኣብርሀት ዝተፋለጠ። ደባሲቱ ረኺቡ ኣብ ሓዳርን ውላድን በጽሑ። ኣብቲ ስርሑ ምስ ህዝቢ መታሕት ክቱር ፍቕሪ ኣጥረየ። ህዝቢ ዓድታቱ ብስርዓት ሃይለስላሴ ተቓጺሉ ናብ ከተማታት

ክስደድ ከሎ፡ ወይዘሮ ኣብርሀት መዕቀቢ ስድራታት ክትከውን ዝኸኣለት ሰናይ ድሌት በዓል ቤታ ስለዝነበረ እዩ። ችሞሊኒ ጥዕና ምስ ሰኣነ ሓውቱ ክትርእዮ መጺኣ ንኺድ ንዓድና ምስ በለቶ “ኣነ መቓብረይ ወይ ኣብ ባርካ ወይ ኣብ ቤት መኻእ ጸጸራት’ዩ፡ እዚ እዩ ዓደይ” ኢሉ ምስ ኣቕበጻ ሓዲጋቶ ንዓዳ ተመልሰት።

ወይዘሮ ኣብርሀት በዓል ቤታ ጥዕና ምስ ሰኣነ ኩሉ እቲ ስራሕ ባዕላ ከተካይዶን ዝተኣዘዘ ንብረት ብመኪና ኣብ ዝምልከቶ ከተብጽሖ ኣይተጸገመትን። ንፋስ ክቕይር ተደጋጋሚ ባጽዕ ይኸይድ ስለዝነበረ ንዕኡ ኣብጺሓ ሰዓት ትምህርተን ከይኣኸለ ናብ ደቃ ትምለስ ነበረት።

ምስ ምሕያል ሰውራ ኤርትራ፡ መግዛእቲ ኢትዮጵያ ምንቅስቓስ ህዝቢ እናገደበ ይኸደሉ ኣብ ዝነበረ እዋን ሓደ መዓልቲ ኣብርሀት ባጽዕ ሓዲራ ደቃ ሰዓት ትምህርተን ከይኣኸለ መታን ከተርክበን መኪናኣ ኣልዒላ ኣንጊሀ ተበገሰት። ደንጎሎ ታሕታይ ምስ በጽሐት ኮማንድስ ደው ኣቢሎም፡ “ምስ ወንበዴታት ሓዲርኪ ዲኺ ትመጺ ዘለኺ?” እናበሉ ዘሕፍር ጸርፍታት ኣዝነቡላ። ንጸርፎም ግዲ ከይገበረት ብመስኮት ተቐልቂላ “ኣብ ዝጥዕም ቦታ በሉ ክኸውን” ኢላ መኪናኣ ኣዝሒል ኣቢላ ኣጸቢቓ ምስ ተፈንተተት ናህሪ ወሲኻ ገዲፋቶም ተመርቀፈት። ዕድላ ጸቢቑ ካብኦም ምስ ሓለፈት ካልኦት ደው ዘብሉ ከይተጓነፍዋ ቤታ በጽሐት።

በዓል ቤታ ብ1971 ገና መንእሰይ ከላ ደቃ’ውን ብህጻውንተን ብሞት ተፈልየ። ኣብርሀት ጾር ናብራ ምሉእ ብምሉእ ኣብ ዝባና ወደቐ። ጥዕና ምስ ሰኣነ ስራሕ ዳርጋ ባዕላ ተማሓድሮ እኳ እንተነበረት መራሕቲ ስራሕን ሽቃሎን ተገዳስነቶም ኣብ ጽፈት ስራሕ ኣይከምቀደሞምን። ዓማዊል ስለዘይዓገቡ ስራሕ ብቐረባ ባዕላ ክትከታተል ተገደደት። በዚ ድማ መገዲ ኣስመራ-ከረን -ኣቑርደት መገዲ ማይ ገበረቶ። ጽርግያታት ጥጡሕ ኣይነበረን። ካብ ኣስመራ ኣንጊህካ ተበጊስካ ኣቑርደት ኣብ እዋን ድራር ይእቶ ነበረ። ንኹሉ እቲ ዝጸዓን ላኻ ሓደ ብሓደ ርእያ፡ ብቕዓቱ ኣረጋጊጻ፡ ኣጽዒና ምስ ኣፋነወት ብመኪናኣ ንኣስመራ ትምለስ ነበረት። እቲ ጉዕዞ ጽንኩር እዩ ነይሩ። ሓደ እዋን ካብ ኣቑርደት ንኣስመራ እናደየበት ሃብረንጋቓ ምስ በጽሐት፡ ወተሃደራት ጸላኢ ኣብቲ ሕማቕ እዋን ንበይና ምጉዓዛ እናገረሞም፡ ደው ኣቢሎም ሰለስተ ዓበይቲ ዕጡቓት (ባንዳ ብጨርቂ ዝበሃሉ ዝነበሩ) ክሳብ ዓዲተከሌዛን ክትማልኦም ኣዘዙዋ። ከይፈተወት ትእዛዞም ተቐቢላ ኣብጺሓቶም።

ሃገር ቅሳነት ስለዘይረኸበት ስራሕ ከም ቀደሙ ክቕጽል ኣይከኣለን። ኢድ’ውን ሓጸረ፡ ደርግ ብምስምስ ምህጋር ትርፊ ንብረት ነታ መንበሪታ እኳ ከየስእና ስግኣት ኮነ። ንብረታ ክራስዩ ዝሃረፉ ስራሕተኛታታ ካብ ዝነበሩ ተጻባእቲ “ዓዳ፡ ዓዲ ወንበዴታት ከረን እዩ፡ ሰብኣያ’ውን ደጋፊ ወንበዴ እዩ ነይሩ” ኢሎም ክውንጅልዋ ፈተኑ። ዳርጋ ኩሉ ንብረታ ተሃጊሩ። ናይ መሸጣ ላኻ ልቼንሳ ስለዝነበራ ከኣ እታ መንበሪታ ገዛን ካብ ትሽዓተ መኽዘናት ድማ ሓደ ገዲፎምላ። ናይ ገዛ መኪናኣ ብኡ ንብኡ ተሃጊራ ብነፋሪት ተጻዒና ንኣዲስ ኣበባ ተወሰደት። በቲ ዝገደፉላ ትሕዝቶ ናብራ ክትመርሐ ግድን ኮነ።

ኣብርሀት ናይ ላኻ ወፍሪ ቀጻልነቱ

ወ/ሮ ኣብረሀት ኣብ 60ታት መኪናን ብሽክሊታን እናዘወረት እንኾላ

ስለዘብቀዐ ልቼንሳኣ ኣብ መጥሖን እኽልን በርበረን ቀዱራ ብለቓሕ ንዕኡ ዝኸውን ንብረት ኣዋዲዳ ክትሰርሕ ፈተነት። ብድሕሪ ኣቶ ቺሞሊኒ ምስ ዝተመርዓወቶ ኣቶ ኣፋድሽ ሑሴን ኮይና ድማ ነቲ ስራሕ ከተካይዶ ፈተነት። ሽዑ'ውን ምስ ምሕራር ከተማ ባጽዕ ነዳዲ ስለዝተሳእነ፡ እኽሊ ስለዝኸበረን ረብሓ ኣይተረኸቦን። ካብኡ ዝገደደ ድማ እቲ ገዛውቲ ብመዓስከር ዝተኸበ ብምንባሩ ንሓደጋ ቅሉዕ ኮነ። ኣብ ግንባራት ዝቐነዩ ወተሃደራት ጸላኢ ኣብቲ መዓስከር ክመጹ ከለዉ ንከተማ ይዛወሩን ይዘናግዑን ነበሩ። ሓደ መዓልቲ ዋርድያ ክዛወር ንዝደለየ ወተሃደር ምውጻእ ይኽልኦ። በዚ ዝተበሳጨወ ወተሃደር ተመሊሱ ብረቱ ኣልዒሉ ኣብ ቅድሚኡ ዝጸንሖ ወተሃደር ይኹን ሲቪል ብዓረር ቀለዎ። እንታይ ምኳኑ ዘይተረደኦም ወተሃደራት ጥሑና ወይዘሮ ኣብርሀት ብጥርጣሬ ስለዝረኣይዋ ካንሼሎ ደጉዲጎም ኣኽፈትዋ። ብዕድል ሽዓ መዓልቲ ብዘይካ ኣንስቲ ጦርሰራዊት ካብ ሃገረ-ሰብ ዝመጸ በዓል ኣድጊ ይኹን በዓል ነጸላ ኣይነበረን። ሓደ ካብኦም "ንስኺ ኣብዚ ጸላኢ ሓቢእኪ ከተቐትልና" ኢሉ ኣጉባዕብዓላ። ንእለት ሞቶር ጥሑና ጠፊኡ ኩሉ ሰብ ንምሕረት ለመነ። ታሴራኹም ኣውጽኡ ምስ ተባህሉ ኩለን ኣብኡ ዝነበራ ካብ ካምቦ ዝመጻ ኮይነን ጸንሓ። ወተሃደራት ሓደ ከይወጽእ ጽባሕ ባዕልና ክንከፍተኩም ኢና ኢሎም ማዕጾ ብደገ ሸጊጦሞ ከዱ። ከምታ ዝበልዋ ንጽባሒቱ ማዕጾኦም ከፊቶምሎም፡ ኣብ ጭንቂ ዝሓደረ ህዝቢ ተፈነወ።

ኣብርሀት ስራሕ ዘየለ ክነሱ ናይ ኤለትሪክ ብኣሽሓት ምስ መጸ፡ ንብረት ጥሑና ምስ ከበረ እቲ ንጥፈት ልዕሊ ዓቕማ ኮነ። ድሕሪ ናጽነት'ውን ክትቅጽሎ ኣይከኣለትን። ሎሚ ጥሑናታታ ሸይጣ ነቲ ገዛ ኣካርያ ትነብር ኣላ። ካብ ኣቶ ቺሞሊኒ ዝወለደተን ሰለስተ ኣዋልድ፡ ካብ ኣቶ ኣፋድሽ ሑሴን ዝወለደቶም ሽዱሽተ ደቃን ኩሎም ክንዲ ሰብ ኣኾሎም ናብርኦም ይመርሑ ኣለዉ። ንሳ ድማ ጽላል ኮይና ተኣኻኺቦም ኣላ።

ሓቦኣ ክምህ ኣይበለን፡ ጉልበትን ሓንጎልን ንእስነታ ዘብለየትሉ ንብረት ተሃጊሩ መግዛእቲ ካብ ገፊሕ ናብ ጸቢብ ዋላ ይኾርምያ፡ በቲ ዝተረፈ ተቓሊሳ ደቃ ኣዕብያ። ሃንቀው ዝበለታ ናጽነት ክትርኢ ምብቅዓ ድማ ልዕሊ ንብረትን ገንዘብን ትርእዮ። "ይትረፍ ንብረት ንሕናስ ኣበይዶ ነይርና ኢና!" መውጽኢት ኣፉ'ያ። ዳለንስተይቲ ኒሕ እንተ'ለዋ እቲ ትደልዮ ክትገብር ዝጽግማ የለን።

ሲጋ ቀንዲ መግቢ ቀዳሞት ሰባት...?

ዘመናዊ ሰብ ብዙሕ ሲጋዩ ዝበልዕ። ገለ ክኢላታት ስነ-መግቢ'ውን ዘመናዊ ሰብ ዝበልዖ ሲጋ ብዘይ መጠን ብዙሕ ምዃኑ'ዮም ዝምጉቱ። ኣብ ታንዛንያ ተረኺቡ ዘሎ ኣሰር ስነ-ሂወት ግን፡ ዘይከምቲ ኣቐዲሙ ዝሕሰብ ዝነበረ፡ ኣብ ቀዳሞት ሰባት ሲጋ ቀንዲን ልሙድን መግቦም ምንባሩ ዝሕብር ምኳኑ ውጽኢት ተረኺቡዎ ኣሎ።

ካብ ዩኒቨርሲቲ ኣማድሪድ - ስጳኛ ፕሮፌሰር ማኑወል ሮድሪገዝ ብዛዕባ ቀዳሞት ሰባት ን20 ዓመታት መጽናዕቲ ከካይድ ክኢላ ስነ-ጥንቲ ኮይኑ፡ ኣብቲ ኣብ ታንዛንያ ተረኺቡ ዘሎ ስነ-ኣሰር ሂወት ብዘካየድዎ መጽናዕቲ፡ ቀዳሞት ሰባት ካብ ከባቢ ቅድሚ 2 ሚልዮን ዓመታት ጀሚሮም ሲጋ ይምገቡ ከምዝነበሩ ዝሕብር ርጡብ መርትዖ ከምዝረኸቡ ሓቢሩ።

ንሱ ኣስዒቡ፡ እቲ ኣሰር ሂወት ሲጋ ካብ ቅድሚ 1.5 ሚልዮን ዓመታት ጀሚሩ ስሩዕ መግቢ ቀዳሞት ሰባት ምንባሩ ጥራይ ዝሕብር ዘይኮነስ፡ ብዛዕባ ማሕበራዊ ጠባያት ቀዳሞት ሰባትን ካልእን'ውን ብዙሕ ዝሕብር ነገራት ከምዝለዎ ኣረዲኡ።



ናይዚ ርኽበት ዘደንቕ ሸነኹ ድማ፡ ዘይከምቲ ኣቐዲሙ ብስነ-ፍልጠት ክግለጽ ዝጸንሐ፡ ኣብ ዘመነ ቅድመ ታሪኽ ቈማዊ መነባብሮ ዝመርሑ ዝነበሩ ሰባት ንሲጋ ከም ቀንዲ ምንጪ መግቦም የዘውትርዎ ምንባሮም ምኳኑ ኣብሪሁ።

ተመራመርቲ ንዝሓለፈ ሓሙሳ ዓመታት ብዛዕባ ደቂ-ሰብን ሲጋ ምምጋብን ኣመልኪቲቶም ኣብ ክልተ ሕቶታት ክትዓት ከካይዱ ምጽንሖምዩ ዝግለጽ። እቲ ቀዳማይ ሕቶ፡ ሲጋ ንቐዳሞት ሰባት ቀንዲ መግቦም ደዩ ነይሩ ወይ ከም ዘመናዊ ቺምፓንዚ ከም ተወሳኺ መግቢ'ዮም ዝወስድዎ ነይሮም? ዝብል ክኸውን ከሎ፡ እቲ ካልኣይ ሕቶ ድማ፡ ሲጋ ኣጉዳሲ ይኹን ኣይኹን ብዘየገድስ ቀዳሞት ሰባት ብኸመይ ለሚዶሞ? ኑቶም ዝበልዕዎም ዝነበሩ እንስሳታት ከ ይሃድንዎም ዲዮም ነይሮም ወይ ተቐቲሎም ካብ ዝጸንሕዎም ቦታታት እዮም ዝወስድዎም ነይሮም? ዝብል'ዩ ነይሩ። እዚ ሕጂ ተረኺቡ ዘሎ ኣሰር ሂወት ግን ንገለ ካብዞም ሕቶታት መጠናዊ ምላሽ ክህብ ዝኽእል ሓበሬታ ተረኺቡዎ ከምዝለ'ዩ ዝግለጽ።

ምስጋና ሳሚኤል

ስነ - ልቦና

ብሃብተገርግሽ ተስፋማርያም (ጠዊል)

ቅድመ ምድላዋት ንሓዳር

ተፋትየም ተፋቺሮም ሓዳር መስሪቶም ብተደጋጋሚ ትሰምዖ ሰናይ ተበግሶ እዩ። ምስ ግዜ ከኣ እዚ ኹሉ ፍቕሮም ማይ ኮይኑ፡ ምርድዳእ ስኢኖም ተፈላልዮም ተፋቲሖም ዝብል ዘይቃዶ ዘረባታት ትሰምዕ። እቲ ዘሕዝን፡ ብቐረባ ግዳይ ናይዚ ኣደ ምስ ደቃ ምኧኑ እዩ። ሓደ እዋን መሬት ኣብ ምዕራቡ፡ ህጻን ተመሃራይ 3 ክፍሊ ይኸውን፡ ንበይኑ ኣብ ማርቻቤዲ ኮፍ ኢሉ ጐፎጎፍ ንራኸብ። እንታይ ደኣ ንበይንኻ የዕርኽቱኻ'ኸ ክብል እሓቶ። ሰጋእ ከይበለ "ስለዝተጨነቕኩ! ንበይነይ ክኸውን ደልየ" ክብል፡ ኣብ ዕድሚኡ ክቑጥዖ ብዘይግብኦ ኣገባብ ይምልሰለይ። መስዩ እዩ፡ ንዓናይ ድኣ ንገዛኹም ኢለ ናብ ኣዲኡ የረክቦ። እዚ ወዲኽስ ከምዚ ኢሉኒ፡ የዕልልዮ ግዜ ምሃብ ንቆልዓ ከኣ ጽቡቕ እዩ ኢለ ዘረባይ ከይወዳእኩ፡ "ኣመሉ እዩ! ዘረባ ዓበይቲ እዩ ዝደግም! ካብ ዕድሚኡ ንላዕሊ እዩ ዝሓስብ! ኣቦ ከኣ ኣይረኸበን!" ትብለኒ። ክንድቦን ክንዲ ኣደንዖ ኣየለኽሉን፡ ከምዚ ዓይነት ዘረባ ግን ይትረፍ ካብ ቆልዓ ካብ ዓበይቲ እውን ኣይትሰምዖን ኢኻ ተበሃሂልና ተፋነና።

ለካስ ፍትሕ ዘይዝሩብ እዩ ዘዛርብ እናበልኩ፡ ብዛዕባ ንፍትሕ ዝምልከት ጽሑፋት ከገላብጥ ከለኹ፡ ፍትሕ ሳዕቤን እምበር ጠንቂ ኣይኮነን ዝብል ሓሳብ ረኺብኩ። ቀንዲ ምኽንያት ናይ ፍትሕ፡ "ቅድመ ምድላዋት ንሓዳር ዘይምጽፋፍ እዩ" ዝብል፡ ሕጥበ ጽሑፍ ምስ ኣንቢብኩ ኣማን ብኣማን እዚ እዩ እቲ ሓቂ ኢለ ምስ ነብሰይ ብምንሳሕ፡ ጽማቕ ትሕዝቶ ናይዚ ጽሑፍ ናባኹም ናብ ኣነበብቲ እዛ መጽሄት ክብሎ መሪጸ።

መጻምድትን መማኽርትን መናብርትን (partner or long relationship) ዝኾና ወይ ትኾኖ ሰብ ቅድሚ ምውሳን፡ ነብሰ ምድላው ይሓትት። እዚ ከኣ ካብ ነብስኻ እዩ ዝጅመር። ምልእቲ ሰብ ዲኺ? ምችእቲ ዲኺ ነቲ ትሓጽዮ ዘለኺ ሰብ? Are you confortable with who you are? ኣብ ነብስኺ ትተኣማመኒ ዲኺ? Dependent or self-sufficient ዝብሉ ኣገደስቲ ሕቶታት ከይመለስካን ዝሕተት ቅድመ ምድላዋትካ ከየጻፈፍካን መርዓ ይግበር እሞ፡ ቀጻልነቱ ኣየውሕስን። ምኽንያቱ ኣቐዲሞም ክገብርዎ ዝግብኦም ነብሰ ምድላዋት ስለዘየማልኡን ጸገማቶም ብግቡእ ስለዘየለለዩን፡ ነንሕድሕዶም ኣብ ምውንጃል ይኣትው። ድኻኣማቶም መጻምዶም ክምልኣሎም ይጸባበዩ። ስለዚ ሓዳር ብተብተብ፡ ብናይ መዓልታት ሌላ

ፈትየኪ ፈትየካ ስለዝተበሃሃልካ ዝፍጸም ኣይኮነን። ነብሰ ምድላዋትካ ጸንቂቕካ፡ ናይቲ እትሓርዮ ዘለኻ ሰብ ብልጫታቱን ድኹም ጐንታቱን ኣለሊኻ፡ ኣቀዲምካ ተዛቲኻሉ፡ ብናይ ሓባር ፍታሕ ምርድዳእ እዩ ክምስረት ዘለዎ። ዕዉት ሓዳ መምርሒ ወይ ማኑዋል እኳ እንተዘይብሉ፡ ሓዳር ንምምስራት ክግበሩ ዘለዎም ምድላዋት ኣመልኪቶም ካብ ዝቐርቡ ምኽርታት ምስ ሕብረተ-ሰብና የዋጽኣ እየን ዝበልክወን ነጥብታት ከካፍለኩም።

1. ነብሰ ምድላዋት፡-

ብመጀመርያ ክብረትካ ዝሕሉ ስርዓተ ክብርታት (ቫልዩ ሲስተም) ብምፍጣር ነብሰ ምድላዋት ምጽፋፍ። ተራኺን ኣበርክቶኽን ኣብቲ ዝመስረት ሓዳር እንታይ እዩ ምንጻር የድሊ። ምምዝዛንን ምጽውዋርን ኣቐዲምካ ክትለማመዶም ይግባእ። ናይቲ እትምነይዮ ሰብ ኣእምሮ ከተንበቢ ትኽእሊ ዲኺ? ክትምሃርዮ ዝግብኣኪ ተማሂርኪ'ዶ? ንዕኡ ምችእቲ (confertable) ዲኺ? ኣብ መጠረሽታ ከኣ፡ ናይ ዓለም ጉዳይ ጸጊበዮ ዝዕንቅፈኒ ነገር የለን ክትብሊ ክትክእሊ ኣለኪ። ንሱ እውን ከምኡ። እዚ ግን ናይ ትምህርቲ ወይ ናይ ዲግሪ ጉዳይ ኣይኮነን።

በቃ ኩሉ ነገር ርእየዮ ብኹሉ ነገር ብስልቲ፡ ብኣእምሮይ ብቕዕቲ እየ። ካባይ ዝሕተት ከማልእ ጸገም ዝበሃል የብለይን፡ ኣብ ዝተባህለሉ እዋን እዩ መርዓ ክቑጸር ዘለዎ። ሓዳር ዕድል እዩ! ምስ ኣተኻ'ዮ ኢኻ ትምኮረሉ ዝብል ናይ ሰነፋት ኣተሓሳስባ፡ ክሰንፈኪ/ካ ኣይግባእን።

2. ስምዒት (emotional)፥-

ዘሕርቕ፡ ተስፋ ዘቑርጽ (disappointed)፡ ፍቕሪ፡ ሓዘን፡ ሓጎስ ማለት ሕማቕ ይኹን ጽቡቕ ነገራት ምስ ዘጓንፍ፡ ካብ ስምዒት

ወጻኢ ኬንኪ ክትብድሆ ብቕዓት ከምዘለካ ኣቐዲምካ ክተረጋግጽ ይግባእ። ካብ ስምዒት ወጻኢ ብብስለት ምግዛእ ኑብሲ ኣቐዲሙ ክለማመዶ ኣለዎ። ስምዒታዊ ኬንካ ፍታሓት ክተምጽእ ስለዘይከኣል፡ ነገራት ኣብ ምእላይ፡ ብተመኩሮ ዝተረጋገጸ ብቕዓት ምውናኩምውን ክረጋገጽ ካብ ክማልኡ

ዘለዎም ግድነታት እዩም።

3. ሕፍረት ምውጋድ፡-

ባህሊ ብዝፈጥሮ ጸቕጢ ሙብዛሕትኦን ይሓፍራ፡ ደፊረን ዘድልየን ክሓታ ወይ ክእዝዛ ይሽገራ። ኣብ መጻምዲ ምስጢር ዝበሃል ስለዘየለን፡ ነገራት ብነጻነት ክትብሎም ክትበሃለሎም ክትክእል ኣለካ። ንኣብነት፡ ኣብ መንን መጻምዲ ዝግበር ስጋዊ ርክብ ናይ ክልቲኦም ስምዒታት ኣብ ግምት ዘእተወ ክኸውን ስለዘለዎ፡ ብዕምቆት ክዘራረብሉ ይግባእ። ስምዒትካ ቀቢርካ ክንበር ስለዘይከኣል፡ ዝዓበኻሉ ባህልን ስነ-ምግባር ብምኽባር፡ ዕግበት ዝፈጥረልካ ነገራት፡ ሕፍረት ኣወጊድካ ብነጻ ክትበሃሃለሎም ይግባእ። እዚ ግድነት ኣይኮነን ኣቐዲምካ ብስጋዊ ርክብ ክተረጋግጾ፡ ፊልም፡ ቪድዮ፡ መጋዚን...ዝለዓሉ ኣርእስታት ንናይ ሓባራዊ ኣራኣእያ ምፍጣር እኹላት መበገሲ እዮም።

4. ምሕደራ ገንዘብ፡-

ብክልቴኻ ወገን ኑብስኻ ዝኸኣልካ (self-suffusion) ክትከውን ኣለካ። ኣቐዲምካ ናይ እትረኽቦ ኣታዊ ብቑዕ ምሕደራ ክትለማመድን ኣብ ናትካ ሂወት ወይ ርእሰ-ምትእምማን ክትነበር ትኽእል ምዃንካ ክተረጋግጽ ኣለካ። ደሞዝኪ 100 ናቕፋ እንተኾይኑ፡ 90 ንመነባብሮ 10 ከኣ ክትቁጠብ ክትክእሊ ኣለኪ። ስለዚ ቅድሚ ምስ መጻምድኺ ተሻረኽኪ ምንባር ምጅማር፡ ሰራሕኪ ናይ ባዕልኺ ገንዘብ ክተመሓድሪ ክትክእሊ ኣለኪ። ንሱ እውን ከምኡ። ገንዘብ ናይ ምውሓድ ወይ ምብዛሕ ኣይኮነን። ናይ ምምቕራሕ ተመክሮ ምምዕባል እዩ።

ኣብ ሙብዛሕትኦም ሰብ ሓዳር፡ ናይ ሰብኣይ ኣታዊታት ብዝሒ ይብል። እዚ ግን፡ እቲ ብዓልቲ ቤቱ ኣብ ሃለኽለኽ ናይ ገዛ ተሕልፎ ግዜን ዝሃልኽ ጉልበታን ኣብ ግምት ምስዘይኣትዎ እዩ። ብቑንዱ ግን ርክብ መጻምዲ፡ ሚዛኑ ገንዘብ ዘይኮነ ሕድሕድ ምትሕልላይን ዝጎደለ ሃጓፋት ብሓባር ምምላእን እዩ። ኣታዊታቶም ናይ ሓባር ምዃኑ ኣቐዲሞም ተረዳዲኦም ሓዳር ዝምስረት እኳ እንተኾነ፡ ንውሑስ ቀጻልነት ጥጡሕ ናብራ ግን፡ ናይ ክልቲኦም ኣታዊታት ዝተመጣጠነ ምስ ዝኸውን ተመራጺ እዩ። ናይ ሰብ ነገር ግን ምሉኡነት ስለዘይብሉ፡ ዘለዎም ድኻማትን ሃጓፋትን ሕድሕድ እናተመላለኡ ቤቶም ከማሙቑ ይግባእ። ምኽንያቱ መጻምድኻ መኻፍልቲ ሽግርካን ሓጎስካን ኮይኑ ምስኻ ይበኪ ምሳኻ ይስሕቕ እመበር፡ ከም ድኑስ ድልው መግቢ ንጹፍ ዓራት ክጸንሖ ምጽባይ ንሓዳር ስማ እያ።

5. እሂን ምሂን ምብህሃል፡-

ሰብ ሓዳር ብሕትው ኢሎም እሂን ምሂን ዝበሃሃልሉን ዝዘናግዕሉን ግዜ ክህልዎም ኣለዎ። ብፍላይ ቆልዑት ምስ ወለዱ ዝነበረ ናይ ሰብኣይን ሰበይትን ዝምድና ተሪፉ፡ ናብ ናይ ኣደን ወላድን ርክብ ብምቕያር፡ ኣደ ኣብ ምዕባይ ቆልዑ፡ ወላዲ ከኣ ሃጓፋት ሓዳር ኣብ ምምላእ ይጽመዱ። ርክብ ሰብኣይን ሰበይትን ኣብ ምዕባይ ቆልዑ ይሕጸር። ሂወት መጻምዲ ይዳኸም። ስለዚ ኣብ ርእሲ እቲ ደቆም ምዕባይ ዘለዎ ሓላፍነት፡ ኑብሶም ክፈቕዱ፡ ካብ ገዛ ውጽእ ኢሎም እንተዘይ ኣዘናጊዖምን ብሕትው ኢሎም እንተዘይ ተወሓሒጦም፡ ርክብ ናይ ሰብኣይን ሰበይትን ዛሕቲሉ ናብ ስሙር ግንባር ግበረለይ ክገብረልካ እዩ ዝዛዘ። ኣብ ሓዳር ምምልላእ እኳ ግቡእ እንተኾነ፡ ኩሉ ነገር ግን ከምዝሓሰብካዮ ክኾነልካ ስለዘይክእል ብሕትው ኢልካ፡ እናተዘናጋዕካ ብዘረዳድእ ቋንቋ እሂን ምሂን ተባሃሂልካ ኢኻ፡ ቀጻልነት ሓዳርካ ተውሕስን ዝጐደለ ትምልእን።

ስለዚ ኣቐዲምካ ክዝተየሎምን መዕለቢ ክግበረሉ ኣለዎ ዝበሃሉ ነገራት ኣለሊኻ፡ ተረዳዲእካን ኣጻፊፍካን እዩ ሓዳር ዝጅመር። ድሕሪ ምምስራት ሓዳር'ውን፡ ነቲ ሰረት ዘትሓዝካዮ ፍቕሪ ንምዕንባብን ንምጉልዕላዕን፡ ንበዓልቲ ቤትካ ኣብቲ ቅድሚ ሓዳር ምምስራትኩም ተዘናግዓላ ዝነበርካ ቦታን ካልእ ሂወት ዘረስርሱ ስፍራታትን ብምዝዋር፡ ሕሉፍ ትዝታኣ ክትመልስላ ክትእል ከምዘለካዩ እዩ ዝምከር።

እዚ ብሰንኪ ቅድሚ ሓዳር ምምስራትካ ከተማልኦም ዝግብኣ ዕዮ ገዛ ዘይምጽፋፍ ዝኽሰት ዘሎ ፍትሕ፡ ኣብ ክንዲ ምፍዋስን ዳግም ከይክሰት ምልባምን፡ ነታ ተሰካሚት ኣደራዕ ናይ ፍትሕ ዝኾነት ኳለ'ንስተይቲ ንምድዕዓስ ብዝመስል፡ እንቋዕ ድኣ ውላድኪ ሓቐፍኪ! ሓዳር ድኣ ዘይሕዳር እዩ! . . . እናበልካ ዝንዛሕ ዘይሓላፍነታዊ ዘረባታት ገደብ ክግበረሉ ይግባእ። ብፍንው ኣበሃህላና፡ ኣብ ልዕሊ እቶም ህጻናት ንፈርድ ከምዘለና ኣቀዲሚና ክንግንዘብ ይግባእ።

ስነ - ጥበብ

“ኵዳን ኪዳን”

(ሓጺር ልቢ ወለድ ዛንታ)

ነጃት ኣድም

ዋላ'ኳ መሳርሕቲ እንተነበርና፡ ክሳዕ ክንድ'ቲ ልቢ ንልቢ ተወሃሂብና ነዕልል ግን ኣይነበርናን። እንተኾነ ግን ምስ ሓደ ጽቡቕ ገይሩ ዝቐርቦ ኣቤል ዝሸሙ ካልእ መሳርሕትና ጽቡቕ ምቅርራብ ስለ ዝነበረናስ፡ እቲ ናይ ልቡ ካብ ምርካብ ኣይተሸገርኩን።

ንፍረዝጊ ናይ ልቡ ምፍላጥን ዘይምፍላጥን ኣገዳሲ ዝኾነሉ ሓደ ኣገዳሲ ምኽንያት ስለ ዝነበረ እዩ። ንሱ ድማ፡ ፍረዝጊ በዓል ሓዳርን ኣቦ ክልተ ቆልዑን ክነሱ፡ ቅድሚኡ ርእየሉ ዘይፈልጥ ጋሻ ትዕዝብትታት ስለ ዝተዓዘብኩ እየ። ኣብ ግዜ ምሳሕ ይኹን ድሕሪ ፍዳሴ ድሕሪ ቀትሪ፡ ካብ ስራሕ ናብ ገዝኡ ኣብ ክንዲ ዝኸይድ፡ ምስ ዝተፈላለያ ደቀንስትዮ መሳርሕቱ ፍቖዶ ቤት ሻሂን ኣብያተ መግብን ኮላል ክብልን መስመሩ ዝሰሓተ ምቅርራባት ክገብርን እዕዘቦ ስለ ዝነበርኩ፡ ምስ ሓዳሩን በዓልቲ ቤቱን ጸገም ገይሩ ምንባሩ እዩ ተረዲኡኒ።

ምስ ኣቤል ብዛዕባ ሓድሽ ባህርያት ፍረዝጊ ብዙሕ ግዜ ኢና ኣዕሊልና ነይርና። ፍረዝጊ፡ ከም ግምተይ፡ ምስ በዓልቲ ቤቱ ሸዊት ኣብ ሕማቕ ኩነታት ከም ዝነበሩን ክሳዕ ናብ ኣፍደገ ፍትሕ በጺሖም ምንባሮምን ከኣ፡ ብዝርዝር እዩ ኣዕሊሉኒ። እቲ ምኽንያት ክገልጽ እንከሎ ድማ፡ ጽቡቕ ገይሩ ከም ዘጽንዖ፡ መናው ስለ ዝኾነን ንዝህልዎም ዘይምርድዳእ ብእወታ ክፈትሖ ቅሩብ ዘይምዃኑን ገዲፍካ፡ በዓልቲ ቤቱ ሸዊት ዝጋንን ሕማቕ ባህርያትን ቢደልን ከም ዘይነበራ እዩ ብርእሰ-ተኣማንነት ገሊጹለይ። “ለካ ንፍትሕ ውዱእ ስለ ዝገበሮ እዩ፡ ከም ኣማራጺ ንኩለን መሳርሕትና ደቀንስትዮ ዝፍትነን ዘሎ” ከኣ በልኩ ብልበይ። ነቲ መስመሩ ዝሰሓተ ውሳኔ ፍትሕ ብዝተኻእለና መጠን ደው ከነብሎ ከኣ ምስ ገዛእ ርእሰይን ምስ ኣቤልን ቃል ኣተኹ።

ሓደ መዓልቲ እዩ፡ ካብቲ ምስ ኣቤል ዘዕለልናሉ ቅሩብ መዓልታት ድሒሩ፡ ንሓንቲ ኣብ ኢንተርነት ዝረኸብኩዋ፡ ምስ ናይ ፍረዝጊ ኩነታት እትተኣሳሰር ዛንታ፡ ገለ መፍትሒ እንተኾነት ኢለ ኣርዲመን ኣስማት ቀያዪረን ተርጒመ ክጽሕፉ ጀመርኩ። ኣጋጣሚ ነታ ዛንታ ተርጒመ ክውድኣን ፍረዝጊ ናብ ቤት ጽሕፈተይ ህሩግ ኢሉ ክኣቱን ከኣ ሓደ ኮነ። በቲ ኣጋጣሚ ሃንደበት ኮይኑኒ ኣይሓጎስ ኣይስንባደ ኮንኩ። ፍረዝጊ ስንባደይ ኣብ ገጸይ ኣንቢቡ፡ “እው ሶራ፡ ኣብ ምንን ስራሕ ረቢሸ ምሸ” በለኒ። ተረጋጊኤ ከኣ፡ “ኖው ኣይረበሽካንን። ክገርመካስ ውድእ ኩብል ኢኻ መጺእካ” በልኩዎ እታ ዕድል ከጥቀመላ እናሓሰብኩ።

ፍረዝጊ፡ እንተስ ብገርሁ እንተስ ናይ ፈተነ ግዜይ ኣኺሉ፡ ሻሂ ንስተ ክብለኒ እዩ መጺኡ። ሰዓት 11:30 ቅድሚ ቀትሪ ኮይኑ ስለ ዝነበረ ከኣ፡ ንኸምስል፡ “ኣንታ ፍረዝጊ፡ ሕጂ ደኣ እንታይ ሻሂኡ ኣብ ናይ ምሳሕ ግዜ፡ ሕጅስ ንዛዋባ ንኺድ በለና” በልኩዎሞ፡ ትቕብል ኣቢሉ፡ “እንታይ ጸገም ኣለዎሞ ክንምሳሕ'ውን ንኽእል'ኮ ኢና” በለኒ ብዘይ ስክፍታ። “እዋእ ሰበይትኻ'ባ ኪይትጽበየካ” ክብሎ'ኳ ሓሲበ እንተነበርኩ፡ ነገር ከይትብላሸወኒ ፈሪሐ ግን፡ “ሕራይ ጽቡቕ፡ ናይዛ ክጽሕፉ ዝጸናሕኩ ዛንታ ከማን ርእይቶ ትህበኒ” በልኩዎሞ፡ ምስ ሓሳቡ ብምስምማዐይ ተሓጒሱ፡ ኣብቲ ቤት ሻሂ ክንከይድ'ሞ ባዕለይ ከንበበሉ ሓተተኒ። ንሱ ብመደቡ፡ ኣነ ብመደበይ ናብቲ ቤት ሻሂ ብምኻድ ከኣ፡ ኣብ ሓደ ጸግዒ ኮፍ ብምባል ከንበበሉ ጀመርኩ።

* * *

ዮናስ፡ ኣቢታ ምሸት ንገዛ ክኣቱ እንከሎ፡ ንግስቲ በዓልቲ-ቤቱ ድራር ከተዳሉ ሸበድበድ ትብል ነበረት። ሰላምታ ለጊሱ ድማ ናብ ናይ ደቁ ክፍሊ ኣምረሐ። ደቁ'ውን ውራይ መጽናዕቶም ክገብሩ ስለዝጸንሑዎ፡ ሰላም ኢሉዎም እዩ ተገልቢጡ። ሓንሳእ ደው ኢሉ ዕጥይጥይ ድሕሪ ምባል ድማ፡ ኣብቲ ቅድሚኡ ዝነበረ ሳሎን ብናህሪ ረፈጥ በለ።

በዓልቲ ቤቱ ድራር ክትቅርብ ሸበድብዳ ጌና ዘይተወደአ ስለ ዝነበረ፡ ብዙሕ ኣሙት ኣይገበረትሉን። ቅድሚ ዝኾነ ነገር ንዝጠመየ ክብዱ ክተዕንግል እዩ ነይሩ መደባ። ዮናስ ንኹሉ ምንቅስቓሳታ ብኣንክሮ እናተዓዘበ፡ እግሪ እግራ የቋምታ። ቃል ከየውጽአ ከኣ፡ ብፍዝዝ ዝበለ ስምዒት ጥራይ ንጥፈታታ ይከታተል።

ዮናስ'ውን ብጥሜት ከም ዝተለለወ፡ ኣካላቱ ብፍዘት ኣዕለቕሊቑ ነበረ። ንግስቲ፡ ሃንደበት ገለ ነገር ደልያ ብቕድሚኡ ትሓልፍ ኣብ ዝነበረትሉ እዋን ድማ፡ ብኢዳ ስሒቡ ቀው ኢሉ ጠመታሞ፡ ብኣንክሮ ምጥማት ግብረ-መልሲ ምስ ሃበቶ፡ ብክንደይ ቀጥቀጥ፡ “ሓደ ኣገዳሲ ነገር ክነግረኪ ደልየ ኣለኹ” ክብል፡ ኣብ ኣካላታ ጋሻ ስምዒታት ነዚሓላ። እንታይ ክብል ከም ዝደለየ ክትሰምዕ ድማ፡ ኑብሳ እናንፈጥፈጠ ብዘይ ዘረባ፡ ኣብ ጎኑ ኮፍ በለት።

ዮናስ፡ ስምባደን ሻቕላን በዓልቲ ቤቱ፡ ንእለት ኣብ ገጹ ከንብቦ ጀመረ። ብኸመይ ኣፉ ከም ዝኸፍት ድማ ፍጹም ሓርበቶ። ግን ከኣ ናይ ግድን ክነግራ ነይሩዎ። ምስ ኑብሱ ብዙሕ ድሕሪ ምብኣስ እዩ ክነግራ ወሲኑ መጺኡ። እቲ ብኣእምሮኡ ወዲእዎ ዝመጸ ሓሳብ፡ እቲ ኩነታት በዓል ቤቱ ዘደንጽዎ ልቡ፡ ንኸየተግብሮ ዕንቅፋት ኮኖ። ድሕሪ ኽንደይ ቃልሲ ግን፡ “ፍትሕ ይደሊ'ለኹ” ክብል ብትሑት ድምጺ ደርጉሓላ።

ንግስቲ በቲ ሓሲብትሉ ዘይትፈልጥ ሃንደበታዊ ድባላ ኣዝያ ሰንበደት። እንተኾነ ግን ገጻን ውሽጣን በበይናም ዝነበሩ ክነሶም፡ ብቓላቱ ብዙሕ ዝተሸገረት ንኸይትመስል ብዙሕ ተቓለሰት። ስምዒታታ ገጻ ከይቀየረት ድማ ብትሑት ድምጺ፡ “ስለምንታይ?” ኢላ ጥራይ ሓተተቶ። ክምልሰላ ኣይከኣለን፡ ስቕ በለ። መልሲ ዘይምሃቡ ድማ ሕርቃን ውሽጣ ከም ዝግንፍል ገበሮ። ንእዳዋ ጨቢጦም ዝነበሩ ማንካ ከይተፈለጣ ብሓይሉ ናብ መሬት ብምስንዳው ከኣ፡ ብዓውታ “ንሽኻ ሰብኣይ ኣይኮንካን” ክትብል ጨደረት።

ንግስቲ፡ ዮናስ ፍትሕ መድለዪኡ ምኽንያት ክበርሃላ ብዘይ ምኽኣሉ ምሉእ ለይቲ ከንብዓ ሓደረ። ንሱ ግን እቲ ምኽንያት፡ ምስኣ ፍቕሩ ብምውዳኡን፡ ምስ ብርኽቲ ሓድሽ ፍቕሪ

ብምጅማሩን ምኳኑ ብኸመይ ክሕብራ ይኽእል። ዘዕግባ መልሲ'ውን ኣይነበረን። ንነዊሕ ዓመታት ልቡ ወፍዩላ'ኳ እንተነበረ፡ ኣብቲ ግዜ'ቲ ግን ፍቕሩ ጸንቂቑ ዝወደአ ኮይኑ ተሰመዖ። ብዘይርደኦ ምኽንያት ድማ'ዩ ነቲ ውሽጡ ዝኣዘዞ ጠለብ ፍትሕ ኣንጎድጒዱ ልባ ዝሰበሮ።

ንጽባሒቱ የናስ፡ ዓሚ'ቕ ገበን እናተሰመዖ፡ እቲ ዝነብሩሉ ገዛ፡ መኪናን፡ 30 ሚእታዊት ካብ ዝውንንዎ ጥረ ገንዘብን ብጽሒታ ምኳኑ ዝገልጽ፡ ምስ ዝፍረም ናይ ፍትሕ ወረቐት ኣሰኒዩ ሂቡዋ ንስራሑ ከደ። ንግስቲ ንትሕዝቶ'ቲ ወረቓቕቲ ድሕሪ ምንባብ፡ ካብ ስራሕ ምስ ተመልሰ፡ ቀዳዲዳ ኣብ ገጹ ደርበየትሉ።

የናስ፡ እታ ንዓሰርተ ዓመታት ዝፈልጣ ንግስቲ፡ ጋሻ ኮነቶ። ግዜኣ፡ ጉልበታን ጻዕራን ንኸንቱ ከም ዘባኸነላ፡ ንስምዒታታ ጽቡቕ ገይሩ ከም ዝሃሰየን ይርደኦ እዩ። እንተኾነ ግን ዘውጽኦም ቃላት ፍቕሪ ክመልሶም ዝኽእል ኣይነበረን። ኣብ መጠረሽታ ድማ ከምቲ ዝጽበዮ ዝነበረ፡ ኣብ ቅድሚኡ ዓው ኢላ ተነኽነኸት። ብኽያት ከም መውጽኢ ሕርቃንን ፍታሕን ገይሩ እዩ ዝወስዶ። ሕማቕ'ኳ እንተተሰመዖ፡ ናብ ድሌቱ ንኽበጽሕ ክሕለፍ ዝነበሮ መስርሕ ብምንባሩ ግን ክቕበሎ ግድን ነበረ። እቲ ንሰሙናት ኣብ በይኑ ኮይኑ ከጨንቖ ዝቐነየ ሓሳባት ፍትሕ ድማ፡ እናበርሀን እናነጸረን ዝመጸሉ ኮይኑ ተሰመዖ።

ንጽባሒቱ፡ ስራሕ ውዒሉ ገዛ ክኣቱ እንከሎ፡ ኣብ ጣውላ ኮፍ ኢላ፡ ወረቓቕቲ ሒዛ ክትጽሕፍ ጸንሓቶ። ብዛዕባ እንታይ ምኳኑ ክፈልጥ ተርባጽ'ኳ እንተነበሮ፡ ምሳሕ ከይተጸበየ ትኽ ኢሉ ናብ ዓራቱ ብምምራሕ ደቀሰ። ንሱ'ውን ብጭንቀት ከይደቀሰ ስለ ዝሓደረ፡ ቀልጢፉ እዩ ድቃስ ወሲዱዎ። ክሸይን ኢሉ ምስ ተበራበረ'ውን፡ ንግስቲ ጌና ምጽሓፍ ኣይቋረጸትን ነበረት። ብዙሕ ከየተገደሰ ድማ ተመሊሱ ደቀሰ።

ንንግሆኡ እቲ ብድሮ ክትጽሕፎ ዝሓደረት ጽሑፍ ኣቐበለቶ። ምሉእ ለይቲ ክጽበዮ ዝሓደረ ብምኳኑ መንጢሉ ብታህዋኽ ገናጸሎ። ንግስቲ ኣብ ጽሑፋ፡ ካብኡ ወላሓንቲ ነገር ከም ዘይትደሊ ድሕሪ ምግላጽ፡ ቅድሚ ፍትሕ ናይ ሓደ ወርሒ ናይ ትዕዝብቲ ግዜ ክህልዎም ጥራይ እያ ጠሊባ። ንሳ ኣስዒባ፡ ኣብታ ብሓንሳእ ዝጸንሑለን ወርሒ፡ ብዝተኻእሎም መጠን፡ ወላሓንቲ ነገር ከም ዘየጋጠመ ኮይኖም ከም ቀደሞም ክሕልፉዋ ከኣ ሓተተቶ።

የናስ፡ በቲ ሓሳብ ድንግርግር በሎ። እቲ ዘቕረበቶ ምኽንያት ቀሊል እዩ ነይሩ። ግን ከኣ ረዚን ምስጢር ዝነበሮ ኮይኑ ተሰመዖ። ነቲ ምኽንያት ክትጠቅስ እንከላ ንግስቲ፡ ደቃ ኣብ ግዜ ፈተናታት ስለ ዝነበሩ በቲ ዝሰዓበ ኩነታት ከይርበሹን ካብ ትምህርቶም ምእንቲ ከይሰናኸሉን ዝብል እዩ ነይሩ። እቲ ሓሳብ ብወገን የናስ'ውን ቅቡል ኮነሞ ተሰማመዐ።

ኣብቲ ጽሑፍ፡ ግን ሓደ ንኽቅበሎ ዝኸበዶ ጠለብ በዓልቲ ቤቱ ነበረ። ልክዕ ከምቲ ኣብ ግዜ ሕጽኖቶም ዝገብሮ ዝነበረ፡ ወርሒ ምሉእ፡ ንግሆ ንግሆ ካብ መደቀሲ ክፍሎም ክሳዕ መውጽኢ ማዕጾ ሓፍ ኣቢሉ ሓቚፉ ክወስዳ ዝብል ጠለብ። ነዚ ምስ ኣንበበ የናስ "ተጸሊላ ክትከውን ኣለዋ" እዩ ኢሉ። እንተኾነ ነዚ'ውን ምእንቲ'ተን ብሓንሳእ ዘሕልፉወን ውሑዳት መዓልታት ክብል ተቐበሎ።

ድሕሪ'ዚ ኩሉ፡ የናስ ኩሉ'ቲ ምስ በዓልቲ-ቤቱ ዘጋጠመ ኩነታትን ዝበጽሑዎ መደምደምታን፡ ንሓዳስ ኣፍቃሪቱ ብርኽቲ ኣዕለላ። ብርኽቲ ጽን ኢላ ክትሰምዖ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ሃንደበት ዓው ኢላ ሰሓቐቶ። ኩሉ ዝገበሮ ዓሻ ስጉምቲ ምንባሩ ድማ ሓበረቶ። ኣብ መጠረሽታ ድማ፡ ንግስቲ፡ ዝፈተነት እንተፈተነት ካብቲ ፍትሕ ከም ዘይተምልጥ፡ እናኣባጨወት ኣረጋገጸትሉ።

ካብታ ጉዳይ ፍትሕ ዝተላዕለላ እዋን ኣትሒዞም የናስን ንግስትን፡ ዝኾነ ኣካላዊ ቅርርብ ፈጺሞም ኣቋሪጾም ነበሩ። ስለ ዝኾኑ ድማ እዩ፡ የናስ ኣብታ መጀመርያ መዓልቲ፡ ሓፍ ኣቢሉ ሓቚፉ ከግዕዛ እንከሎ ብዙሕ ደርገፍገፍ ክብል ዝተራእየ። ደቆም፡ ተግባራት ወለዶም ጋሻ ተርእዮ ኮይኑዎም፡ እናተሓጎሱ፡ "ዓሽ ባባ ንማማ ሓቚፉዋ" እናበሉ ኣጣቐዑሎም።

ሕጉስ ስምዒታት ደቁ፡ ንየናስ ኣብ ኣካላቱ ጓሂ ከዓወሉ። ተሰኪሙዋ ድማ ካብ መደቀሲ ብሳሎን ኣቢሉ ናብ ማዕጾ በጽሐ። ንግስቲ ኣዒንታ ዓሚታ፡ ደቆም ብዛዕባ'ቲ ፍትሕ ክፈልጡ ከም ዘይብሎም ኣጠንቀቐቶ። ሕማቕ እናተሰመዖ ድማ፡ ርእሱ ብእወታ ብምንቕናቕ ጥራይ ኣረጋገጸላ። ነናብ ስረሖ ድማ ኣምረሑ።

ኣብ ካልኣይ መዓልቲ፡ ነቲ ተግባር ክልቲኦም ኣይተጋየሹሉን። ኣብ ኣፍ ልቡ ምስ ተጸገዐት ከኣ፡ ድሕሪ ነዊሕ ግዜ ጨና ኑብሳ ከስተማቕሮ ጀመረ። ንብዙሕ እዋናት ይፈልጣ ከም ዘይነበረ ድማ ተረደኦ። ዕቤት ዘርከባ ኮይኑ ድማ ተሰመዖ። ነቶም ነዊሕ ዝተፈለዮም ኣካላታ ከም ብሓድሽ ክስተባህሎም እዩ ደሪኹዎ። ኣብ ገጻ ሓሓሊፎም ዕንፍሩራት፡ ኣብ ጸጉራ'ውን ሕልፍ ሕልፍ ኢሎም ዝረኣዩ ስቤት'ውን ተዓዘበ። ምእንቲ ኪዳን ፍቕራን ሓዳራን ዝኸፈለቶ ዋጋ ምኳኑ ድማ ኣይተማተኣን። ይብድላ ከይህሉ ድማ ክጠራጠር ጀመረ።

ኣብ ሳልሳይ መዓልቲ ተሰኪሙዋ እናመረሸ እንከሎ፡ ዘይተረደኦ ሓድሽ ስምዒት ተዘዚታ ፍቕሪ ወረሮ። "እዚኣ እታ ንዓሰርተ ዓመታት ምሉእ ህይወታ ዝወፈየትለይ ሰበይቲ እያ?" እናበለ ድማ ምስ ውሽጡ ክበኣስ ጀመረ። ኣብ ራብዓይ ሓምሻይ መዓልቲ ድማ እቲ ስምዒት ናህሩ ክውስኽ ተፈለጠ።

ብዛዕባ'ዚ ሓድሽ ክስተት፡ ንብርኽቲ ኣፍቃሪቱ ኣየካፈላን። መዓልቲ ብመዓልቲ እናተተኸአ ነዊሕ ምስ ተጓዕዘ ከኣ፡ እቲ ምስካም ንቡር እናኾነ መጸ። ዳርጋ ከም ስፖርት ክወስዶ ጀመረ። ሓደ ንጉሆ ንግስቲ፡ ክዳን ክትቅይር፡ በብሓደ እናፈታተነት እንከላ ድማ፡ ኩሉ ክዳውንታ ብምግፋሑ ክትጭነቕ ኣስተውዓለላ። ሃንደበት ድማ ኣዝያ ዓቢራ ምህላዋ ተዓዘበ። ብቐሊሉ ክስከማ ዝኸኣሎ ምኽንያት ድማ በርሃሉ። መላእ ውሽጡ ተዘዚታ ሕርቃን ተሰመዖ። ኣብ ውሽጣ ማዕረ ክንደይ ከቢድ ቃንዛ ጾይራ ትጓዓዝ ምንባራ ኣይተጠራጠረን።

ሃንደበት ድማ ወድም ውትፍ በሎም። "ባባ፡ ንማማ ትሓቕፈሉ ሰዓት ኣኺሉ" ከኣ በሎ፡ በቲ ተግባር ማዕረ ክንደይ ሕጉሳት ምኳኖም ክርእዮ ፍሽኽሽኽ እናበለ። ንደቁ፡ ኣቦኦም ንኣዲኦም ሓቚፉዋ ክጓዓዝ ምርኣይ፡ ሓደ ዓቢ ኣገዳሲ ክፋል ህይወቶም እዩ ኮይኑ ነይሩ። ንግስቲ ንወዳ ቀው ኢላ ድሕሪ ምጥማት፡ ሕቑፍ ኣቢላ ሰዓመቶ።

የናስ ነዚ ምስ ረኣየ፡ ኣብታ ናይ መጠረሽታ ደቒቕ ሓሳቡ ከይቀይር ብምፍራሕ፡ ሕቶኡ ሂቡዎም ግልብጥ በለ።

ከም ልማዱ ድማ ሓቺፉ ስጉምታት ከደ። ኣእዳዋ ብክሳዱ ኣሕሊፉ ሓቑፈቶ። የናስ ብዘይርደኦ ምኽንያት ሓድሽ ስምዒታት ኣብ መላእ ኣካላቱ ክንዝሑ ተፈለጦ። ከይተረደኦ ድማ፡ ልክዕ ከምታ ፈለማ ዕለተ መርዓኦም ኣትሪሩ ሓቖፋ። እንተኾነ ግን፡ እቲ ከም ክንቲት ዝፎኾሰ ኣካላታ፡ ኣመና ከሕዘኖ ጀመረ'ሞ ብዙሕ ደንጸላ።

ኣብታ ናይ መጠረሽታ መዓልቲ ናይታ ወርሒ፡ ሓፍ ኣቢሉ ምስ ሓቖፋ፡ የናስ ስጉምቲ'ውን ክኸይድ ኣይከኣለን። ቀው ኢሉ ጠመታ። ከምቲ ናይ ቅድሚኡ ዝኾነ ፍርሕን ስክፍታን ኣይረበሸምን። ደቂም ናብ ትምህርቲ ከይዶም ብምንባሮም ድማ ስምዒታቱ ክገልጸላ ኣይተጸገመን። "ህይወትና ንነዊሕ ግዜ ፍቕሪ ሃዲሙዋ ምንባሩ ሕጂ እዩ ዝርዳኣኒ ዘሎ" ክብል ድማ ድሕሪ ገለ ደቓይቕ ቃላቱ ብምውጻእ ገለጸላ።

ማዕጾ ገዛኡ ፈግ ኣቢሉ ብምኽፋት፡ ብጉያ ናብ ስርሑ ተመርቀፈ። ናብ ቦታ ስራሑ'ኳ በጺሑ እንተነበረ፡ ካብ ስምዒታቱ ርሒቑ ሓሳቡ ከይቀይር ብምፍራሕ ግን፡ ብቕልጡፍ ናብ ገዛ ብርኽቲ ኣፍቃሪቱ እዩ ከምርሕ ወሲኑ። ማዕጾ ገዛኣ ኳሕኲሑ ተራሕዩሉ ኣተወ። ብርኽቲ ኩነታቱ ደስ ኣይበላን። ብዙሕ እናሳህለሀ ድማ፡ ንበዓልቲ ቤቱ ክፈትሓ ከም ዘይደሊ ሓበራ። ዝሰምዓቶ ዝተደናገረ ብርኽቲ፡ ቀሪባ በእዳዋ ግንባሩ ብምሓዝ፡ ረስኒ ከይህልዎ ፈተሸቶ። "ይቕሬታ ብርኽቲ፡ ናይ ብሓቂ እየ፡ ምስ ሰበይተይ ክፋታሕ ኣይደለን እየ" ደጊሙ ኣረጋገጸላ።

ንየናስ፡ ናብ ናይ ፍትሕ ውሳነ ዘብጽሖ፡ ኣብ ሓዳሮም ቁራጽነት ክልቲኦም ስለ ዝነደለ'ምበር ስለ ዘይፋቐሩ ከም ዘይኮነ ድሕሪ ነዊሕ ተረደኦ። እቲ ኣብ መጀመርያ መዓልቲ መርዓኦም፡ ሓቚፉ ናብ ቤቱ ምስ ኣእተዋ፡ ንሓዋሩ ክስከማ ምዃኑ ቃል ኣትዩ ምንባሩ ብምርስዑ ከኣ፡ ንነዛእ ርእሱ ወቐሳ።

ብርኽቲ ብእትሰምዖ ዝነበረት ቃላት ክትኣምኖ ኣይከኣለትን። ሕልሚ ከይከውን ተጠራጢራተ። ሓንቲ መሪር ጽፍዒት ሂባ ድማ፡ ደፊኣ ካብቲ ገዛ ብምውጻእ፡ ንማዕጾኣ ኣብ ገጹ ገም ኣቢላ ብምዕጻው፡ ብኽያታ ተተሓሓዘቶ።

የናስብቕልጡፍናብመንገዱኣምረሐ።ኣብ ሞንጎ ጉዕዞኡ ግን፡ ናብ ሓደ መሸጢ ዕምበባ ክኸይድ ወሰነ። ብቀይሕ ዕምበባ ጽጌረዳ ዘጌጸ ጥማር ፍዮሪ ከኣ ዓደገ። እታ ሸያጢት ኣብቲ ወረቐት እንታይ መልእኽቲ ክጽሕፈሉ ከም ዝደሊ ተወከሰቶ። ኣመና እዩ ተረቢጹ ነይሩ። ናይ ሃወኽ ምንቅስቓስ እናኣርኣየ ከኣ፡ "ክሳዕ ግዜ ሞተይ ሓቕፈ ክስከመኪ ክነብር እየ" ዝብል ክትጽሕፈሉ ሓበራ።

ድሕሪ ሓደ ሰዓት ዕንባባ ኣብ ኢዱ ዓቲሩ ናብ ኣፍደገ ገዛኡ በጽሐ። ንበዓል ቤቱ ረኺቡ ዕታር ዕምባባኡ ብምቕባል፡ እቲ ናይ ፍትሕ ሓሳቡ ከም ዘቐረጾ ምእንቲ ክሕብራ፡ ገጹ ብፍሽኽታ ደሚቑ፡ ብጉያ ናብ መደቀሲ ክፍሊ ኣምረሐ። ማዕጾ ደፊኡ ከኣ ኣተወ።ንግስቲ እታ ንነዊሕ እዋን ዓቂባታ ዝነበረት፡ ኣብ መዓልቲ ሕጸኦም ዝገዝኣላ ውቅብቲ ክዳን ተኸዲና፡ ኣብቲ ዓራት ደቂሳ ጸንሓቶ። ክልተ ስምዒታት ተፈራረቖ። ስማ ብቕስታ እናጸውዐ ድማ ናብቲ ዓራት ቀረበ። ብዝረኣዮ ክኣምን ኣይከኣለን። ንግስቲ፡ ኣብ ኢዳ ወረቐት ጨቢጣ፡ ህይወታ ሓሊፉ ጸንሓቶ። ከም ቆልዓ ድማ ተነኽኒኹ ክበኪ ጀመረ። ተግባራቱ ኣዝዩም ኣፈንፊኑዎ። ንነብሱ ድማ ብዙሕ ነዓቓ። ብድሕሪኣ ብህይወት ክጸንሕ ከም ዘይግባእ ንነብሱ ፈሪዱ ከኣ ክሳዕ ነብሰ-ቅትለት ክፍጽም ተደናደነ። እታ ኣብ ኢዳ ጨቢጣታ ዝሞተት ወረቐት ግን ነብሱ ከጥፍእ ኣይፈቐደትሉን።

ድሕሪ ቀብሪ ነታ ወረቐት ህድእ ኢሉ ደጊሙ ኣንበባ። ንግስቲ፡ ንነዊሕ ዓመት ብመንሽሮ እያ ትሳቐ ነይራ። የናስ ግን ሃሙን ቀልቡን ምስ ሓዳስ ኣፍቃሪቱ ብርኽቲ ስለዝነበረ ብዙሕ ኣየቕለበላን። ኣብቲ ርግእ ኢላ ክትሕብሮ እትፍትነሉ ዝነበረት ኣጋጣሚታት'ውን እንተኾነ፡ ግዜን እዝንን ክህባ ይፍትን ኣይነበረን። ቀልጢፉ ክትመውት ምኳና ስለ ዝፈለጠት ድማ እያ፡ ካብ ሕማቕ ተግባራቱ ክትከላኸለሉ ወሲና። ደቂ ምእንቲ ብፈቃር ኣቦ ክፈልጡዎ ብዙሕ ጽዒራ። ገዛ፡ መኪናን ካልእ ገንዘብ ዝገዝኣም ነገራትን፡ ብዘይ ተፍቅሮም ሰባት ከንቱ ምዃኖም ዓቢ ትምህርቲ ኣቕሲማቶ ሓሊፉ።

ብድሕሪ ሞታ'ውን እንተኾነ፡ ንተግባራታ ወትሩ እናዘከረ፡ ነቶም ዝፈረየትሉ ደቃ ብግቡእ እናተኸናኸነ ኣብ ዝብጸሕ ከብጽሖም ጥራይ እያ ኣብታ ጭሪም ወረቐት ተላብዮቶ። ንቃል ኪዳና ክዳን ኮይና ከኣ፡ ሞት ብምኽፋል ካብ ሞት ኣድሒኑቶ።

* * *

ፍረዝጊ፡ ኣንቢቡ ክሳዕ ዝውድእ፡ ካብ ኮፍ መበሊኡ ምዕይ ከይበለን ኣዒንቱ ካብ ኣዒንተይ ከየፈለየን እዩ ብጽሞና ዝሰምዕ ነይሩ። ወላ ምስ ወዳእኩ'ውን፡ ከም ርእሱ ዝተሃርመ ተመን ተዓኒዱ ነበረ። ኣዒንቱ ናይ ነገር ሰብኣይ ተቓሊሱ ዓይቲዎምምበር፡ ውሕጅ ንብዓት እዮም ዓቕሮም ነይሮም። ንገጹ ኣንቢቡ ከኣ፡ ብውሽጡ ኣይሂ ንብዓት የፍስስ ምንባሩ ክርኢ ፍጹም ኣይተሸገርኩን። ዕላማይ ከም ዝወቓዕኩ ክርዳኣኒ ጀመረ። ብውሽጠይ ገበታ ሓጎስ እናኣሰራሰረኒ ከኣ፡ ከምስል፡ "እሂ ፍረዝጊ፡ ከመይ ረኺብካያ?" ሓተትኩዎ። ፍረዝጊ ክልተ ኢእዳዉ ንኽልተ መታልሑ ሒዙ ኣፍንጫኡ ጥራይ ይነፍሕ ነበረ። ኣዒንቱ ከኣ ደም ሰሪበን በርበረ ይመስላ ነበራ። ንብዓቱ ከይፈስስ ብምፍራሕ እዩ ክዛረብ ዘይደለየ ነይሩ። ኣብ መጠረሽታ ግን ክጻወሮ ኣይከኣለን፡ ንብዓቱ ፈነዎም። ቀልጢፉ ብክልተ ኢእዳዉ ንገጹ ብምሽፋኑ ከኣ፡ ንብዓቱ ብምድራዝ ሃንደበት ሓፍ በለ።

በቲ ዛንታ ልቡ ስለ ዝተተንከፈን፡ ንነብሱን በዓልቲ ቤቱን ኣብ ቦታ የናስን ብርኽትን ኣእትዩ ይሰምዕ ስለ ዝነበረን፡ ሸዊት በዓልቲ ቤቱ ብህይወት ዘላ ኮይኑ ኣይተሰመዖን። ዕላማይ ሚእቲ ካብ ሚእቲ ከም ዝወቓዕኩ ኣጸቢቑ ዝፈልጥ'ኳ እንተነበርኩ፡ ከረጋግጽ ግን "ኮፍባ በል፡ ናበይ ደኣ ደሊኻ፡ መጀመርያ ርእይቶኻ ኣይሃብካንን፡ ካልኣይ ነገር ከኣ ብሓንሳእ ኢና ንምሳሕ'ዶ ኣይበልካንን?" ክብል ደራሪበ ሓተትኩዎሞ፡ ህውኽ እናበለ፡ "ደሓን፡ ሕጂ ናይ ግድን ገዛ ክኸይድ ኣለኒ። ደሓር ግን ጽቡቕ ገይረ ርእይቶይ ክህበኪ እየ። ቻው" ኢሉኒ፡ ዝኣዘዞ ሻሂ'ውን ምዕን ከይጠዓመሉ፡ ብጉያ ናብ ገዛኡ ተመርቀፈ። ኣነውን ዝኣዘዝኩዎ ሻሂ ከይለኸፍኩሉ፡ ሕሳበይ ከፊለ እናተፈሳሰኹ ናብ ገዛይ ኣምራሕኩ።

***

ሞዛይክ

ኣደ

ኣብ'ቲ ምንባር
ደምበ ምጽንባር
ምስጢር ምክብባር
ትርጉም ምንብባር
ሂወት ምትሕብባር
ስምዒታን ባህራን ዘይቕየር
እኳ ረቢሑ ዝዕየር።
ስምዒታ መሊኻ መንፈሳ ተስብሕ
ኣብ ኹሉ መዳያት ሃጢራ ትጸንሕ
ንኹሉ ብማዕረ ብምዑሩይነት ተባጽሕ
ዓሚቑ ፍቕሪ ቀሊሳ ትመርሕ
ማህሌት ማዕርነት ዘይተቛርጽ መስርሕ
ሹሽ ንዘብልዋ ኣትኪላ ትገንሕ።
ኣደ...
ሕልፊ ኩሉ ዝያዳ
ሰነድ ታሪኽ ማሕፉዳ
ፍቕያ ገንሸል ንዓዳ
ዘይትኽማህ እንግደዓ ፍረ ጽንዓት
ዉቕርቲ መልከዕ ናይ ውፍያት
ኣደ ጀጋኑ ነጸብራቕ ሽደናት
ደጓሒት ምስሊ ተምሳል ናይ ኣርካናት።
እጅግ ጥበብ ዘንጸፈት መሰረት
ወትሩ ጽንዕቲ ኣብ ሓዲድ ዕብየት
ብትብዓት ፍናና ዘጽሓየት ባርነት
ንቕሓት ወሊዳ ዘብረቐት ናጽነት።
ሃገራዊነት ዝሕላገታ
በ'ጃ ዝሃበት ነብሳ ምስ ውላዳ
እንኮ ሓደ ማህጸን ከብዳ።
መርሖ'ዩ ድምጻ ንጽዕረሉ
ሙብጻዓ'ዩ ቃላ ነተግብረሉ
ኣንከር'ዩ መትከላ ንጸንዓሉ
ፍኖት'ዩ ንቕሓታ ንጓዓዘሉ
ልምዓት'ዩ ባህጋ ንሃንጸሉ
ሰላም'ዩ ቤታ ነስተርሕወሉ።
ኣደ...
ዘማእዘነት ኩዒና መኣዝንን ቀስትን
ሕድሪ ዘትሓዘት ብቓልን ግብሪን
ንስለ ሰላም ዝቐበጸት ነብሳ
ኤርትራዊት ኣደ ሃገራ ስላማታ።

ማእዶት ወልደማርያም

ደቀንስትዮ ዓለም

ተስፋኣለም የማነ

ሌላ ምስ ንግስቲ ስነ-ጥበብ ህንዲ

ኣብ ኢንዳስትሪ ፊልም ህንዲ (ቦሊዉድ) ከም ኮኾብ ሰማይ ብምድማቓ፡ ዝናኣ ዶብ ህንዲ ሰጊሩ ክሳብ ምዕራባዊ ዓለም ዝበጽሐ፡ ፍሉይ ናይ ምውሳእ ተውህቦ ዝተዓደለት ብልጽቲ ስነ-ጥበበኛ እያ። ንሳ ዝተዋስኣትለን ፊልምታት፡ ኣብ ዕዳጋ ህንድን ዓለምን ኣማኢት ሚልዮናት ዶላር እቶት ክግሕጣ ክኢለን እየን። መረዋሕ ድምጺ ስለዘለዋ፡ ኣብ ደርፊ'ውን ስማ ግኑን እዩ። እተዝዩሞም ጣዕመ ዜማታት ግዜ ዘየህስሶምን ፈጺሞም ዘይምነዉን እዮም። ኑቲ ተፈጥሮ ዝዓደላ ማራኺ ቁንጅናኣ'ውን ብዝግባእ ተጠቒማትሉ እያ። ኣብ ኣህጉራዊ ውድድር ቁንጅና 'ወይዘሪት ዓለም' (Miss World) ኣቢላ ኣኽሊል ዓወት ናብ ርእሳ ካብ ምድፋእ ሓሊፉ፡ ሞዴሊስት ኰይና ብምስራሕ፡ ንዝናኣ ካልእ ዝና ክትውስኽሉን ብዙሕ እቶት ከተኻዕብተሉን ክኢላ እያ። ካብዚ ሓሊፉ'ውን ወናኒት ደርማስ ኩባንያ መፍረ ፊልም ክትከውን ዝበቕዐት ሚልዮነር እያ - ፕሪያንካ ቾፕራ!

ቾፕራ፡ ብ18 ሓምለ 1982 እያ ኣብ ከተማ ጃምሸድፑር - ህንዲ ተወሊዳ። ወለዳ ክልቲኦም ዶክተራት ኰይኖም፡ ሰራዊት ኣብ ዝሕከሙሉ ወተሃደራዊ ሆስፒታል'ዮም ዝሰርሑ ነይሮም። ምስቲ ሰራዊት ካብ ቦታ ናብ ቦታ ክንቀሳቐሱ ስለዝነበሮም ከኣ፡ ቀዋሚ መንበሪ-ቤት ወይ ቦታ ኣይነበሮምን። በዚ ምኽንያት፡ ቾፕራ ናይ ትምህርቲ ግዚኣ ካብ ቦታ ናብ ቦታ እናግዓዘት'ያ ኣሕሊፋቶ። ምስ ስድራኣ ኰይና ዳርጋ ዘይተቐመጠቶ ክፋል ህንዲ ከምዘየለ ድማ'ዩ ዝነግረላ።

ቾፕራ ኣብ 1995 ኣብ መበል 13 ዓመት ዕድሚኣ ቤተ-ሰባ ክትርኢ ናብ ኣመሪካ ገይሻ ነይራ። ዋላ'ኳ በጺሓ ቀልጢፋ ክትምለስ እንተነበረ መደባ፡ ንሳ ግን ኣብኡ ምስ ኣሞኣ እናተቐመጠት ናይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርታ ክትቕጽል'ያ ወሲና። ክሳብ 1998 ኣብ ከተማታት ኒውዮርክ፡ ኒውቶንን ሴዳር-ራፒድስን እናተቐመጠት፡ ኣብ ትርፊ ናይ ትምህርቲ ግዚኣ ብዛዕባ ምዕራባዊ ክላሲካዊ ሙዚቃን ኣጠቓቕማ ድምጺታትን ጎሮሮን ዝምልከት ትምህርቲ ድሕሪ ምቕሳም ከኣ

ናብ ዓዳ ተመልሰት። ኣብቲ ዓመት'ቲ ናብ ህንዲ ምስ ተመልሰት፡ ናይ ላዕለዋይ ደረጃ ትምህርታ ብዓውዲ ኣይሮስፐይስ ኢንጂነሪን (aerospace engineering) ንምቕጻል ምድላዋት ክትገብር ጀመረት። ገና ኣብ ምድላው እንከላ፡ ስድራኣ ንሃገራዊ ውድድር ቁንጅና ዝምልከት መወዓውዒ ኣብ ሓደ ጋዜጣ ኣንበቡ። ብኡ ንብኡ ድማ ስእሊ ናይ ጓለን ናብ ወደብቲ ናይቲ ውድድር ልኣኹ።

በቲ ኣብ ስእሊ ዝረኣዩዎ መልክዕ ዝተገረሙ ወደብቲ ናይቲ ውድድር፡ ዓይናም ከይሓሰዩ ቾፕራ ኣብቲ ውድድር ክትሳተፍ ወሰኑ። ኣብቲ ኣብ 2000 ዓ.ም ዝተኻየደ ውድድር ከኣ፡ ቾፕራ ገና ጓል 18 ዓመት እንከላ ንኹለን መወዳድርታ በሊጻ 'ወዘይሪት ህንዲ' ኣበለት። ኣብቲ ዝቕጸለ ዓመት'ውን ንህንዲ ወኪላ ኣብቲ ኣብ ከተማ ሎንደን - ብሪጣንያ ዝተኻየደ ኣህጉራዊ ውድድር ቁንጅና ተሳተፈት። ኣብኡ'ውን ካብ መላእ ዓለም ንዝተወከላ ተወዳደርቲ በሊጻ 'ወዘሪት ዓለም ዝብል ኣኽሊል ደፍኣት።

ቾፕራ ኣብ ውድድራት ቁንጅና ወዘሪት ህንዲን ወይዘሪት ዓለምን ኰይና ድሕሪ ምዕዋታ፡ ዝናኣ ብኡ ንብኡ ሰማይ ክዓርግ ተራእየ። ኣብ ጸባሕ'ቲ ወይዘሪት ዓለም ኰይና ዝተዓወተትሉ ዕለት፡ ኣብ ኣርባዕተ ዓበይቲ ፊልምታት ቦሊዉድ ቀንዲ ገጸ-ባህርይ ሒዛ ክትዋሳእ ሕቶ ቀረበላ። እንተኾነ፡ ኣብ ውሽጢ ኣፍንጫኣ ንዘጋጠማ ሕንጥብ (ፕረ-መሰል) ንምእላይ መጥባሕቲ ኣብ ዝካየደትሉ እዋን ሶርናኣ ስለዝተበላሸወ፡ ኣብተን ክልተ ፊልምታት ክትዋሳእ ኣይከኣለትን። ምስ ሓወየት ግን፡ ኣብተን ዝተረፋ ክልተ ፊልምታት ልዕሊ ትጽቢት ብዝኾነ ብቕዓት ተዋስአት።

ቾፕራ ንመጀመርያ ግዜ ዝዓየየትላ ፊልም 'Thamizhan' ዘርእስታ ኰይና፡ ብቛንቛ ታይሚል ዝተዳለወት ነበረት። እቲ ዘገርም ከኣ፡ ቾፕራ እንትርፎ ቛንቛ ህንዱን እንግሊዝን ካልኦት ቛንቛታት ዘይትፈልጥ ክንሳ፡ ኣብ ውሽጢ ሒደት ሰሙናት ጽዑቕ ናይ ቛንቛ ታይሚል ትምህርቲ ቀሲማ ኣብታ ፊልም ንዝተዋህባ ብጽዑቕ ዝርርብ ዝተሰነየ ፍቕራዊ ገጸ-ባህርይ ብብቕዓት ክትዋጽኦ ምኽኣላ እዩ። ብድሕሪ'ዛ ፊልም'ዚኣ፡ ዳርጋ ኩሎም ዳይረክተራት ፊልም ቦሊዉድ ኣዒንቶም ናብ ቾፕራ ብምትኳር፡ ማዕበላዊ ዝመስል ናይ ስራሕ ጠለባት ኣውሓዙላ። በዚ ከኣ ኣብ 2003 'The Hero: Love Story of a Spy'ን 'Andaaz'ን፡ ኣብ 2004 ኣብ 'Mujhse Shaadi Karogi'ን 'Aitraaz'ን፡ ኣብ 2006 ኣብ 'Krrish'ን 'Don'ን፡ ኣብ 2008 ኣብ 'Fashion'፡ ኣብ 2009 ድማ ኣብ 'What's Your Raashee?' ዘርእስተን ፊልምታት ዝተፈላለየ ገጸ-ባህርይ ሒዛ ተዋስአት። ብፍላይ ኣብዛ "ጽሕፍቶኻ እንታይ እዩ?" ዝስምዕ ኣርእስቲ ዘለዋ ናይ 2009 ፊልም፡ 12 ዝተፈላለየ ጠባያት ወይ ገጸ-ባህርይ ከተንጸባርቕ ብምኽኣላ፡ ካብ ኢንዱስትሪ ፊልም ኣመሪካ (ሆሊዉድ) ከይተረፈ ናእዳን ፍሉይ ጠመተን ክትረክብ ኣኽኢሉዋ እዩ። ከም ውጽኢቱ ከኣ፡ ብሆሊዉድ ኣብ ዝፈረያ ከም 'Baywatch'፡ 'Isn't It Romantic'፡ 'We Can Be Heroes'፡ 'The White Tiger'ን 'The Matrix Resurrections'ን ዝኣመሰላ ናይ እንግሊዝኛ ፊልምታት ክትዋሳእ ዕድል ረኺባ።

ቾፕራ ክሳብ'ዚ እዋን'ዚ ኣብ 53 ዝተፈላለያ ፊልምታት በበይኑ ገጸ-ባህርይ ሒዛ ተዋሲኣ ኣላ።

ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ዓመት ከኣ፡ ካብተን ዝዓየየትለን ፊልምታት ብማእከላይ ገምጋም 11 ሚልዮን ዶላር እቶት ረኺባ። ብመሰረት 'Celebrity Net Worth' ዝተባህለ መርበብ ሓበሬታ፡ ችፕራ ኣብዚ እዋን 70 ሚልዮን ዝግመት ሃብቲ ኣኻዕቢታ ኣላ። ብዘይካ'ዚ፡ ወናኒት 'Purple Pebble Pictures' ዘጠመቐቶ ኣብ መፍረ ፊልምታት ዝነጥፍ ኩባንያ ብምዃን፡ ብዙሓት ፊልምታት ህንዲ ኩተፍሪ በቒዓ ኣላ።

ችፕራ፡ ብዘይካ'ቲ ናይ ምውሳእ ተውህቦኣ፡ ኣብ ደርፊ ዘለዋ ትዕድልቲ ናይ ድምጺ'ውን ዘገርም እዩ። ብሕብሪ ድምጺ ጉርፎራኣ ዘይማረኽ ህንዳዊ ዳርጋ የሎን'ዩ ዝበሃል። ስለዝኾነ ከኣ፡ ዜማታታ ኣብ ብዙሓት ፊልምታት ህንዲ ከም መሰነይታ ስእሊ ኰይኑ ብምእታው፡ እተን ፊልምታት ተፈታውቲ ንክኾና ኣብ ዕዳጋ ብዙሕ መኽሰብ ንክግሕጣን ሓጊዙወን እዩ። ኣብ 2011 ምስ 'ዩኒቨርሳል ሙዚክ ግሩፕ' ዝተባህለ ትካል መፍረ-ሙዚቃ ክትደርፍ ውዕል ዝኸተመት ችፕራ፡ ዛጊት ሓያለ ደርፊታት ኣፍርያ ኣላ። ክልተ ግዜ ድማ ንደርፊታታ ኣህጉራዊ ሽልማት ክትዓትረሉ ክኢላ።

ኣብ መርበብ ሓበሬታ 'ኢንስታግራም ጥራይ ልዕሊ 76.6 ሚልዮን ሰዓብቲ ከምዘለውዋ ዝነገረላ ችፕራ፡ ነዚ ናይ ስነ-ጥበብ ስርሓታ ኣዝዮም ብዙሓት ሽልማታትን ክብረታትን ክትዓትረሉ ዝበቐዐት በዓልቲ ዓቢ ዝና እያ። ንኣብነት፡ ንሽልማት 'National Film Award' ክልተ ግዜ፡ ን 'Filmfare Awards' ሓሙሽተ ግዜ፡ ን 'Producers Guild Film Awards' ሸሞንተ ግዜ፡ ን 'Screen Awards' ሸሞንተ ግዜ፡ ን 'IIFA Awards' ሽዱሽተ ግዜ፡ ከምኡ ድማ ን 'People's Choice Awards' ክልተ ግዜ ክትዕወተሉ ክኢላ። ኣብ 2011 እውን ንኣካዳሚ ኣዋርድስ ተሓጽያ ነይራ። ብተወሳኺ፡ ኣብ 2011 ብደረጃ ህንዲ እታ ዝበለጸ ኣኩዳድና እተዘውትር ወይዘሪት፡ ኣብ 2017 ከኣ ብደረጃ ዓለም ንኣመሪካዊት ድምጻዊት ቢዮንስ ተኸቲላ ካልኣይቲ ዝመልከዐት ስነ-ጥበበኛ ተባሂላ ተረቒሓ ነይራ።

እዚ ጥራይ'ውን ኣይኮነን። ብደረጃ ዓለም ግኑን ስም ብዘለወን ከም 'ታይምስ' ዝኣመሰላ ዓበይቲ መጽሔታት፡ "ሓንቲ ካብ 100 ጸለውቲ ዓለምና"፡ "ሓንቲ ካብ 100 ሓያላን ዓለምና"፡ ወዘተ. ተባሂላ ብዙሕ ግዜ ተጠቒሳ እያ። ህጻናት ደቀንስትዮ ኣብ ትምህርቲን ካልእ ዕድላትን ምዕሩይ ተሳትፎ ንኽህልወን፡ ብኣውራኡ ከኣ ህዝቢ ህንዲ ኣብ ልዕሊኣን ዘለዎ ዘይቅኑዕ ኣመለኻኽታ ንምስትኽኻል ገንዘባን ግዜኣን ኣወፍያ ብእትገብሮ ፍሉይ ጻዕሪ፡ ብደረጃ ህንድን ዓለምን ካብ 2010 ክሳብ 2016 ናይ ክብሪ ኣምበሳደር ማዕከን ህጻናት ውድብ ሕቡራት ሃገራት (ዩኒሴፍ) ኰይና። ኣብ ርእሲ'ዚ፡ 'Danny Kaye Humanitarian Award' ዝብል ሽልማት ቡቲ ማዕከን ህጻናት ተበርኪቱላ። ኣብ ሓንቲ ፊልም (What's Your Raashee?) 12 በበይኖም ገጸ-ባህርያት ወይ ጠባያት ተላቢሳ ክትዋሳእ ብምኽኣላ'ውን፡ ስማ ኣብ ዓለማዊ መዝገብ ክብረ-ወሰን ክሰፍር ሕቶ ቀሪቡ ኣሎ።

ችፕራ፡ ኣብ 2011 'ዘይተዛዘመ' (Unfinished) ዝርእስታ ብዛዕባ ታሪኽ ህይወታ እተዘንቱ መዘከር መጽሓፍ ኣሒትማ ነይራ። ጋዜጣ ኒውዮርክ ታይምስ ድማ፡ "ኣብ ዕዳጋ ሕልፊ ካልኡት መጻሕፍቲ ዝተሸጠት ዝበለጸት መጽሓፍ" ክትብል ረቒሒታ ነይራ። ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ ጋዜጣ 'ሂንዱስታን ታይምስ' ካብ 2009 ኣትሒዛ ቀዋሚ ዓምዲ ብምሓዝ፡ ልዕሊ 50 ኣዝዮም ተነበብቲ ዓንቀጻት ኣበርኪታ። ኣብ ግዜጣ 'ኒውዮርክ ታይምስ' እውን ብዙሕ ዓንቀጻት ክትጽሕፍ ክኢላ እያ።

ኣብ ውድድር ወይዘሪት ህንዲን ወይዘሪት ዓለምን ዳኛ ኰይና ክትሰርሕ ዕድል ረኺባ ዝነበረት ችፕራ፡ ብልግስናኣ'ውን ዝተፈልጠት እያ። ካብ ኣታዊታታ ብዙሕ ገንዘብ ሰሊዓ፡ ኣገልግሎት ሙብራህቲ ንዘይብለን ብዙሓት ቁሸታት ህንዲ ጹሓያዊ ጽዓት ከምዝረኽባ ገይራ እያ። ምስ ዩኒሴፍ ብምዃን እውን ኣብ 2009 ናብ በሊዝ እትበሃል ንእሽቶ ላቲን ኣመሪካዊት ሃገር ብምጋሽ፡ ንህጻናት ተማሃሮ ዝኸውን 50 ሽሕ ጽምዲ ጫማ ኣበርኪታ። ሕጂ'ውን ድሕሪ ሞት ኩሉ ዉሽጣዊ ናውቲ ኣካላታ ብመጥባሕቲ ወጺኡ ንቅያር ናውቲ ኣካላት ዝደልዩ ሕሙማት ብናጻ ክወሃብ ብኢጋኡ ተመባጺዓ ኣላ።

ታሪኽ ህይወታን ስነ-ጠበባዊ ጉዕዞኣን ኣብ ናይ ካሪክለም መጻሕፍቲ ህንዲ ኩተሰፍር ክኢላ ዘላ ችፕራ፡ ኣብ 2019 ንሰራዊት ህንዲ ዘሞጉስ መግለጺታት ብምሃብ፡ ሕቡራት ሃገራት ካብ ስርሑ ከባርራ ፓኪስታን ሓቲታ ነይራ። እንተኾነ እቲ ውድብ፡ "ኣብ ዝኾነ ጉዳይ ዝመስሎ ክትዛረብ መሰላ እዩ" ብምባል ነቲ ሕቶ ነጺጉዎ። ኣብቲ 'ህይወት ጸለምቲ ትርጉም ኣለዎ' (Black Lives Matter) ዝብል ጭርሖ ኣልዒሉ ኣብ ኣመሪካ ኣንጻር ኣድልዎ ኣብ ልዕሊ ጸለምቲ ዝተበገሰ ምንቅስቓስ ብምስታፉ'ውን ካብ ጸዓዱ ኣመሪካውያን ብሓፈሻ፡ ካብ ሓለፍቲ ሆሊዉድ ድማ ብፍላይ ተቓውሞ ገጢሙዋ ነይሩ።

እዛ ኣብዚ እዋን ጓል 40 ዓመት ኰይና ዘላ በዓልቲ ብዙሕ ተውህቦ፡ ብምኽንያት 50 ዓመት ዝኽሪ 'ዋዕላ መራሕቲ ዓለም ኣብ በስቶን - ሕ.ኣመሪካ ኣብ ዝተኻየደ ኮንፈረንስ ተዓዲማ፡ ምስ ፕረዚደንት ኣመሪካ ነበር ቢል ክሊንተንን ቀ/ሚኒስተር ብሪጣንያ ነበር ጎርደን ብራውንን ዝርከቡዎም ፍሉጣት ሰባት መደረ ኣሰሚዓ ነይራ። መደረኣ፡ ብዛዕባ ደቀንስትዮ ዘጋጥመን ዘሎ ኣድልዎን ኣብ ትምህርቲ ዘጓንፈን ዘሎ ብድሆታትን ዝምልከት እዩ ነይሩ። ካብ ተሳተፍቲ ናይቲ ኮንፈረንስ ከኣ ድሙቕ ጣቕዒት ተለጊሱላ። ችፕራ፡ ኣብ ቅልጽማ 'Daddy's lil girl' ዝብል ዉቃጦ ኣለዋ። እዚ ከኣ 'ንዝኽሪ'ቲ ኣብ ህይወታ ንኽትዕወት ዓቢ ተራ ከምእተጻወተ እትገልጾ ኣቦኣ ኢላ ዝገበረቶ እዩ።

ፍቕራዊ ህይወት ችፕራ

ችፕራ ብዘለዋ ፍሉይን ማራኺን መልክዕ፡ ንፍቕሪን ዕርክነትን ዘይብሀጋ ህንዳዊ ብዓል ዝና ወዲ-ተባዕታይ ኣይነበረን። ከምኡ ስለዝኾነ ድማ፡ ክሳብ ዕለተ-መርዓኣ ካብ ፍቕራዊ ሕሜታ ኣዕሪፋ ትፈልጥ ኣይነበረትን። ብፍላይ ማዕከናት ዜና ህንዲ፡ ንችፕራ ብፍቕሪ ምስ ኣዝዮም ብዙሓት ፍሉጣት ተዋሳእቲ እናተኣሳሰራ ቁጽሪ ዓማዊለን ከሰስና ክኢለን እየን። ካብ'ቶም ምስ ችፕራ ፍቕራዊ ዙረት ጀሚሮም እናተባህሉ ዝሕመዩ ዝነበሩ ተዋሳእቲ ከኣ፡ ሻሂድ ካፑርን ሀርማን ባወጃን ይርከቡዎም።

ይኹንምበር፡ ችፕራ ኣብ 2018 ካብ ትጽቢት ብዙሓት ህንዳውያን ወጺኡ ምስቲ ብ10 ዓመት ዝንእሳ ኣመሪካዊ ድምጻዊን ተዋሳኣይን ኒክ ጆናስ እያ ፍቕራዊ ዕርክነት ጀሚራ። ኣብ መወዳእታ ወርሒ ናይቲ ዓመት'ቲ ከኣ ምስኡ ቃል-ኪዳን ኣሲራ። እቲ ስነ-ስርዓት መርዓ፡ ንባህልን እምነትን ናይ ክልቲኦም መጻምድቲ ኣጣሚሩ ኣብ ህንዲ ተኻየደ። ኣብ ጥሪ 2022 ድማ፡ ማልቲ ማሪ ዘጠመቑዋ ቦኽሪ ጓሎም ሐቕፎም ክሰዕሙ በቕዑ። ህጻን ማልቲ ማሪ ግን፡ ካብ ማህጸን ችፕራ ኣይኮነትን ተወሊዳ። ናይ ክልቲኦም መጻምድቲ ዘርኢ ተቐቢላ ኣብ ማህጸና ኣዕኪዃ ዝሓረሰታ ካልእ ጓለንስተይቲ እያ። ኣምሳያኡ ድማ ልዕሊ 150 ሽሕ ዶላር ተኸፊላ።

ሎሚ፡ ኣብ ስነ-ጥበብን ካልኡት ዓውዲታትን ህቡብነት ዘጥረያ ብዙሓት ደቀንስትዮ፡ ቆመናኦንን መልክዐንን ከይበላሾ ብምባል ማህጸን ካልኡት ድኻታት ደቂ-ኣስንትዮ ተኻርየን ቆልዑ ክወልዳ ምርጫይ ልሙድ ኰይኑ ከምዝሎ'ዩ ዝንገር። ዓመታዊ ከኣ ካብ 3 ሽሕ ክሳብ 4 ሽሕ ቆልዑ ብናይ ክራይ ማህጸን ከምዝውለዱ፡ ጸብጻባት የመልክቱ።

ስፖርት

ኅባልል ብሽክሊታ 2022

ኣሚን ተስፋይ

ሓደ ካብ ዓበይቲ ውድድራት ሃገርና ሻምፕዮን ቅድድም ብሽክሊታ ኤርትራ እዩ። እዚ ዓመታዊ ኣብ መወዳእታ ወርሒ ሰነ ዝካየድ ውድድር፡ ብዓለማዊ ማሕበር ብሽክሊታ (U C I) ቅቡል እዩ። ነዚ ሃገራዊ ቅድድም ብሽክሊታ፡ ዞባ ማእከል ወሲኹካ ኩሉን ዞባታት ብዕቱብ ዓመት ምሉእ ዝዳለዋሉ ውድድር እዩ።

"ሻምፕዮን ኤርትራ" ዝብል ብሃገራዊ ባንዴራ ዝወቀበ ማልያ ዓመት ምሉእ ለቢስካዮ ምውድድር ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። ብፍላይ ኣብ ወጻኢ ሃገራት ዝወዳደሩ፡ ብቕዓት ኤርትራ ኣብ ኣህጉር ኣፍሪቃ ቅድሚት ስለ ዝስራዕ፡ ንሃገራዊ ማልያና ለቢሶም ምስ ናይ ወጻኢ ሃገራት ዝቀዳደሙ ኤርትራውያን ዝለዓለ ክብሪ ይረኽቡ። "እዚ ናይ'ታ ሓያል ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ ሻምፕዮንዩ" ክበሃል እንከሎ፡ ጋንታታት "ንዓይ-ንዓይ" ኢለን ስለ ዝቀዳደማሉ'ዮም ዳርጋ ኩሎም ኣብ ግዳም ዝወዳደሩ ፕሮፌሽናላት ተቐዳደምትና ናብ ሃገሮም መጺኦም ብባህጊ ዝወዳደሩ።

ኣብ'ዚ ዝተገልጸ ዓውዲ፡ ከምቲ ኩሉ ግዜ እንጠቕሶ ብዝግባእ ኣይመዝመዝናዮን ዘብል ረቛሒ ኣሎ። ንሱ ድማ ውድድር ደቀንስትዮ እዩ። ደቀንስትዮ ኣብ'ዚ ዓውዲ ብፌደረሽን ይኹን ብኮምሽን ባህሊን ስፖርትን ልክዕ ማዕረ መሰል ከም ናይ ደቂተባዕትዮ ንኽህልወንዩ ዝሰራሕ። ብዘይካ'ቲ ብሃገር ዝስራዓለን ውድድራት ናብ መሰልጠኒ ማእከል ዓለማዊ ብሽክሊታ ((U C I) ብምልኣኽ ብቑጽሪ ከም ናይ ደቂተባዕትዮ ኣይኹን እንምር፡ ንኽስልጥና ዘድሊ ባይታ ይጣጥሓልለን እዩ። እቲ ቊጽሪ ካብ ናይ ደቂተባዕትዮ ዘትሑቶ ድማ ብሃገር ደረጃ ዘለዋና ተቐዳደምቲ ብቑጽሪ ከምቲ ዝድለ ዘይምኧነን ከም ዝኾነ፡ ኣብ ሜዳ ውድድር እንዕዘቦ ሓቂ እዩ። ኣብ ጉዳይ ደቀንስትዮ ብዙሕ ዘቤታዊ ዕዮ ይጽበየና ከም ዘሎ ዘረድኣና፡ ኣብ'ዘን ዘለዋና ሒደት ዘሎ ብቕዓት እዩ።

ካብ'ተን ውሑዳት ዕድላት ስልጠና ዝረኸባ ደቀንስትዮ ሓንቲ፡ ውልዶ ተቐዳዳሚት ዳናይት ፍጹም እያ። ዳናይት፡ ኣብ 2016 ንንኡስ ዞባ በሪኽ ወኪላ'ያ ብማውንቴን ባይክ ዝዓይነታ ብሽክሊታ ግራስ-ሩት ጀሚራ። ንወለዳን ምምሕዳራን ድማ "ተጸግበኒ ቕጫስ ኣብ ሞቕሳላአ ከላ ትፍለጥ" ዘብሎም ዓወት ኣብ ቦኽሪ ውድድራ ቀዳመይቲ ብምውጽኣ'ዩ። ኣንፈታ ምስ ረኣዩ ዝያዳ ተተባቢዓ ንኽትወዳደር፡ ዘድልያ ዕጥቂ ብምዕዳግ ንገፊሕ ስእሊ ዓወት ኣማዕድያ ንኽትቅጽል ኣተባቢዖማ። ኣብ 2017 ድማ፡ ኣብ ፌደረሽን ቅድድም ብሽክሊታ ዞባ ማእከል ተመዝጊባ ብዓ ኮርሶ (ናይ ልሙዳት) ብሽክሊታ ክትወዳደር ጀሚራ።

ምስ ቁመናኣን ዕድሚኣን ዘይሳነያ ተቐዳደምቲ ጸኒሐናኣ። ድሌት ብጻዕሪ እንተተሰነዩ ዓወት ግድን እዩ። ዳናይት፡ ቅድድም ብሽክሊታ ዝጠልቦ ምድላዋት ሳላ ዘካየደት፡ ንየም ዘተባብዕዋ ክሒሳቶም። ዋንጫ ናጽነት 2017 ቀዳመይቲ ኮይና ተዓዊታትሉ። ብኣፍቀርቲ ቅድድም ብሽክሊታ ስማ ኪደምቕ ግዜ ኣይወሰደን። ኣብ እትገብሮ ውድድራት ስማ ክጽዋዕ፡ መተባብዒ ክውሪያ እንከሎ፡ ዝያዳ እናተሓንበበት ዓወታት ምስናቕ ልማዳ ገይራቶ።

2018 ኣብ ዓይኒ ጋንታታት ኣትያ። ጋንታ ዓራግ ጽገናታት ተቐዳደምቲ ትገብር ስለ ዝነበረት፡ ዓይና ከይሓሰየት ንዳናይት ወሲዳታ። ብሃገር ደረጃ ኣብ ዝተኻየደ ሻምፕዮን ኤርትራ ካብ ናይ ማእከላይ ዕድመ (junior) ብናይ ግዜ (ክሮኖ ሜተር) ዝቐልጠፈት ተቐዳዳሚት ብምዃን፡ ወርቂ መዳልያን ዋንጫን ተሸሊማ። ኣብ 2019 እውን ዋላ'ኳ ዝለመደቶ ናይ ቀዳማይቲ ደረጃ ኣይትርከብ፡ ብግዜ ምስ'ተን ዝቐልጠፋ ኮይና ኣብ ፖድዩም ደይባ። ናይ ሳልሳይ ደረጃ ስልማት ነሓስ መዳልያ ተሸሊማ። ኣብ'ዚ ዓመት ኣብ ናይ ጽርግያ (ቸርኪቶ) ዝነበረ ቅድድም ኣዝዩ ዝነኣድ ብቕዓት ስለ ዘርኣየት ናይ ትሕቲ 23 ዓመትን ዓበይቲ (ኣሊት)ን ብቐዳመይቲ ደረጃ ዋናጩን ወርቂ መዳልያታት ብምሽላማ፡ ስማ ምስ ቀዳሞት ተሰሪዑ።

ናብ ዓበይቲ ውድድራት ቅድሚ ምምዕዳዋ፡ ከም ኩሉ መንእሰይ ሃገራዊ ግቡኣ ንምፍጻም ምስ ስፖርተኛታት መበል 33 ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት ንምስታፍ መደበር ታዕሊም ወሪዳ። ታዕሊማ ድሕሪ ምውዳእ ናብ

ሞናሊዛ ኣርኣያ፡ እዛ ኣብ ዕድመ ግርዝውና እትርከብ ዋዕሮ፡ ኣብ ሻምፕዮን ኤርትራ 2022 ውድድር ጽርግያ ንኹለን ተቐዳደምቲ ንመቕዳድምታ ብ11 ደቓይቕ ፈልያተን ሻምፕዮን ዝኾነት ሃብሮምያ። ካብ ዓመተ 2017 ክሳብ 2019 ኣብ ጽርግያ ዓዲ ኳላ ትቕዳደም ዝነበረት ውልዶ ኣትሌትያ። ብደረጃ ንኡስ ዞባን ዞባ ደቡብን ኣብ ዝካየዱ ቅድድማት ርኡይ ብቕዓት ስለ ዘርኣየት፡ ጋንታ ዞባ ደቡብ ኣብ ኣስመራ ኮይና ንኽትቀዳደም ምስ ጋንትኣም ጸንቢሮማ።

ብሰንኪ ለብዒ ኮሮና ውድድራት ደው ብምባሉ ሞናሊዛ ኣብ ኣስመራ ቀልጢፋ ውድድራ ተመሊሳ።ኣብዓመተ2021እገዳታት ኮሮና ቫይረስ ምስ ተማሓየሸ ኣብ ከባቢ ማይ ድምነት እዚ ዝስዕብ ውድድራ ተዓዊታትሉ። ቅድሚኡ ግን፡ ብምምሕዳር ዞባ ማእከል ኣብ ዝተወደበ ሽልማት ናይ ብሉጻት ተቐዳደምቲ 2019ን 2020ን ብደረጃ ዞባ ሳልሰይቲ ብልጽቲ ተቐዳዳሚት ኮይና ተሸሊማ።

ዳናይት ኣብ ርእሲ'ዚ ዙር ዞባ ማእከል 2021 ካልኣይቲ፣ ሻምፕዮን ዞባ ማእከል ቀዳመይቲ፣ ሻምፕዮን ኤርትራ 2021 ብግዜ (ክሮኖ ሜተር) ካልኣይቲ፣ ብምኽንያት ቅነ ሕጊ ዝተኻየደ ውድድር ሳልሰይቲ ብምውጻእ ተዓዊታትሉ። ኣብ 2022 ኣብ ጭራ ቖረጽ ቀዳመይቲ፣ ኣብ ዋንጫ ናጽነት ሳልሰይቲ ኮይና ተዓዊታ።

ዳናይት ብሃገር ደረጃ ብናይ ግዜ ዝቐልጠፈት ሻምፕዮን 2022 ቀዳመይቲ ክትወጽእ እንከላ፡ ኣብ ናይ ጽርግያ ራብዓይቲ ደረጃ ብምውጻእ ስማን ስም ጋንትኣን ኮሊዓ ዘላ ሃብሮም እያ።

እዛ ኣብ ንኡስ ዕድሚኣ ዓወታት እናጻፍጸፈት ትኸይድ ዘላ ጅግና፡ ኣብ ኣህጉራዊ ውድድራት እውን ኣይሓመቐትን። ኣብ ቦኽሪ ኣህጉራዊ ውድድራ ሞሮኮ (Oll Africa games) ብጋንታ ኤርትራ ካልኣይቲ ክትወጽእ እንከላ፡ ዳናይት መበል ሻብዓይቲ ወጺኣ። ኣብ ዓወት ሃገራዊ ጋንታ ድማ ቀሊል ተራ ከም ዘይነበራ ኣሰልጠንታ ኣብ ግዚኡ ገሊጾም።

ደድሕሪ ሞሮኮ፡ ሃገራዊ ጋንታና ኣዋርቕ ኣጊጻትሉ ዝመጽኣት ውድድር፡ ሻምፕዮን ኣፍሪቃ ግብጺ እዩ። እዚ ውድድር ብተቐዳደምትና ትኣምር ዝተሰርሓሉ'ዩ ነይሩ። ንስም ሃገርና ድማ ዝያዳ ዘድመቕ ዝድነቕ ውጽኢት ዝተመዝገቦ ኮይኑ፡ ኣብ ማህደር ዓለማዊ ውድድራት ተመዝጊቡ። ኣብ'ዚ ውድድር'ዚ ዳናይት ፍጹም፡ ብናይ ግዜ "ዝቐልጠፈት" ተባሂላ ቀዳመይቲ ተሃና ከተውጽእ ኣይከኣለትን። ውድድር መዓስ ከም ዝጅመር ዋላ ኣይትገምት፡ ጽዑቕ ልምምድ ካብ ምክያድ ኣይተቖጠበትን። ሻምፕዮን ኤርትራ 2021 ኣብ ናይ ግዜ (ክሮኖ ሜተር) ድማ ቀዳመይቲ ኮይና ብምዕዋታ፡ ነቲ ብማዕዶ ትፈርሖ ዝነበረት ቅድድም ብሽክለታ ዞባ ማእከል ብኣንጻባራቒ ዓወት ፈሊማቶ።

ኣብ ከባቢ ማይ ድምነት ዝፈለመ ውድድር ፈደረሽን ቅድድም ብሽክለታ ዞባ ማእከል፡ ሞናሊዛ ምስ'ተን ምኩራት ገጢማ ብግዜን ብነጥብን ካልኣይቲ ብምውጻኣ ተዓዊታ። እዚ ተደጋጋሚ ዓወታት ንጽዑቕ ውድድራት 2022 ስንቂ ኮይኑዋ። ኣብ መኽፈቲ ውድድራት 2022 ብነጥቢ 3ይ፡ ዋንጫ ናጽነት 2022 ካልኣይቲ፡ ዘዋሪት ዋንጫ ዞባ ማእከል ቀዳመይቲ፡ ዋንጫ ሰማእታት ካልኣይቲ ብምውጻእ ዝተፈላለየ ሽልማት ሓፊሳ።

እዛ ብዕድመ ጆማሪት ብብቕዓት ግን ወጺኣ። ውጽኢት ንሃገራዊት ጋንታና ምስ ናይ ካልኦት ድርዒ ስለ ዝኾና፡ ኤርትራ ብጋንታ ካልኣይቲ ኮይና ተሸሊማ።

ብቕዓት ዳናይት ፍጹም ኣህጉራዊ ስልጠና እንተተወሲኽዎ ውጽኢቱ ብሩህ እዩ። ነዚ ብምግንዛብ ሃገራዊ ፈደረሽን ብሽክለታ ኤርትራ ምስ ኣህጉራዊ ማሕበር ብሽክለታ ዓለም (UCI) ብምርድዳእ ናብ ደቡብ ኣፍሪቃ ከይዳ ንኽትስልጥን ባይታ ኣጣጢሑላ። ስልጠና UCI ካብ ብዙሓት ሃገራት ዝመጽኣ ተቐዳደምቲ'የን ዝሳተፍኦ። ሓያል ጻዕሪ ድማ ይሓትት። እተን ስልጠንቲ ንዝተማሃርኦ ንኣሰልጠንተን ብግብሪ ንኸርእየኦም "UCI" ዝብል ዝተጻሕፎ ማልያ ለቢሰን ኣብ ሰለስተ ውድድራት ተሳቲፈን። ዳናይት፡ ኣብ ቀዳማይ መድረኽን ካልኣይ መድረኽን ቀዳመይቲ ክትወጽእ እንከላ፡ ኣብ ሳልሳይ መድረኽ ድማ ሳልሰይቲ ብምውጻእ ስም'ተን ቀዳሞት ኣሓታ ዓቂባ ናብ ሃገራ ተመሊሳ።

ንምኩራት ተቐዳደምቲ እትብድህ ዘላ ጎብለል ተቐዳዳሚት፡ ኣብ ዓይኒ ኣሰልጣኒ ሃገራዊት ጋንታ ስለ ዝኣተወት፡ ኣብ ግብጺ ዝተኻየደ ሻምፕዮን ኣፍሪቃ 2022 ንሃገራ ወኪላ ተሳቲፋ። ብደረጃ ጋንታ ኣብ ዝተኻየደ ናይ ግዜ ውድድር ቀዳመይቲ ክትወጽእ እንከላ፡ ብደረጃ ጋንታ ኣብ ዝተኻየደ ውድድር ምቅብባል (ሪለይ) ድማ ካልኣይቲ ብምውጻእ ስማን ስም ሃገራን ዘድመቐት ተቐዳዳሚት እያ።

እዘን ክልተ ጎባልል ተቐዳደምቲ፡ ብሕጂ ዝጽበየን ብዙሕ ስለ ዝኾነ፡ ኣበርቲዐን ሰሪሐን ስመንን ስም ሃገርንን ከጸውዓ እናዘኻኸርና፡ ነኣሽቱ መንእሰያት ደቀንስትዮ ክስዕብኦን ይግባእ።



ይብሉ ነበሩ !

ወይ ድብልቕላቕ ሕብሪ፡ ጠፊኡናኳ ኣየናይ'ዩ ነውሪ!

ኣልጌና ወልደማርያም

ኣብ ስነ ቕርጺ ሕብረተሰባት፡ ከም ቅቡላት ወይ ከም ነውርታት ዝውሰዱ ኣዝዮም ብዙሓት ፍጻሜታት ነይሮምን ኣለዉን። ሓደ ንቡር ሕብረተሰብ ከኣ ነቶም ቅቡላት ፍጻሜታት "ኣገናዕ"፡ ነቶም ነውርታት ከኣ "ዓገብ" እናበለ፡ መመሳርያም የትሕዞም። እዚ መስርሕ ኣገናዕን ዓገብን፡ ኣብ መንነ ሰባት ፍቕሪ፡ ምኽብባር፡ ሓልዮትን ምጽውዋርን ከስፍን ይኽእል። ኣብዚ ዘለናዮ ዘመነ ዓውለማ ግን፡ እዚ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ እናተቓጠነ ብምኻዱ፡ ሕፍሰት ዝምድና ስነ ሰብ፡ መልክዑ ይቕይር ኣሎ። ሓሲኻ መኽሰብ እንተ ረኺብካ፡ ከንዲ 'ዓጊብካ'፡ 'ተቓጢብካ'፡ ምስ ሰብ ተቛይቐካን ተጸራሪፍካን ከንዲ 'ጌጋ መዓልቲ ውዒልካ'፡ 'ሕራይ ገበርካዮ' ዝበሃለሉ ዘመን በጺሕና። ይብሉ ነበሩ!!

ኣበይ መስፍን ነተን ኣርባዕተ ኣዋልድ ደቖ፡ ምስ መን ከም ዝዋሰባ ከመርጽ ድቃስ ዘይብሉ ዝሓድር ሰብኣይ'ዩ። ደቁ (ባህርያቶም ብዘየገድስ) ምስ ርኹባት እንተ ዘይኮይኑ፡ ምስ ጭዋታት ከመርዕወን ወይ ከምስለን ኣይሓስብን'ዩ። ጓልካ ሃበና ክብልዎ ንዝመጹ ሰድራ፡ ኣታዊኦም እንተ ዘየዕጊብዎ 'ከትመሃርያ' (ዋላ ትምህርቲ ወዲኣ እንከላ)፡ ሰብ ዘዛረበ ሃብቲ እንተ ሃሊዮዎም ከኣ 'ማይ ሓጺብኩም ውሰድዋ' ንምባል ኣይስከፍን'ዩ። ድሮ እተን ሰለስተ ደቁ ምስ ርኹባት ኣመርዕዩወን'ዩ። ነገር ግን እተን ክልተ ተፋቲሐን። ንኣቶ መስፍን ዘሐጉሶ ነገር እንተ ሃልዩ ግን፡ ከፋትሓ ከለዋ ዝተመቕልኦ ሃብትን ገንዘብን'ዩ። እዝስ ከመይ ኢሉ ምስ ብልሒ ይሕሰብ? 'ደርሆ'ስ በምዑት ደቃ ትጻወት?!' ድዮም ዝበሉ?

ሮዳስ! ጨርቀ-መርቂ ከም ዝሰኣነት፡ ሓጺረ መጺር እትኽደን ቅብዛር ጓል'ያ። ክዳውንታ ሓንቲ ተረገም ኣንጭዋ ኮነ ኢላ ዘበላሸወቶ'ዩ ዝመስል። እዝና ካብ እዝኒ ብሰሪ ብዝሒ ሰቕሪን፡ መንፊት ክትብሎ ይሓይሽ። ሰለፉ እናተራእየ ክትከይድ፡ ንዘርኢ እምበር ንዕኣ ፍጹም ዘሰክፉ ኣይኮነን። ሰብ ኀዲታትክን ነሕዋትን ምሰሊ፡ ተኣደቢ! ጓል ስትር ተበለት'ዩ ግርም!' ብምባል ተዛሪቡ ረብሪቡ'ዩ። እዝና ንምስማዕ ኣይተዓደለን። እቲ ኣመና ዘገርም ግን፡ እዚ ኩሉ ቖሪጽ መሪጽ ተኸዲና ኣብ ጎደና ሸናዕ ክትብል ዘይሓፈረት፡ እኸሊ ኣጥሒናን ሓርጭ ተጻየይቓን ሰብ ንከይርእያ ብኣደናያ ተሸፋፊና ክትከይድ ትመርጽ ምኳና'ዩ። ኣብ ርእሲ'ዚ ንወላዲታ ዕፉን ክትሸቅጥ ኣብ ምሕጋዝ ክትነጥፍ ዘይሕሰብ'ዩ።

ሓደ ኣሮን ዝበሃል ወዲ እውን ኣሎ። ኣሮን መወጽ ኢና እንብሎ። መወጽ ስለ ዝጥቀም ወይ መወጽ ስለ ዝመስል ግን ኣይኮናን፡ ከም መወጽ ካብ ኣፉ ዘይፈልያ ሽጋራ ስለ ዘላቶ እምበር። ናይ ኣሮን ፍሉይ ባህሪ፡ ከም መወጽ ኣብ ኣፉ ሽጋራ ቐርቂሩ ክኸይድ ዘይሓፈረ፡ ኣብ ጎደና ኮንካ ፓስተ ወይ ባኒ ክትብልዕ እንተ ርኢዩካ፡ 'ኢታ ከይተጽርፈና እስከ' እናበለ ይቋየቐካ። እዝስ ምስ ምንታይ ይቘጸር? ኢታ ንጥዕንኡ ተመራስሒ መወጽ (ሽጋራ)፡ ኣብ ጎደና ክጠባ ዘየሰከፎ'ስ፡ ባኒ?! 'ቤታ ዘመን እቲኣ ነውርም ዝኽብረቶም ከመጹ እዮም!' ትብል ነይራ ዓባየይ ሓመድ ከይተኸድነት። ይብሉ ነበሩ!!

ረዘነ (ፋራ'ዩ ሳጓኡ) ብፈለጥቱ ፍቱው ዘይጉብሮ ባህሪ ኣለዎ። ንሱ ከኣ ዝተራእየ ዝምስክር ወዲ እዝግሄር ብምዃኑ'ዩ። ሰባት ንኽሕጎሱሉ ካብ ዝሕሱ፡ ኣብ ማይ ኣቲኻ ከይጠለቕካ ምውጻእ ይቐልል። ነዚ ዝፈለጡ ቖልዑ ደቂ ገዛውቱ፡ "ረዘነ ቶግ!" እናበሉ እዮም ዝጽውዕዎ። ጎረቤቱ ኣደይ ዝማም፡ ንበዓል ቦጥ ጸሪፈንን ተኻሲሰንን ናብ እንዳ ፖሊስ ምስ ከዳ፡ እቲ ምስክር ኮይኑ ዝመጸ ረዘነ፡ ነተን ጓል ዑቁባ ነዲኡ ዝኾና ኣደይ ዝማም ከየናሕሰየ፡ ነቲ በዓል ቦጥ ከም ዝጸረፍኦ'ዩ መስኪሩ። በዚ ከኣ ረዘነ 'መረከስ' ተባሂሉ ተጸሊኡ ነይሩ። ኣደይ ዝማምውን ነደ ረዘነ ንሰሙናት፡ ከማዓልክን ከሊኣንኣን ቀኒያ። "ዓሻ ምስ ዝጸልእ፡ ከመዓልካ ይኽልእ?!" ይብሉ ነበሩ!

ነውርታት ከም ቅቡላት እንተ ተወሲዶም፡ ኣብ ሓደ ሕብረተ ሰብ ክፍጠር ዝኽእል ዘይንቡርነት፡ ንመንበሮ ሰባት ፈጺጋ ካብ ምኳን ከም ዘይዕንት ርዱእ'ዩ። ክፈጥሮ ንዝኽእል ኣደራዕ ኣብ ግምት ኣእቲና፡ ነውርታትና ከነወግድን፡ ክብርታትና ከነድምቕን ግዲታና ይኸውን። 'ኣብ ግራት ሕብረተሰብ፡ ነውሪ ጻህያይ እምበር፡ ተኽሊ ኣይኮነን!' ይብሉ ነበሩ!!!